
# ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ
## ንማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባቢን
## حركة الخضر الارترية
## من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
## Eritrean Green movement
## For Social Reconciliation, Justice and Ecological wisdom



**ስምና፣ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ حركة الخضر الارترية /Green movement of Eritrea/ እዩ።** ንማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንንጽህና ከባብን፣ ደው ዝበልና ኢና። ቐጠልያ ሕብሪ፣ ተምሳል ሂወትን፣ ሰላምን፣ ዓወትን፣ ልምዓትን፣ ኢያ። ንቆጽሊ ኣውልዒ፣ ኣቦታትና ኣብ ታሪኽ ሃገርና ምልክት ሓድነትን ልምዓትን ስለ ዝሃብዋ፣ ናይ ቃልስና ኣርማና ክትከውን መሪጽናያ ኣሎና።



*ብትሕትና ነተሓሳስቦ፣ ባህልን ቅርስን ኤርትራ ዓብን ሰፍሕን ዓሚቑን እዩ። ባህልና ሙሉእ ክኾነና፣ ዝጎድል ምስ ንሪኢ ንመልእ፣ ንክይጠፍእ'ውን ንትንሳኤ ባህልና ግዴታና ንግበር።*

*እዚ ጽሑፍና ብዓረብን ብትግሪኛን ኣብ ሓደ ግዜ ክዝርጋሕ፣ ግብእ ኢዩ። እንተኾነ እቲ ናይ ዓረብ ትርጉም ሕጽረታት ስለ ዝጋጠመና ቐዲምና ይቅሬታ ንሓትት።*

Greeneritreans@gmail.com

## መእተዊ፣

ንሓደ ኣምላኽ ነኣምን። በዚ ማሕላ እዚ  ስራሕና ንጅምር። ናይ ኩሎም ሰባት ሓድነትን፣ ኡነተይና ክብረ-ግርማን ንፈልጥ። ኩሉ ፍጡር፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕርነቱ ክረጋገጽ፣ ጎይታ ስድራኡን መሬቱን እምነቱን ባህሉን፣ ክኸውንን መሰሉ ክሕለዎን ግብኡ ክፈልጥን ንቓለስ።

መግዛእቲ ጣልያን፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና፣ ዝውረዶ ግፍዕን ጭቆናንን ንዉሉድ ወለዶ በሰላ ዘትረፈ እዩ። ፋሺዝም ድሁል፣ ኣንጸርጻሪ፣ ርእሰ ተኣማንነት ዝጎድሎ፣ ትምክሕተኛ፣ ባዶ ፍልስፍና ብሞራልን ብግብረሰናይ እዩ። መግዛእቲ ጣልያን ድማ ፋሺሽቲ እዩ ዝነበረ። ፋሺሽታዊ ዕስክርናን፣ ናይ ቆርበት ኣድልዎን፣ ስቡሕ መሬትና ምምንጣልን፣ ብዘይ ትምህርቲ ንሱሳ ዓመት ምዕፋናን፣ ንዓሌትና ከጽንት ዝፈቶኖ ውንጀልን፣ ነቲ ፍትሓዊ ደፋእታዊ ምዕባሌ ሕብረተሰብና ምብታኹን፣ ምርምርን መጽናዕትን እንተዝግበረሉ፣ ናይ ኩሉ ጸገምና ጠንቂ እዚ መግዛእቲ እዩ። መንግስቲ እንግሊዝ'ውን የማሓድር ኣሎኹ እናበለ ዝገዝኣና፣ ጥልመትን፣ ተንኮልን፣ ምፍልላይን፣ ንሕብረተሰብና ጸልዩዎ እዩ። ሃጸይነት ናይ ኢትዮጵያ፣ ኣፍ ደገ ባሕሪ ምንዳይ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣብ ጎኑ ሓንቲ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ክየትምስረት፣ ፋሕ ፋሕ ከብለና፣  ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ፣ « እኛ » ባዶ ትዕቢት፣ ጉቦ፣ ሹመት፣ ስደት፣ ኣብ ባህልና ከም ዘእተወ፣ ኣሉ ዝበሃል ኣይኮነን።

ኣቦታትና ዝጽውዕዎ ዋዕላታት፣ ብጣልያን፣ ብእግሊዝ፣ ብኢትዮጵያ፣ ፈንጂ ይፍንጀሮም ኔይሩ። ኩሉ ድማ ልዕሊ ዓቅሞምን ልዕሊ ዝሓስብዎን ስለ ዝነበረ፣ እታ ዝተረፈቶም ዕድል፣ ህዝብና፣ ብሰንኪ ተንኮላትን፣ ፈላላዪ ፕሮፓጋንዳን፣ ነንሕድሕዱ ከይፋልስን፣ ሃገር ኣብ ክልተ ከይትምቐልን፣ ኤርትራ ብዘይውዕል ንኢትዮጵያ ከይትወሃብ ምኽላስን እንተዘይኮይኑ እግሮም ዓጺፎም ንመጻኢ ዝኸውን ፍትሓውን ባህላውን ዓቅምናን ዝኾነ ቁዋም ከጽድቑ ዕድል ኣይረኸቡን።

ጸኒሖም ድማ  ንቐድማይ ጸላኢ ጥራይ እናኣማዕደዉ ነቲ ቓልሲ ጀሚሮሞ። ንሕና'ውን ኣርኪብናዮም፣ "እዚ ኣምሓራ ጥራይ ዩኺደልና" ዝብል የዋህነት ሒዙና፣ ብምእከል ሞት ሰንጢቕና፣ ምስ ከማና ጭቑናት ህዝባታት ኢትዮጵያ ሰሚርና፣ ነጻነትና ብ1991ዓም፣ ጨቢጥና። "ኣብ ጎቦ ዘሎ ንፋስ፣ ኣብ ሩባ ዘሎ ዉሕጅ ይወስዶ" ኢልና ክንጅምር ክንብል፣ ለካ  ስይጣን ኣውጺእና ድያብሎስ ኤእቲና፣ ፋሺዝም፣ ስጕና፣ ናትና ፋሺዝም ኣንጊስና። ሽማግሌታትና ሓሲሮም፣ ህጻናትና ኣብ ጎደናታት ይልምኑ፣ ዕስክርና ናይ ጣልያን ዝሕሾ ኮይኑ፣ ኣዴታት'ውን መሰል ክረኽባ ይትረፍ ዝቐደሙን ዝደሓሩን ደቀን ኣጥፊኤን ምስ ጸሊም ኪዳነን ሓሊፈን፣ ደቐን'ውን እንታይ ተሪፍወን።


ዋና ጸሓፊ ህግደፍ፣ "እንታይ ትፈልጡ" ዝብል ትምክሕተኛ፣ ፋሽሽቲ፣ ሃገር ይርምስ። ተጋደልትን፣ ሓፋሽ ውድባትን፣ ነበር ብሓባር መገልገልቲ ፋሺሽቲ ኮይኖም። እዚ ኹሉ ከመይ ኢሉ መጺኡ? እዚ ኹሉ ሕማቕ ሰነ ምግባራት ካብ ሰማይ ከም መና ኣይወረደን፣ ካብ መሬት ከም ፍልሖ ኣይፈልሖን። ንሓምሳ ዓመት ዝዘራእናዮ ፖሎቲካ፣ ንዓጽድ ኣሎና። "ሰበረ ናይ ቀደም ስሙ እንታይ ነበረ፣ ሰበረ፣ እሞ ደይ ዝበልዎ ዝገበረ" ከም ዝብልዎ፣ ተኹላ፣ ተኹላ፣ እንተወለደ ዘገርም ኣይኮነን። ሕጂ'ውን « እዚ ሰብ እዚ ጥራይ ይኺደልና » ንብል ኣሎና። ጥልያን ከይዱ እንግሊዝ መጺኡ፣ እንግሊዝ ከይዱ፣ ኢትዮጵያ መጺኡ፣ ጀብሃ ከይዱ ህግሓኤ መጺኡ፣ መንግስቲ ህግደፍ ወይ ኢሰያስ ከይዱኸ፣ ኪዳን ድዩ ካልእ እንተምጽኤ፣ መልኣኽ ክኸውን ዝረጋአጸልና ኣሎ ድዩ ? ወላ ኣብ መጀመርታ መላእኽቲ ይምጽኡ፣ ኩዴታን ዕብለላ ሓደ ብሓደ ምትካእን ዘሎ ተኽእሎኸ ክንቐጻጸሮ ንኽእል  ፖሎቲካን ምሕደራን ዶ ኣሎና ?

ካብ ሱራ ዝነቀለት ገረብ ኣይትጥጥዕን ኢያ። ካብ ሱሩ ዝተበንቆሰ ሕብረተሰብ ድማ ጎይታ ናይ ሂወቱን ናይ ውሳኔኡን ክኸውን ዘይሕሰብ ኢዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ሒዝናዮ ዘሎና ፖሎቲካን ራኢ ምምሕዳርን ንመብጻዓታትና ክንንፍጽም ይትረፍ ከም ሰብ ንክንነብር እኳ ዘኽእለና ኣይኮነን። ናይ ውልቂ ነጻነትን መሰልን ክረጋገጽ ኣብ ያና ኣቦታትና ንመለስ፣ ንብል።

ኣምላኽ፣ ንሓሳባትና ንነባሪ ሰላምን ፍትሕን ክወልድ ክሕግዘና ንለምኖ። ኣሜን

## 1.0 ሃገረ ኤርትራ፣

ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣፍሪቓ ትርከብ፣ ብምዕራብ ምስ ሱዳን ፣ ብደቡብ ምስ ኢትዮጵያን ጅቡትን ፣ ብምብራቕን ብሰሜናዊ ምብራቕን ምስ ቐይሕ ባሕሪ፣ ትዳወብ። ብማያት ቐይሕ ባሕሪ ድማ ምስ ሰዑዲ፣ ምስ የመን፣ ምስ ጆርዳን፣ ምስ ኢስራኤል ፍልስጤምን፣ ምስ ግብጺ፣ ምስ ሱዳን፣ ምስ ጁቡት፣ ትዳወብ። ካብ ጥንቲ፣ ክሳብ 1991ዓ.ም፣ ዝነበረ ታሪኽ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዝቅጽል ጽሑፍና ተመልከቱ።






**ስፍሓት መሬት፣** 117,600 km² (100th) 45,405 sq mi
**ብዝሕ ሕዝቢ፣** July 2005 **ዝተገመተ** 4,401,009 (118th)
**ርእሰ ከተማ፣** ኣስመራ፣ 15°20′N, 38°55′E
**ናይ ስራሕ ቛንቋ፣** ዓረብን ትግሪኛን እንግሊዝን
**ብሄራት፣** ዓሰርተ ይኾና፣ ካብ ኖሎቲክ ዝውለዱ፣ ኩናማን ናራን፣ካብ ኩሺቲክ ዝለዱ፣ ብሌን፣ ዓፋር፣ ሳሆ፣ ህዳረብ፣ካብ ሴመቲክ ዝውለዱ፣ ትግሬን፣ ትግሪኛን፣ ጀበርቲ፣ራሻይዳን እዮም።
ኣውርጃታትና/ሃገራትና/፣ ትሸዓተ ይኾና፣ ሓማሴን፣ ሰራየ፣ ኣከሎጉዛይ፣ ስንሒት፣ ሳሕል፣ ደንከል፣ ሰምሃር፣ ባርካ፣ ጋሽ ሰቲት፣ ኢየን። ብዕላማ ነዚኤን ንኡሳት ሃገራት ኢልና ንኣምነለን። (ዛባታት፣ ዛባ ማእከል፣ ደቡብ፣ጋሽ ባርካ፣ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ዓንሰባ፣ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣) ብረፈረንዱም ዝዓርፍ ሕቶታት፣ ኣስማት ንኡሳት ሃገራትን (ኣውራጃታትን) ፣ ባንዴራናን፣ ናይ ስራሕ ቋንቋን፣ ኣብ ህዝቢ ወሪዱ ርእቶኡ ክህቦ ምኻኑ ንኣምን። ኩሉ ኣዋጅ እዚ መንግስቲ ድሕሪኡ ስዑር ይኸውን።

## 1.1 ፖሎቲካ ኤርትራ ፣

ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፣ ፖሎቲካ ዓለም፣ ኣብ ክልተ ደንቤታት ተመቒሉ፣ ብቁጠባን፣ ብወተሃደራዊ ሕየላን ነዛ ዓለም መን ዓብለለ፣ ቃልሲ ሓራምዝ፣ ጀመረ። ንጸሊም ጻዕዳ እዩ ምባል ነውሪ ዘይብሉ ኩይኑ መሰላት ኣህዛብ ተረግጸ። ቀዳሞት ግዳይ ናይ እዚ ውድድር ዝኾና ህዝቢ ኤርትራ ኢና። መንግስቲ እንግሊዝ ካብ ሱዳን ንወተሃደር ኪዳን መሪሑ ንጣልያን ክወግእ ንኤርትራ ክብገስ ከሎ ብነፈርቲ ኣብ ዝዘርግሖ ወረቐት "ሙሉእ ነጻነት ኤርትራ" ክም ዝድግፍ መብጽዓ ኣቲዩ ነብረ። ሓርበኛ ህዝብና ድማ ምስ እንግሊዝ ተሰሊፉ ንጣልያን ሰዓረ። እንተኾነ ኣስመራ ምስ በጽሐ መብጻዓ፣ ጠሊሙ ክንዲ ዘማሕድር ክገዝኣና ጀመረ። ነቶም ተረፍ ፋሺሽቲ ዝኾኑ ጣልያን ናይ ጭቆና መሓዙት ገበሮም። ብመግዛእቲ ጣልያን ተዳኺሙ ዝነበረ ህዝብና፣ ወጊሕለይ ክብል ዘይሓሰቦ ኣደራዕ ሓያላን መንግስታትን፣ መሻርኽቶም ኢትዮጵያን፣ ወረዱ። ኣቦታትና፣ ኣብ ትሕቲ ምምሓዳር "መግዛእቲ" እንግሊዝ ኮይኖም ንሃገርና ካብ'ዚ ሓያል ፈተነ ከድሕንዋ ዓቅሚ ኣይነብሮምን። እንተኾነ ምስ ዕሩቕ ዝባኖም፣ ምስ ዝደኸመ ኣብራኾም፣ ብዘይ ናይ ሓደ ሓገዝ፣ ንሓድነት ህዝብን፣ ንክብርታት ሃገርን ክሕልዉ፣ ብዙሕ ጺዕሮምን ተሰዊኦምን ኢዮም። ሳላ እቲ ጽብቕ ሞራላውን ስነ ምግባራውን፣ ባህሎም፣ ሃገርና ኣብ ክልተ ከይተመቕለት፣ ብሴፍን ጉራደን ነንሕድሕድና ከይሓረድና፣ ሃገር ብዘይ ውዕል ከይከደት፣ ክንሰግሮ በቒዕና። ፈደረሽን ተፈሪድልና፣ ብዘይ ዋሕስን፣ ብዘይፍትሕን፣ ኣቲናዮ። ድሕሪ ፈደረሽን ግን "ዝፈሓፈሰን ዘይሓፈስ" ጎሃየ ከም ዝበሃል ክብሪ ነጻነትን ሓድነትን መተካእታ ዘይብሎም ሃብቲ ምዃኖም ኩሉ ሕብረተሰብና ተረዲእዎ። ብኡ ንብኡ ድማ ቃልሲ ንነጻነት ይጅመር።


حركة الخضر الارترية
Eritrean Green movement for Social Reconciliation, Justice and Ecological wisdom
Greeneritreans@gmail.com

ማሕበር ሓረካ ወይ ማሕበር ሾብዓተ ማሕበር ሓርነት ኤርትራ፣ ተወሊዳ ብውዱብ ኣገባብ ቓልሲ ተበራትዔ። ብሃታ ሃታ፣ ብ1961ዓም ብዉሑዳት ሓርበኛታት፣ ብረታዊ ቃልሲ ብስም ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ይጅመር። ምስ ግዜን ተሞኩሮን ግን ንኹሉ ሕብረተሰብና ማዕረ ዕድልን መሰልን ዘይህብ ኮይኑ ስለ ዝረኸብዎ፣ ኮፍ ኢልና መስመር ቃልስና ንተዓራሪ ዝብሉ ይውለዱ። እንተኾነ ንዓ ከይበልካዮ ጽመጽእ ናይ ዓለምና ጽልዋ፣  ጸጋምን  ናይ ጸጋም ደንቤታትን ንፖሎቲካ ኤርትራ ስለ ዝኅበጥዎ፣ ነቲ ሽግር ናይ ፖሎቲካና ምፍታሕ ዘይኮነ ንሕልምታቶምን ንስልጣኖም ክቀዳደሙ “ዘመነ መትከላት” ንበጽሕ። ንሎሚ ንሕሰብ ጽባሕ ባዕላ ትፈልጥ በሃላይ፣ ገታር ባህሊ ኮሚኒዝም “ብዘይካ ናተይ ናይ ካልእ ክሰሚዕ ኣይደልን” ባሃላይን፣ ብዘይ ድርብታት ሕብረተሰብ ክንሃንጽን ክልስ ሓሳብ ሰራሕተኛታት፣ ኣብ ዘይመድረኹ ኣትዩ ንዝነውሔት ኣኽሊ ዝቆርጽ ንዝሓጸረት ዝብንቁስ ስለ ዝነበረ፣ነቲ ኩሉ ኣቦታትና ዝጽንሑልና ጽቡቕ ክብርታትን ባህልን ናይ መሳፍንትን ኣድሓርሓርትን ኮይኑ መንቁስናዮ። እዚ ክልስ ሓሳብ፣ ኣብ ስልጣን ዘምልኽ፣ ጸረ እምነትን፣ ጸረ ሕውነትን፣ ጸረ ስድራ ቤትን፣ ኣብ ሃገርና ሳዕሪሩ። ንሓውናን ንሓብትናን ምስ ጸላኢ ኣዛሚድና እናረገጽና ብ1991ዓም ነጻነት በጻሕና።  ነዚ ናይ ሰላሳ ዓመት ቅያ ብረታዊ ቃልሲ ዝኾነ  ዜጋ ወይ እኩብ ሓይሊ ዝያዳ ሰሪሔ ኢሉ ዝሕበነሉ ወይ ዝብሕቶ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ሓበንን ሃብትን ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። እንተኾነ ብ24 ግንቦት 1991ዓ.ም ሰራዊት መሪሑ፣ ንብረታዊ ቓልሲ ዝዛዘመ፣  ውድብ  ሕዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ንበይኑ ግዝያዊ መንግስቲ  ኣዊጁ። ነቲ ናቱ ዋና ጸሓፊ  ዝነበረ ኣቶ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ብቐጥታ መራሒ መንግስቲ ሸይሙዎ። ብርክና ዓጺፍና ዘናብረና ሕንጻጻት ከይንዛተ ድማ ማዕጾ ሎኩቶሞ።

እዚ ዘይሕጋውን ዘይሙሩቕን መንግስቲ፣ ስልጣን ንህዝቢ ከየስረክብ፣ ኣብ ምጽሕታር ኲናት ንዓሰርተ ሾመንተ ዓመት ይነብር። ብሂወትን ንብረትን ይጻወት፣ ምስ ኩለን ጎረባብትና ተዳሚና ክብርናንን ሓበናንን ኣብ ቅድሚ ዓለም ወዲቑ ኤርትራውያን ኢና ክንብል ንሓፍር ኣሎና። ባህሪ እዚ መንግስቲ ፋሺዝም እዩ። ኣብ ኤርትራ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላዊ፣ ጾታዊ፣ ብሄራዊ፣ እምነታዊ፣ መሰላት ክትሓልሞም እኳ ኣይፍቀድን። ኩሉ መሰላት ናይ ወድሰብ ዝተጋህሰ እዩ። ሰብ ሓሪሱን ሰሪሑን ነጊዱን ከይበልዕ፣ ሓዳር ገይሩ ደቁ ከየዕብን፣ ተማሂሩ ከይምዕብልን፣ ብሜላ ኣጊድና ኣሎ። ጸሊም ኪዳን ናይ ሓዘን ከይቐየራ ኣዴታትና ሂወተን ይሓልፍ። መንእሰይ ካብ ሃገሩ ተሰፋ ሲኢኑ ይሃድም። ኣብ ሱዳንን ኣብ ኢትዮጵያን የመንን ሊብያን ዘሎን ዝኣቱን ስደተኛ ኤርትራዊ ቁጽሩ ይውስኽ ኣሎ እንበር ይጎድል የሎን። ካብ ሃገር ክሃድም እንከሎ ዝረሸንዎ፣ ኣብ መንገዲ ዝጠፍኡ፣ ንኤውሮጳ ክሳገሩ ኣብ ባሕሪ መዲተራንዮም ዝጠለቑ ብዙሓት ኢዮም። እቲ ኣብ ሃገር ዝነብር'ውን ኣብ ባርነት ከም ዝነብር ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ።

ዋና ጸሓፊ፣ ኣቶ ኢስያስ ኣፈወቒ፣ ነት ብጅግንነትን ብመስዋእትን፣ ህዝብና ዝተሃንጸ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቅድሚ ነጻነት ጀሚሩ ብብቑሩብ ክቁርሙሞ ጸኒሑ ብ1994ዓም ኣብ ጉባኤኡ ድማ ብሙሉኡ ኣብ ቁጽጽሩ ኤእትዩዎ ኢዩ። ጉጅለ “ሓዲስ ደም” ዝብሎም ናቱ ሰባት ገይሩ፣ ንውድባውን፣ ንመንግስታውን፣ ንቑጠባውን፣ ንእምነታውን፣ ባታታት ተቆጻጺርዎ። እዚ ጉጅሌ እዚ ንክልስ ሓሳብ ኢሳያሲዝም፣ ዝምእዘዝ ኢዩ። ኢሳያሲዝም ተረፍ መረፍ ኮሚንዝም ዝኾነ ፋሺሽቲ ክልሓስብ ኢዩ። ንግሆ ንግሆ ዝእወጅ ኣዋጃት፣ ጸላእቲ እንተ ሳኣንስካ ባዕልኻ ፍጠር፣ ኲናትን ናይ ማፍያ ስራሓትን ክምዕብልን ክተባባዕን ኣለዎ ዝብልን፣ ንሃገርን ንከባብን ኣብ ርሱን ፋርነሎ ዘንብር ባዶ ፍልስፍና ስነምግባር ዘይብሉ እዩ። ኲናት ቐንዲ ምንጪ ቑጠባኡ ኢዩ። ኩሉ ሃገራዊ ቁጠባን፣ ናይ ፕሮፓጋንዳ መሳርሕን፣ ናይ ዉልቑ ንብረት እዮም። ብስም “ሃገራዊ ሰራዊት” ባራዩ ናይ 19ክፍለ ዘመን ጌይሩ፣ መንዲሉ ኢዮም።

እዚ ክልስ ሓሳብ ኢሳያሲዝም፣ መበገስን መዕለብን የብሉን፣ ኣብ ጎንጺ ጥራይ ዝነብር፣ ንሰብ ከም ኣቕሓ ዝጥቀም፣ ልኡላውነት ዘይግድሶ፣ ሰብኣውነትን ዘይብሉ፣ ጨቛኒ ስነሓሳብ እዩ። እዚ ክልስሓሳብ ካብ ኤርትራን ክብንቖስ፣ ኣብ ካልእኒ ከይሰግር ኩሉ ደሞክራስያዊ ሃገራውን ኣህጉራውን፣ ስሙር ግንባር ጌይሩ ክቓለሶን ክብንቑሶን ኣለዎ።

## 1.2 **ቁጠባ  ኤርትራ፣**

ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን፣ ጣልያን ንወተሃደራዊ ዕንደራኡን፣ ንደቂ ዓዱ ኣብ ኤርትራ ክኣትዉ መተባቢዒ ክኸውንን፣ ንኣሽቱ ፋብርካታትን፣ ናይ መንኪናንን፣ ባቡርን፣ መንገድን፣ ናይ መራኸቢ መስመራትን ሃኒጹ እዩ። ኣብ ግዜ መግዝእቲ እንግሊዝ ወላ እኳ ነቲ ዓበይቲ ናይ መርከብን ነፈርትን መዕርፎታት፣ ጣልያን ዝሓደጎ መንቁሱ እንተሸጠ፣ ንደቂ-ባትስ ንመጀምርያ ግዜ ንንግድን ንሸቐጥን ንትምህርትን ዓይንና ከፊቱልና ኢዩ። ሃጸይነት ኢትዮጵያ ግን ብዙሕ ፋብሪካታት መንቁሱ ንማእከል ሃገሩ ስለ ዝግዓዞ ህዝብና ደድሕሪ ስራሕ ንስደት ኢትዮጵያ ከይዱ። ድሕሪ ነጻነት፣ እዚ መንግስቲ፣ ካብ ናይ ጣልያን ዘይፍለ፣ ንዕንደራ ወተሃደራዊ ስርሒታቱ ክብል ካብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ዝመጽኦ ሓገዝ ገይሩ ሓደስቲ መንገድታት ብነጻ ጉልበት ደቅና ከም ዝስርሔ ንፈልጥ። ካልእ ግን ኩሉ እቲ ኣብ ግዜ ኢትዮጵያ ዝስርሕ ዝነበረ ትካላት ሕርሻን ንኣሽቱ ፋብሪካታትን ቤት ትምህርታትን ዕጽዩዎ ኢዩ። ሕዝቢ ኤርትራ 80% ብሕርሻ መጓሰን ብምግፋፍ ዓሳ ዝነብር እዩ። ሰብ ሓረሱን ነጊዱን ከይበልዕ ኣብ ግዱድ ዕስክርና ቀሪንዎ፣ ጥሜት መንዊሒ ስልጣኑ ዝዋቀመሉ ሜላ ኢዩ። ህዝብና መዓልታዊ መግቢ ጨኒቑዋ ብጥሜት ይሪግፍ ኣሎ። ኣብ ገሊኡ ግዝኢን ከባብን ሓባራዊ ሕርሻ እናበለ ነጻ ጉልበት ድኻታት ሓረስቶት ይምዝምዝ። ሓረስታይ እኽሊ ከይሸይጥ ከልኩል ኢዩ። ዓሳ ውልቐሰብ ክገፍፍን ክሸይጥን ኣይፍቐቕድን፣ ዋሕድን ክብርን ዓሳ ኣብ ከተማ ባጽዕ ከይተረፈ ይርኤ፣ ኣብ ኤርትራ ነጻ ዕዳጋ ንምትላል ብኣፉ ይግዕር ኣብ ግብሪ ግን የሎን። ኣብ ቁጠባ'ውን ክልስ ሓሳብ ኢሳያሳዊ ኣሎ። እዚ ኣገባብ ቁጠባ ኣብ ዓለም ኣይተራእየን። ሃገራዊ ሃብቲ ኣብ ኢድ ሓደ ሰብ ይኣቱ፣ ንናይ ሓደ ሰብ ስልጣን ንምክልኻል ይውዕል። ፓጀት ኮነ ምቁጽጻር ይብሉን። ናይ ውልቒ ወፍሪ እንተተፈቒዱ ምስ እዚ ናይ መንግስቲ ቁጠባ ተዛሚዱ ክሰርሕ ይግደድ። ካብ ናይ መንግስቲ ወጻኢ ዝህብትም ገንዘቡ ጥራይ ዘይኮነ ሂወቱ እውን የሎን። ካብ ደገ ኣቑሑት ንሃገር ምምጻእ ምስዳድን ንመንግስቲ ዝተሓዝኤ እዩ። ሸቐጣ ሸቕጥን፣ ትራንፖርትን፣ ህንጻን፣ ባንክታት፣ ናይ ቱሪስቲ ኣጀንስታት፣ ምግፋፍ ዓሳ ኣብ ኢድ መንግስቲ እዩ። ነተን ነኣሽቱ ትካላት ናይ ስድራቤታት ክጭፍልቕ፣ኣብ ኩሉ ጎደናታት “ርትዓውያን” ዝበሃላ ድኳናት፣ ዘርጊሑ ይርከብ።

ሃገርና ምስ ጎረባብትና ሓንቲ ውዕል፣ ናይ ቁጠባን ንግድን የብላን። ዝኾኑ ርክባት ምስ ጎርባብትና ዝግበር ብመትከላት ናይ ዓለም ኣይኮኑንን፣ ናይ ውልቐ መላኺ ላዕለዋይ ኢድ ዘልዎም ኢዮም ወይ ድማ ኩናት ይውሊዕ። ኣብ ዘይሕጋዊ ሸቐጥን ኣብ ፖሎቲካ ጎረባብትን ኢዱ ምእታው፣ ከም ንቡር ወሲድዎ። ካብ ሃገር ዶላራት እናውጻእካ ኣብ ወጻኢ ምንጋድን ምቅማጥን ካብ ግዜ ቓልሲ ዝጀምሮ ብዘይካኡ ዝኾነ ሰብ ውክልና ዝይብሉ እዩ።

እቲ ዝበዝሔ ሃብቲ ሃገር ዝባኸን ንምክልኻል ሃገርን ንጸጥታን እዩ። ክልተ ካብ ሚእቲ 2% ካብ ኩሎም ስደተኛታት ኤርትራውያን፣ብኣስገዳድ ካብ ደሞዞምን ንኽነብሩ ርድኤት ካብ ዝወሃቦምን ይወስድ። ዝኾነ መንግስታውን መንፈሳውን ኣገልግሎት እንተደሊኻ 2% ክትከፍል ትሕተር። ሬሳ ከይተረፈ ፍትሓት ክግበረሉ 2% ዝሕተተሉ ግዜ ኣሎ። ካብ'ቲ ግዱድ ዕስክርና ዘምለጡ መንእሰይ፣ ስድራቤቶም 50ሺሕ ክኸፍሉ ይግድዶዎም። ስለ'ዚ ህዝብና እንተተሰደ ንኡ ዶላር ይመጽኦ ስለ ዝኾነ ንስደት ብመደብን ብዕላማን ይሰርሓሉ ኢዩ።

ስራሕ ኣልቦነት ሰማይ ተሰቒሉ፣ ልመናን ኣመንርዝራነትን ስርቕን ወግዓውያን ሞያ ኮይኖም ኣሎዉ። ጉቦን ድለላን እቶም ኣብ ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ዝርከቡ ዘካይድዎ ዓቢይ ስራሕ መንግስቲ እዩ። ጀነራላትን ኮኔረላትን ሓደስቲ ሃብታማት ሃገር ኮይኖም ኣለዉ። ንብዙሓት ነጋዶን ወነንቲ ትክላትን፣ ሃነጽትን፣ ብብልሽውና ኸሲሶም ጉቦ ከም ዝኽፍልዎም ይገብሩ። ጉቦ እንተዘይሃብካ ሂወትካ'ውን የሎን። ናይ ውልቂ ንብረት፣ ክብረትን ሓለዋን መንግስቲ የብሉን። ኣብ ቃሕ ዝበሎም ግዜ ይህግርዎ፣ ወይ ድማ መርትያ ዘይብሉ ግብሪ ይጽዕንዎ፣ ካብኡ ዝተረፈ ከም ናቱ ምህርቲ ተፍሪ ትካል ብደረጃ መንግስቲ ይኸፍቱ እሞ ዕዳጋ የዓጽዉ። ድኽነት ህዝብና ብሚዛን ናይ ዓለም ዝርኤ ኣይኮነን። እቲ ባጨራ ሃገር እሞ መንግስቲ እኳ ኣቡዩዎ።

## 1.3 ባህሊ ኤርትራ፣

ኣብ ኤርትራ ዓሰርተ ብሄራት፣ ኣለዋ። ንሰን ቋንቋውን ክዳናውን፣ ምግባውን፣ ገዛውን፣ ቁጠባውን፣ ከባቢያውን፣ ባህልታት ኣለወን። ፍቅሪ ሃገርን ፍቅሪ ደቂ ሃገርን ከይተጋነነ ዓቢ

ባህልና ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ኣፍሪቓዊ እምነታት ኣለዉ። እቶም ዝበዝሑ ግን ኣብ ሓደ ኣምላኽ ዝኣምኑ ክርስትና እስልምና እዮም። እዚ ክልተ እምነታት ኣብ ሃገርና ክኣትዉ ከለዉ ብነብያትን ብስድራ ቀንዲ ነቢይ ማሓመድን ዝመጽኡ ኢዮም። ብሴፍን ብኲናትን ዝሰለምና ወይ ዝኸስተና እእይኮናን። ሕብረተሰብና ቀጥታ ውሉድ፣ ነብያትን መማህራን ወንጌልን ቁርዓንን ስለ ዝኾነ ዋናንን ቀላስን ናይ እዚ እምነታት እዩ። ሓደ ንሓደ እናኣኽበረን መሰል ካልእ ከይ ገሃሰን ድማ ብሰላም ክነብር ጸኒሑ። ብእምነት ተሳቢቡ ኲናት ኣብ ጎረባብትና ክኸይድ ከሎ ኣብ ሃገርና ግን እዚ ጸገም ኣይተራእየን። ድሕሪ 1941ዓም ብናይ ጎረባብትና፣ ብፍላይ ብኢትዮጵያዊ መስፍንነት፣ ክርስትናዊ ትምክሕቲ፣ ብሃገራት ኣዕራብ ድማ ናይ እስልምና ሓደስቲ መማህራን ንባህልታት ክንትንከፍና ይጅምር። ካብ ኩሉ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ጎበጣ ንክርስትና ተጎዝጒዙ ስለ ዝኣተወ ንሃይማኖት ተዋሃዶ ሕማቕ ታሪኽ ኣሕቁፉዋ። ኣብ ምጅማርን ኣብ ምድምዳምን ዝነበራ ውድባትና ነዚ ቁልሲ ንምሕዋዩ ዝገበርኦ ጻዕሪ ኣይነብረን። ድሕሪ ነጻነት፣ ፍትሕን ዕርቅን፣ ክግበር ኩሉ ይጽበን ይሓትትን ኔይሩ። እዚ ግን ኣጀንዳ ዋና ጸሓፊ ህግሓኤ ኣይነበረን። መላኺ ስርዓት ንስልጣኑ መገላበጢ ኮይንዎ፣ ሕጂ'ውን ከም ናይ ጣልያንን ናይ መስፍንነት ኢትዮጵያን ንሃይማኖት ተዋሃዶ ተጎዝጒዙ በደላት ይፍጽም ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ ዓሰርተ ብሄራት ( ነቲ ትንተና ብሄር ንግዜኡ ሓዲግና፣) ኣለዋ። ካብ ኖሎቲክ ዝውለዱ፣ ኩናማን ናራን፣ ካብ ኩሺቲክ ዘለዱ፣ ብሌን፣ ዓፋር፣ ሳሆ፣ ህዳረብ፣ ካብ ሴመቲክ ዝውለዱ፣ ትግሬን፣ ትግሪኛን፣ ጀበርቲ፣ ራሻይዳን እዮም። ኤውሮጳ ንረብሖም ክብሉ ንኣፍሪቓ ክመቓቕልዋ ከለዉ እዚኤን ብሄራት'ውን ኣብ ክልተን ሰለስተን ሃገራት ተመቓቒለን ኢየን። ናይ ሃገርና ብሄራት'ውን እዚ ሕማቕ ዕድል ብሰንኪ መግዛእቲ ጣልያን ገጢምወን እዩ። ኣሓተን ኣብ ጎረባብትና ይርከባ። ብሄራት ትግሪኛን ትግሬን ቋንቋኤን ካብ ቋንቋ ግእዝ ዝተወልደ እዩ። እዚ ቋንቋን እዚ ናቱ ፊደላትን፣ ዓውደ ኣዋርሕን ቁጽርን፣ ኣለዎ። እዚ ክቡር ቋንቋናን ዓረብን ብሰንኪ ገዛእትን መላኺ ስርዓትን ቆላሕታ ኣይተገብረሎምን። እቲ ካልእ ቋንቋታትን ባህልን ብሄራትና'ውን ንመኤከቢ ገንዘብ ፌስቲፋላት እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝረኤ ምዕባሌ ኣይገበሩን።

ኤርትራ ቅድሚ ጣልያን ምእታዉ ብሓውሲ ነጻ ዝኾና መስፍናዊ ክልላት ትመሓደር ነበረት። ጣልያን ነዘን መስፉናዊ ክልላት ኣብ ኣውራጃታት ቀይሩ፣ ነቲ ኣባታዊ ሕግታት ድማ ከም ዘሎ ተቀቢሉ ግዝኣቱ ጀሚሩ። እዘን ርእሰ ምምሓዳራት ወይ ኣውራጃታት ብብሄርን ብሃይማኖትን ብዓሌትን ኣይተደኮናን። ንምዕባሌ ሃገር ክምርሻ ከለዋ ብመግዛእቲ ተኾሊፈን ኢየን። መግእዛእቲ ጣልያን ይኹኑ ድሕሪኡ ዝመጽኡ ገዛእቲ ነዘን ንኡሳን ሃገራት (ኣውራጃታት) ከም ቁሪ ይፈርሕወን፣ ደቂሶም ድማ ኣይሓደሩለንን። ህዝብና ግን ይኾርዓለንን ናይ መነቱ ዋሕስ ገይሩ ይቆጽረንን እዩ። እዚ ስለ ዝፈልጠ እዚ ውልቓ መላኺ፣ ካብ ግዜ ቃልሲ ጀሚሩ፣ ሰሜን፣ ምብራቕ፣ ደቡብ፣ ምዕራብ እናበለ ነቲ ነባራት ንኡሳን ሃገራት (ኣውራጃታት) ብብቕሩብ ከፍርሰን፣ ጸኒሑ፣ ድሕሪ ነጻነት ድማ ካብ ሱረን ነቒሉ ብዞባታት ተኪእወን። ከም ሓሰማታት መረሳኒ ብቁጽሪ ክጽዋዓና፣ ባህሊ ዘይብልና ኮና ክንተርፍ፣ ምስ ቓልስን ምስ ሃገርን ምስ ባህልን ስነ ምግባር ሕዝብናን ሓንቲ ምትእሳር ዘይብሉ ብኣርባዕተ ወተሃደራዊ ምሕደራ፣ የማሕድረና ኣሎ።

ወግዓዊ ቋንቋታት ሃገርና፣ ብኣቦታትና ብ 1952ዓም ዝጸደቓ፣ እዚ መንግስቲ'ውን እንተኾነ ዝጥቀመለን ኹሉ ሕዝብና ዝድገፈን ክልተ ቋንቋታት፣ ዓረብን ትግርኛን እየን።

እቲ ምስ ጨውን ሽኮርን ዝሸየጥ ዝነበረ ኣስፕሪን ሎሚ መሬት ዘቢጥካ ኣይትረኽቦን። ሕሙም ብዓቅሙ ክሕከም ዕድል የብሉን። በቶም ገበርቲ ሰናይ ዝሽፈን ዝነበረ ሕክምና ሎሚ የሎን። ሕማቕ ባህልታት ጥንቆላን ደብተራን ካልእን ተጋኒኑ። ሕማም ኤችኣይቪ ቀንዲ ዝዝርጋሕ ብኲናትን ስራሕ ምስኣን ንዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ኣብ ሃገርና ድማ እዚኦም ምኽኒታት ይበዝሑ ኣለዉ እንበር ይጎድሉ ስለ ዘየለዉ ህዝብና በዚ ሕማም ዝሳቐ ብዙሕ ኢዩ። ሕሙም ሓገዝ መንግስትን ሩህሩሃት ደቂ ሃገርን ናይ ደገ ደገፍን የብሉን። ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ግን ደቆም ከይትረፉ ኣብ ደገ ይሕከሙ። መራሕቲ መንግስቲ ይኹኑ ደገፍቲ መንግስቲ መብዛሕትኦም ስድራቤቶምን ኣዝማዶምን ኣብ ደገ ይነብሩ፣ ክኣትዉ'ውን መደብ የብሎምን።


حركة الخضر الارترية
Eritrean Green movement for Social Reconciliation, Justice and Ecological wisdom
Greeneritreans@gmail.com

ሞት ህጻናትን ዝሓርሳ ኣዴታትን ብብዝሒ ይርኤ። ህጻናት ካብ ዓሰርተ ሽድሽተ ዓመት ብምኽንያት ክረምታዊ ኣገልግሎት ኢሎም ካብ ስድራቤቶም ይምንጥልዎም፣ ክሳብ ግዜ ሞቶም ድማ ቐጠልያ ኽዲኖም ኣገልገልቶም ክኾኑ የምህርዎም ኣለዉ። ዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ኣብ መላእ ዓድታት ኤርትራ ዓጽዩዎ፣ ተማሃሮ ብሓይሊ ኣብ ጎኒ ወተሃደራዊ ታዕሊም፣ ቤት ትምህርትታት ከፊቱ ኣብኡ ክመሃሩ ይግድዶም። መንግስቲ ንቆልዓ ከም ድላዩ ሞያ ክመርጽ ኣየፍቅድን እዩ። ብስንኪ እዚ ቡዙሓት ቆልዑ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕማምን ጽልኢ ሃገርን ኣለዎም።

ባህሊ ኢስያሲዝም፣ ጥልመትን፣ ብልሽውናን፣ ምጭኽኻንን ሳዕሪሩ፣ ስራሕ የሎን፣ ልመናን ስርቅን፣ ምጥፍፋእን፣ ሞያ ኮይኑ። ፍቅሪ፣ ሓቒ፣ እምነት፣ ሓልዮት፣ ሓቒቆም።

## 2.0 ኣብ'ዚ ግዜ እዚ? ሓምላይ ምንቕስቃስ ኤርትራ ስለምንታይ?

ስለምንታ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ክውለድን ንቓልሲ ክነጥፍን ንርእሱ ምስ ህዝቢ ከላልን ኣድለየ? ሎሚ ፋሕ ፋሕ ዝበሉን በብግዜኡ ዝውለዱ ውድባትን እናኣጉሃየና ሓዲስ ምንቕስቓስ እንታይ ይጠቅም? ኤረ ሽግርን ጸገምን ህዝብና እንታይ ኮና ኢና ዝይርዳኣና? መስመራት መኣስ ጎዲሉ ደይ ሰብ ተሳኢኑ? ሎሚ ኩሉ ሓያልታትት ኣስሚርካ ናይ መጠረሽታ ጽፊዕት ነዚ ፋሺሽቲ ክንዲ ምሃብ፣ ከም'ዚ ምንቕስቓሳት ንጸላኢ ዕድል ዝህቡዶ ምፍጣር ቅኑዕ ድዩ? ዝብል ሕቶታት ከመጽእ ናይ ግድን እዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ንውድድርን ንምብሓት ሜዳ ፖሎቲካን ዝተወልደ ምንቕስቓስ ኣይኮነን። ንኹሉ ዜጋ ብማዕረን ብኽብርን ዳግማይ ገምጋም ፖሎቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ክግበር ዝጽዊዕ ኢዩ። እቲ ካብ ኣርባዓታት ጀሚርና ዝተኸተልናዮ ስነሓሳብ ፖሎቲካን ኣተሓሳስባ ውድባትናን፣ ሃታ ሃታ ኮይኑ ካብ ዝኽፍኤ ናብ ዝሓመቐ ንወድቕ ጸኒሕና። መርሕነትን ህዝብን ካብ ሓደ ዔላ ማይ ይሰትዩ ከም ዝበሃል፣ ንስነ ኣእምሮን፣ ንትክላት እምነታትናን፣ ንስድራዊ ሂወትናን፣ ንውልቓዊ ንቅሓትናን ዝተንከፈ፣ ኣዕናዊ ባህሊ፣ ክንላቐቕ ኣብ ባህልን እምነትን ባይቶን ኣፈታትሓ ግርጭትን ናይ ኣቦታትና ክንምለስ ራኢ ስለ ዘሎና እዩ። ፖሎቲካና ይኹን ቑጠባዊ ሕንጻጻትና ባህላዊ ስርርዓትና ካብ ሱሩ ፍታሕ ክግበረሉ ኣለዎ። ከም'ቲ ባህሊ ኣቦታትና፣ ሕጂ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ጎይታ ውላዱን፣ መሬቱን፣ ርእይቶኡን፣ እምነቱን፣ ውሳኔኡን ክኸውን ንርእሱ ባዕሉ ከመሓድርን እደሊ ኣሎ።

ሕብረተሰብና ላዕሊ ኪድ ታሕቲ፣ ሰላማውን፣ ዘይጎነጻውን፣ ሂወት መለልዩኡ፣ ከም ዝነበረ ዝኾነ ሓላፍ መንገዲ ዝምስክሮ እዩ። ብሕግን ብስነ-ስርዓትን ተመሪሑ ዝኸይድ፣ ግቡኡን መሰሉን ዝርድኦ፣ ካብ ጥንቲ ብዓድን ብወረዳን ብንኡስ ሃገርን (ኣውራጃን) ዝማሓደር ዝነበረ ኢዩ። ንሕና ደቂ ደቆም ንኣዱሊስን ንኣኹስምን ዝሃነጹ ኢና። ጣልያን ካብ ሰማይ ኣየውረደናን፣ እኳ ድኣ "ስጋ ማማ" ክንብል ሚሂርና፣ ጥልያን ብልያኮኒ ኣቦታትና ቅድሚ ኣቦታቱ ዝማዕበሉ ከም ዝነበሩ ታሪኽ ይዛረብ ኢዩ። ንሕና፣ ኢየሱስ ህጻን ክውለድ ከሎ ከርበን ዕጣንን ክቡር ዕንቑን ሒዞም፣ "ወዲ ኣምላኽ ተወሊዱ ሃሌሉያ" ዝበሉ ደቂ፣ ሰባሰገል ኢና። ነቢይ ማሓመድ፣ ክቡር ኣቦ እስልምና ከስተምህር ከሎ ስድራኡ ብጸላእቱ ምስ ተሃድኑ ንንጉስ ሓበሻ ዕቑባ ዝሓተቱ፣ ደቆምን ደቂ ንጉስ ሓበሻን ኢና። ቅርስታትናን ቤተ ክርስትያናትናን መሳግድናን ትሕቲ መሬት ዝርከቡ እንተዝኾዓቱ መንነትና ዝያዳ ምተኾልዔ። ኣዱሊስን ኣኹስምን ምስጢራቶም እንትዝንበብ ዝያዳ ርእሰ ምትእምማንን ዝያዳ ክብርን ምረኽብና። እሞ ንሕና፣ ካብ ነዊሕ ዘመናት ጀሚሮም ሕግታቶም ኣጽፊፊሮም፣ ሃይማኖትን ፕሎቲካን ፈሊዮም፣ ውልቓዊ እምነትን ድልየትን ደረቱ ኣትሒዞም፣ ብባይቶ ስድራ ቤትን፣ ብባይቶ ዓዲ፣ ብባይቶ ወረዳ፣ ብባይቶ እምነት፣ ብባይቶ ንኡስ ሃገር (ኣውራጃ) ክማሕደሩ ዝጸንሑ ደቖም ኢና። ሰብ ዝቐተለ ኣብ ካልእ ዓለማት ብሴፍን ብስምን ክቕትልዎ ከለዉ፣ ኣቦታትና ግን ሂወት ናይ ኣምላኽ ብሕታዊት ጥሪት ምኻና ኣሚኖም፣ ንቐታሊ ምስ ስድራ ቐታሊ ዝዕርቑ ወይ ረጊሞም ዘርሕቁ፣ መሬት ውህበት ኣምላኽ ምኻኑ ኣሚኖም፣ ምስ ኣሕዋቶ ዝማቐሉ፣ ጸኒቱ ከይጠፍእ ወላ ንጓና ጓሎም ዝህቡ ደቆም ኢና።

ኣብ ቑሙጥ ሰራዊት ዘይኣምኑ፣ ብቆጽሊ ንመራሒኦም ዘደይቡን ዘውርዱን፣ መሰሉ ምስ ዝትንከፍ ግን ክተት ዘየድልዮም፣ "ንርስቲ ይዋጋኣላ ኣንስቲ" ኢሎም ከም ንህቢ፣ ዝገጥሙ ደቂ ሓርበኛታት ኢና። ኣብ ገለ ከባብስ ክሳብ ናይ ፌደራላዊ ቁዋማት ዝነበሮ ምሕደራ ዝነብሮም ምኳኑ ኣብነት ደብተር ዓዲ ቐንጺን ዓበይቲ ሞመናታትን ድማታትን ታሪኽ ሓቁፈን ዝሓለፉ

ብዙሓት ኢየን። እንተኾነ ብሰንኪ ናይ ቐረባን ሩሑቕን መግዛእትታትን ብሰንኪ እዚ ጠላም ውልቐ መላኽን ፣ ህዝብና፣ ሓሲሩ ርእሱ ኣድኒኑ፣ ውላዱ ከይተረፈ ተመንጢሉ፣ ዘይነሱ መሲሉ ይነብር ኣሎ። ጥርጠራ፣ ህልኽ፣ ኣነንትነትን፣ ብልሽውናን፣ ሓሳዳ፣ ዘይምትእምማን፣ ሽውሃት ስልጣን፣ ሕማቕ ትምህርቲ ገዛእቲ ኣብ ዉሽጥና ኣብ ጥርዙ በጺሑ ይርከብ።

እዚ ኣብ ሓደ ሕብርተሰብ ቤንዚናን ክርቢትን እዩ። ህዝብና፣ ድሕሪ ሕጂ ዝኾነ ጎነጽ ካብ ዉሽጢ ዝመጽእ ይኹን ካብ ደገ ክጻወሮ ዓቕሚ የብሉን። ቆርበቱ ተወዲኡ ኢዩ። ድኽነት ሞራልን እምነትን ባህልን ድኽነት ቑጣባን ፖሎቲካን ኣጥቂዕዎ ስለ ዝኾነ ቅልጢፍና ክንረድኦ ይግባእ። “ዉሕጅ ከይመጽኤ መንገዲ ዉሕጅ ምጽራግ” ዝብል ምስላ ኣቦታትና፣ ንርኤ፣ ናይ ምዕቡልን ሓላፍነታውን ሕብረተሰብ ጥበብ ኢዩ። ንሕና ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ሃገርና ኣብ ቀራና መንገዲ ስለ ትርከብ፣ ግዜ ከይወሰድና ፍታሕ ክርከብ ኣውያትናን፣ ክኸውን ዝግብኦን፣ ንኣባልን ንዘይኣባል ደንበ ተቓውሞ ይኹን ነቲ ክሰሚዕ ዝደሊ መሳርሒ እዚ ስርዓትን ኾኑ ንዘሎ ራኢና ነቕርብ ኣሎና። መንእሰይና ህሰያ ሓንጎል ገይሩ፣ ተስፋ ቆሪጹ፣ ንሃገሩን ንስድራቤቱን ንድሕሪት ሓዲጉ ነፍሱ ከውጽእ ይሃድም ኣሎ። እዚ ምስክር ክሳብ ክንደይ ፖሎቲክና ኢሰብእውን ንሓዋሩ እውን ተስፋ ዘይብሉን ምኻኑ ይሕብረና ኣሎ።

“ማንትለስ ነጢራ ነጢራ ኣብ መሬታ” ከም ዝበሃል፣ ንሕና'ውን ኣብ ባይቶን ባህልን ህዝብና ንመለስ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ እንኮ መድሓኒትና፣ ንፍትሕን ንሰላምን ክወልድ ዝኽእል ራኢ ኣብ መዳሕንቲ ኣቦታትና ዝተቀብረሉ ዖናታት ከም ዘሎ ንኣምን። ኣብ ኤርትራ ፋሕፋሕ ኢሉ ዘሎ ጽቡቕ ባህልታትን ራኢታትን፣ ኣሎ። ምርምርን መጽናዕትን ባህልታት ብሄርትራትና ኣይገበርናን። ነቲ ጽቡቕ ጎኑ ወላ እቲ ውላድ እታ ብሄር ኣይፈልጥን። ግዜናን ትምህርትናን ኣስመራን መንግስቲ ኣስመራን ምስ ኒዮርክን ሎንዶንን ምውድዳር ነሕልፎ ኣሎና። እወ ሲንጋፖር ክንመስልን ንምነ። ፖሎቲካና ግን ንኣናን ንዝህብናን ከም ፍልሖ ይበልዓና፣ ከም ሓዊ የንድደና ኣሎ። ባህልታትና ከድሕኑና ዝኽእሉ መተካእታ ዘይብሎም ኢዮም። እዚ መትከላት እዚኦም ካብ ሰውራ ዝጅመር ዝተዛረቡሎምን ዝተደኽመሎምን መስዋእቲ ዝተኸፍለሎምን ኢዮም። ቡዙሓት ውድባት እውን ካብ'ዚ ራኢታት ጨንፌለን ዝቓለሳሉን ዝስዋኣሉን ከም ዘለዋ ንኣምን። እዚ ራኢታት፣ ሓምላይ ምንቕስቓስ ካብ ኣንጉዕ ባህልታትናን፣ እምነታትና፣ ዝዘረዩ ኢዮም። ንሕና ክንቅድም ዘይኮነ እዚኦም ዋሕስ ሰላምን ምዕባሌን ዝኾኑ ራኢታት ባህልና ክቅድሙ፣ ኢና ሎሚ ኣብ ፖሎቲካ ብጋህዲ ንኣቱ ዘሎና።

## 3.0 ኣዕኑድ ራኢና፣

1. **ስምና፣ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ እዩ፣ حركة الخضر الارترية /Green movement of Eritrea/ ኢዩ።** ንማሕበራዊ ዕርቅን ፍትሕን ንሓለዋ ንጽህና ከባብን ደው ዝበልና ኢና። ስምና ብቖጠልያ ሕብሪ ይጸሓፍ። ቖጠልያ ተምሳል ሂወትን፣ ሰላምን፣ ዓወትን፣ ልምዓትን፣ ኢያ። ቆጽሊ ኣውልዒ ኣብ ታሪኽና ዓቢ ቦታ ስለ ዘለዋ፣ ንኣ ሕዝና፣ ንጎዓዝ። ምልክትና ወይ ኣርማና ኣብ ሰማያዊ ባይታ ድማ ቆጽሊ ኣውሊዕ ኢያ።
2. ማሕበራውን ቑጠባውን ፍትሒ፣ /Social & Economic Justice / ዝሕመረቱ፣ ፖሎቲካን፣ መንግስታውን ውላቐውን ዝሕመረቱ ቁጠባን፣ ምኽታል፣
3. ሰብኣውነት ዝዓዘዞ፣ ዕደላ ሃብትን፣ ባህልን፣ ትምህርትን፣ ምትእትታው። ጸላእቲ ሕብረተሰብ ኤርትራ ድኽነትን፣ ሕማምን፣ ጥሜትን፣ ስራሕ ኣልቦነትን ኢዮም፣ ዓቅምና ኣንጻሮም ምቅናዕ።
4. ርእሰ ውሳኔ ክሳብ ምንጻል፣ ቑልፊ ሓድነትን፣ ተዋፋይነትን፣ ተብግሶን፣ ስለ ዝኾነን መስረታዊ ሰብኣዊ መሰል ስለ ዝኾነን ካብ ውልቂ ክሳብ ብማሕበር ክሕሎ ደው ንብል።
5. ኣብ ቻርተር ኪዳን ይኹን ኣብ ተርድኦ ውድባትና ምቕሊት ሃብትን፣ ስልጣንን፣ ዝርጋሔ ምዕባሌን፣ ኣይተመዛዘነን ጥራይ ዘይኮነ ንወጽዓ ዝዕድም ኢዩ። ብግሉጽ ድማ ጸረ እዚ ወጽዓ ቃልሲ ይኸደሉ ኣሎ። ንሕና ነቲ ቁስሊ ንምፍዋስ፣ ህዝብና ኣብ ንኡሳት ሃገራቱ /ኣውራጃታቱ/ ባህላዊ ምትእስሳር ስለ ዘለዎ፣ እዘን ንኡሳት ሃገራት /ኣውራጃታት/ ብፌደራላዊ መገዲ ክማሓደራን ነፍሲ ወከፍና ዋና ውሳኔኡ ክኸወን ደው ንብል።

6. ቁዋምና ፌደራላዊ ቁዋም፣ ኣብ መሰልን ግቡእን ናይ ዜጋታትን፣ ነጻነት ውልቐሰብ ዝማእኸሉ፣ ኮይኑ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፣ ኣብ ምሕደራ ሕብረተሰቡን እምነቱን ሃብቱን ውሳኔ ሃገሩን ተራ ክህልዎ፣ ናይ ሰረታት ደሞክራሲ /Grassroots Democracy/ ክተኣታቶ፣ ዘይተረዳዳእናሎም ውሳኔታት ብረፈረንዱምን ብሽምግልናን ክውድኡ ንቐውም።
7. ኣብ ሞንጎ ህዝብናን ምስ ዓለምን ንኽተሎ ፖሎቲካ፣ ሰላማውን ዘይጎነጻውን /Peace and Non-violence/ ክኸውን፣ ሓይሊ ምክልኻል ሃገርና ብድልየት ክኸውን ዝተሓተ ፓጀት ክወጽኣሉን ንቃለስ። ናይ ወጻኢ ዝምድናና ድማ ኣብ ሰላምን ምክብባርብ ምትሕግጋዝን ዘተኮረ ጣልቃ ምእታው ዘይድግፍ፣ ኮይኑ፣ ምስ ኩለን ኣህጉራዊ ማሕበራት ሓቢርና ክንሰርሕ እዩ።
8. እዛ መሬት ናይ ወዲ ሰብ ብሕቲ ጥሪት ኣይኮነትን። ካልኦት ነባሮ'ውን ኣለዋ። ሰብ ግን ካብ ግጉይ ኣረኣእያ ስለ ዝተበገሰ ንዉልቁ ጥራይ ይፈልጣ። እዚ ራኢ እዚ ኣብ በጺሕናዮ ዘሎና ምዕባሌ፣ ጥፍኣት ይወልድ ኣሎ። እዚ ዕማም እዚ ጽባሕ ነርክበሉ ዘይበሃል እናኾነ መጺኡ ኣሎ። ንሕና ድማ ካብ ሻቕሎት ፕላነትና ነጻ ክንውጽእ እንተኾና ድንቁርናና ኢና ነርኢ፣ ስለ'ዚ ብከላ ኑክሌርን፣ ርስሓት እንዳስትርያዊ ቀመማትን፣ ንኣየር ነስተንፍሶ ከይብክል፣ ብዕለቶም ዝሓለፈ መድሃኒትን፣ መግብን፣ ኣካልናን ከባቢናን ከይሓምም ንጽህና ከባቢና፣ /Ecological wisdom/ ንቆውም። እዚ ጸገም እዚ ናይ ንነብረላ ፕላነት ስለ ዝኾነ፣ ምስ ንጽህና ካባቢ ዝግደሳ ሓቢርና ክንሰርሕ ናይ ግድን ኢዩ።
9. ሃገርና ብባህሪ ድርቂ ትጥቓዕ ኣላ። ሓረስታይ ሃገርና ወላ ሰላም እተረኽበ ድራሩ ካብ ማሕረስ ክረክብ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ይበጽሕ ኣሎ። እዚ ዝተሓሳሰብ ሽኸም ሃገር እዩ። ምደርበዳነት ብናህሪ ንሃገርና ክጎብጣ ቁሩብ ተሪፍዎ ኣሎ። ካ'ዚ ሓደጋ ክንከላኸለላ ክትትት፣ ንሓምላይ ቃልሲ ክንብል ኢና። ነዚ ዕላማ ዝዕንቅፉ ባህልታትን፣ መሳርሒን፣ ክልወጡን፣ ሓዲስ ናይ ኤነርጂ ቴክኖሎጂ ክተኣታቶን ብሓፈሻ ማያትናን፣ ነስተንፍሶ ኣየርን፣ ሰማያት ሃገርናን፣ ሓሚሞም ከየሕምሙና ክንሕልዎም ኢና። ህዝብና ክነቕሓሉ ድማ ነዚ ዝመርሔ ትምህርቲ ክነተኣታቱ ክንቓለስ ኢና።

## 4.0 ናይ ቐረባ መደባት ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ

### 4.1 ራኢና፣ ንማሕበራዊ ዕርቒን ፍትሕን ሓቅን ዝምልከት፣

እዛ ቓል እዚኣ ስለምንታይ ተልዕልዋ፣ ሽግርና ኢስያስን ጉጅልኡን እዮም፣ ካልኦት ሕጹባት ከም ጽላጦስ ኢና ንብል ዉሑዳት ኣይኮናን። ማሕበራዊ ዕርቒ ክበሃል ከሎ ኣብ ሞንጎ ኣስላምን ክስታንን፣ ኣብ ሞንጎ ውድባትን ንኡሳን ሃገራት (ኣውራጃታትን) ፣ ኣብ ሞንጎ ብሄራትን ዝግበር ግደፎ ግደፍዎ ዝመስሎም ኣሓትን ኣሕዋትን ኣለዉ። እዚ ግን ካብኡ ንላዕሊ ዕርቒ ምስ ነፍስኻ፣ ምስ ስድራኻ ምስ ጎረቤትካ ምስ እምነትካ ምስ ባህልኻ ዘጠቓልለ፣ ካብ ሓደ በሪኽ ምስ በጻሕካ ነቲ ካልእ በሪኽ ክጅምር ከሎኻ፣ ንኩሉ ማሕበራውን መንፈሳውን ጥምረት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ንምድልዳል ዝግበር ጥበብ እዩ፣ እዚ ድማ ባህልና ኢዩ። ኣብ ባህልና ዕበጦ ዕበጦ የሎን። ግደ ሓቂ ድማ ኣብ ልዕሊ ሱዉኣትና ዝስሕቑ፣ ንስንኩላትናን ንወለዲ ሱዉኣትን ዝበደሉ፣ ንሃገር ኣብ መከራን ሽግርን ዘውረዱ፣ ብስደት መንእሰያትናን ብመሬት ድኻታት ሓረስቶትን ሙንጉዳ ዘውጽኡ 'ዓሻስ ዘይወግሕ መስልዋ ኣብ ጉልሻ ደገ ትወጽእ' ከም ዝበሃል፣ ጸልሚቱ ዝነብር መሲልዎም፣ ዘይወግሕ መሲልዎም ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ብምፍላዋን ብዘይምፍላዋን በደል ዝፈጸሙ ስለ ዘለው ዕርቕን ፍትሕን ክንሓትት መሰልና ኢዩ። እንተኾነ፣ ነዚ ኣገዳሲ መድረኽ ካብ ሎሚ ክንቕረበሉ፣ ናይ ቆየቓን ናይ ጽልእኻ ምውጻእ ከይከውን ብትምህርትን ብባህልን ክነቅሓሉ ይግባእ። ነዚ ናይ ሎሚ ስራሓትና ጽፉፍን ኣድማዕን ዝገብሮ ድማ እዚ ጭርሖ እዚ ድሕሪ ዓወት ክትግበር ምኻኑ ካብ ሎሚ ምስ ነረጋግጽ ኢዩ። ጽባሕ እቲ ዓወት ከም 1991ዓም ዉቱፍ እንተበለ፣ ብድሕሬና ዝእለምን ዝፈራረምን ውዲታት፣ ሕቆና ሂብና፣ ኮበሮ ሒዝና ክንስዕሲዕ ዲና ወስ ካብ ሎሚ ቅኑዕ መንገዲ፣ ንኹሉ ግዜ ዝኸውን ሰላምን ደሞክራስን ክነጠጥሕ? ድሕሪ ነጻነት እቶም መውደልደልቲ፣ ደርጊ፣ ዝነበሩ ሎሚ ቐንዲ መትንታት ናይ እዚ ፋሺሽታዊ ስርዓት ኮይኖም ኣለዉ፣ ናይ'ዚ ፋሺሽቲ ስርዓት መውደልደልቲ ድማ "መንግስቲ ዝሃበና መን ይኸልኣና" "መንግስቲ ዝኣዘዘካ ምስ ትፍጽም መንግስቲ እዩ ዝሕተቶ" እናበሉ ሂወት ሰብ ዘጥፍኡን ንብረት ሰብ ዝዝርፉን ዘለዉ ጽባሕ ኣብ ልዕሊ ሱዉኣትናን ኣብ ልዕሊ ባህልናን ከጋይጹ ክንሓድጎም

ዘበት ኢዩ። ሽማግሌታን ኣብ ስደት ዝበልዩ ዘለዉ ገዛን ስራሕን ሲኢኖም ኣይኮኑን፣ ንፍትሕን ንዕርቕን ኣብ ደም ዓጽሞምም ስለ ዘእተዉ ካብ ጥዑም ኣየር ሃገሮም ቤትመቅደሶምን ተሓሪሞምም ዘለዉ ክምርቑና ነዙ ሓቕታት ደው ክንብል ይግባእ።

ኣቦታትና “ሓባእ ቁስሉ ሓብእ ፈውሱ” ይብሉ። ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ተሞኩሩኡ ክግምግም ፍቓደኛ እንተዘይኮነ ብሰላም ክነብርን ክምዕብልን ክሓስብን ክሓልምን የብሉን። እዚ ዝኸሰርናዮ ግዜን ሂወትን ንብረትን፣ ኩሉ ንገዛእትን ንጠላማት ደቂ ሃገርን ዝግደፍ፣ ወንጀል ኣይኮነንን፣ ንሕና እውን ካብ ሱርና ስለ ዝተመሓና፣ መሳርሒ ፖሎቲካኦምን ጓንቲ ኢዶምን ኮና ኣሎና።

ድሕሪ ምስዓር ፋሺሽቲ ጣልያን፣ ኣብ ሃገርና፣ ሓደ ብሱልን ኣብ ቓልሲ ዝተሞኮረን ፖሎቲካዊ ውድብ ወይ እውን ሓደ ብዓጽመ ስጋ ድዩ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ዝተወደበ ሓይሊ፣ ስለ ዘይነበረ፣ ሀ ሁ ኢልካ ፖሎቲካዊ ውድብ ምጅማር ቀዳማይ ዕማሞም ኔይሩ። ብብቁሩብ ብሰነ ኣኣምሮን ብውደባን ዘይተዳለዉሉ፣ ኣብ ሓደ ግዜ ነጻነትን፣ መሰል ምዝራብን፣ ምውዳብን፣ ምስ ረኸቡ፣ ብዙሓት ሃሱሳት ድማ ካብ ደገን ካብ ዉሽጥን ምንቕኛታት ስለ ዝተዘርኡ፣ ኮፍ ኢሎም ንክሓስቡን ዝሓይሽ ፖሎቲካዊ ዕላማ ክሕንጽጹን ዕድል ከሊኦሞም። ነቲ ዝፈሓስ ዝነበረ ተንኮል እንግሊዝን ኢትዮጵያን ጣልያንን ብጉልበት ሰብ ይኹን ብገንዘብ ክወዳደርዎ ዕድል ኣይነበሮምን።

ብስለያ እንግሊዝን ኢትዮጵያን ጣልያንን ተጻብኦታት ኣብ ዉሽጢ ሕብረተሰብና ተንኮላት ይጽሕትሩ ስለ ዝነበሩ “ፍርሒ” ኣብ ሃገርና ተዘሪኡ። ብግብሪ’ውን ነዚ ዝሰርሑ ሸፋቱ ኢትዮጵያ፣ ኣብ መሬት ኤርትራ ሰሊኾም ስለ ዝኣተዉ ብዘይንሕስያ ብዙሕ ሂወትን ንበረትን ሓርበኛታት ኣጥፊኦም። እዚ ፍርሒ እዚ ክሳብ ሎሚ ኣሎ። ኩሉ ሓይሊ ክረክብ፣ ወይ ሓያል ክኸውን ወይ ድማ ምስ ሓያል ክጽጋዕ ይፍትንን ይጽዕርን ኣሎ። ንወገኑን ንእምነቱን፣ ክሕሉ፣ ንሸውሃት ስልጣኑ ክዓግብ፣ ናብ ሓያላን ክጽጋዕ ከም መድሕን ይወስዶ ስለ ዝነበረን ዘሎን፣ ናይ ተዋህዶ ቤተክርስትያን፣ ቐደምን ኣብ መፈንጠራ ጣልያንን፣ ሃጸይ ሃይለስላሴን፣ ሎሚ ድማ ኣብ ኢድ ፋሺዝም ኢሳያስ ይወድቕ ኣሎ። ኣመንቲ እስልምናን ሃገራውያንን ኢዶም በጥ ኣቢሎም ንሰንሰለት መግዛእቲ ክቕበሉ ዘይሕሰብ ስለ ዝኾነ ንቓለስ ኣሎና። ብዝኾነ ንሕብረተሰብና ኣብ ክልተ ክምቕል ዝደፋፍእን ዘይምትእምማንን ዘይምክብባርን በሰላታት ኣሎ። ምዕቡልን ስሙርን ሕብርተሰብ ንምውናንን ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ከድሊ ኢዩ ።

ብስም ማሕበር ሰራሕታኛታትን ማሕበር ተማሃሮን ጸኒሖም ድማ ብሓርበኝነቱን ብሓድነቱን ዝልለ ማሕበር ሓርነት ኤርትራ /ሓረካ፣ ወይ ማሕበር ሾብዓተ/ ኣቑሞም ዝተቓለሱ ውድባትን ውልቐሰባትን እቲ ኣብ ስደት ዝነበሩ ሓርበኛታት ተማህሮ  ምብዛሕትኦም እምነቶም እስልምና፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ መሬት ግብጺ መስሪቶም፣ ክትዓቢ ተሓዚላ ንመሬት ኤርትራ ዝኣተወት’ውን ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቶም ዝተተኮሰ ጥይትን ሂወት ዝሓለፈን ግዜ ዝበኾነን፣ ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ክግበር ከድሊ ኢዩ።

ኣብ እዚ ግዜ እዚ ህዝብን ተጋዳላይን ሕቶ ሓድነት ይዝምርን ይምህለልን ኔይሩ ግን ሰማዒ እዝኒ ስለ ዝሰኣነ ነዚ ሙርኩስ ገይሮም፣ ብስም ህግሓሓን ስለፊ ነጻንት ኤርትራን ዑቤልንን ዝተመስረቱ፣ ኣፍን ግብርን ዘየዛመዱ ኣብ ዉሽጦም ኮነ ምስ ካልኦት ውድባት ንካልኣይ ግርጭት ክሳብ ሎሚ ኣብ ቐድማይ ቦታ ኣስፈሮም ዘለዉ፣ ነዚኦም ኮበሮን እንብልታን ዝውቕዑ፣ ኣብ መቓብር ኣሕዋቶም ዝስዕስዑ፣ ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ክግበር ከድሊ ኢዩ።

ኣብ ግዜ ኢስያሲም ባህልን እምንትን ንኡስ ሃገርን (ኣውራጃታት) ጠፊኡ ሰብ ከም ኣቕሓ መሸጣ ብቑጽሪ ዝጽዋዓሉ፣ መደረኽ ዘይርድኦም ዘሎ ውጽኢት እዚ ጭቆናኦም ድማ ብሄራትናን እምነታትናን ሎሚ ጸረ እዚ ፋሺሽቲ ስርዓት ደመን ዘፍስሳ ዘለዋ ነዚ ሽግር ብፍትሕን ብሰላምን ክንፈትሖ፣ ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ክግበር ከድሊ ኢዩ።

እዚ ኹሉ ድማ እቲ ኣቦታትና ዝጀመርዎ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮ፣ ምስ ባህልናን ምስ ሕቶታት ብሄራትናን፣ ንኡስ ሃገራትናን’ ኣዛሚድና ማእከላይ ሕንጻጽ ስለ ዘይሓንጸጽና፣ ኣብ ህዝብና ኣውሪድና ድማ ክነመርቖን ብጸሎትን ብሕሩድን ብጸወታ መንእሰይ ስለ ዘይዘምዘምናዮ ኩሉ ግዜ

ኣብ ጭቆናንን ነብር ዘሎና ንነፍስና ብውልቒ እዛ ሃገር ናይ ሓደ ወገንን ናይ ሓደ ብሄርን ናይ ሓደ ንኡስ ሃገርን /ኣውራጃ/ናይ ሓደ እምነትን ከም ዘይኮነት ኣሚና፣ ብትሕትናንን፣ ብፍቅርን፣ ንኹልና ዘዕግብን ብማዕርነትን ብድልየትን ዘንብር ሕንጻጻት ክንሕንጽጽ ዘይምኽኣልና ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ክግበር ከድሊ ኢዩ።

ሓዲስ ምሕደራ ክነታትኣታቱ፣ ዕርቅን ፍትሕን፣ ጌርና ርእሰ ተኣማምነትን፣ ናይ ሕድሕድ ምክብባርን፣ ክነረጋግጽ፣ መሬትና ደጊማ ብደም ደቓ ከም ዘይትጥልቂ ክንገብር ኣሎና። ኣነንትነትን ትምክሕትን ፋሺዝም፣ ካብ ሃገርናን ካብ ባህልናን መንቁስና ክንድርቢ፣ ኩሉ ዜጋ ኣብ ጫፍ ኮፍ ኢሉ ከይተሓማመየ፣ ኣብ ማእከል ተራኺቡ ብሓላፍነት ክዝቲ፣ ሃገራውዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ብስንኪ ባህላውነት ዝጎደሎ ፖሎቲካና፣ ክብርናንን ታሪኽናን ጎዲእና ከም ዘሎና ክንርዳእንን፣ ብኣካልን ብስነ-ኣምሮን ድማ ንተጋደልትናን፣ ንኣዴታትን፣ ንኣቦታትናን ንህጽናት ደቅናን፣ ስድራ ሱዉኣትናን፣ ኣካለ ስንኩላትናን፣ ሽማግሌታትና ጎዲእናዮም ከም ዘሎና ክንኣምንን ሓቕን ክትንተን፣ ፍትሕን ዕርቕን ክግበረሎ ከድሊ ኢዩ።

ዕርቒ ምስ እምነትናን ምስ ባህልናን ምስ ጎረባብትናን ክንገብር፣ ዘላቒ ሰላምን ንጽህና መሬትናን ማያትናን እየር ሃገርናን፣ ንኹለን ብሄራትናን፣ ንኹለን እምነታትናን፣ ንኹለን ውድባትናን፣ ንኹሉ መርሕነታትን፣ ንንኹሉ ኣባላትን፣ ዘርኢ ግዴታ ሃገር ኢዩ። ሓቅን፣ ፍትሕን፣ ዕርቕን ሓደ ንሓደ ዝተኹቦ፣ ገጸበረኽት ኣይኮነን፣ ንኹላትና ከም ነስተንፍሶ ንፋስ ዝደልየና እዩ።

### 4.2 ራኢና፣ ንባህላዊ ውዳባን ፈደራላዊ ባይቶ ንኡሳን ሃገራትናን (ኣውራጃታትን) ዝምልከት፣

ከም ሓደ ሕብረተሰብ፣ ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመት ቃልሲ፣ ስለምንታይ ኣብ ከም'ዚ ጸድፊ ፖሎቲካ ወዲቅና? ካብ ጥልመትን ስሳዔን ውልቓ ሰባት ዝመጻና ዕድል ድዩ? ነዚኽ ስለምንታይ ቀዲማን ክንከላኸሎ ዘይከኣልና? ድሕሪ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዝመጽእ ውልቓሰብን ውድብን፣ ህዝብና ክቆጻጸሮኽ እንታይ መቆጻጸሪ፣ ወይ ልጓም ቀሪብና ኣሎና? ፖሎቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ከባብያውያንን ቀይድታት ኣሎናዶ። እዚኦም ሕቶታት ናይ ከብሳ ወይ ናይ መታሕት፣ ናይ ሃይማኖት ወይ ናይ ብሄር ናይ ኣውራጃ ወይ ናይ ውድባ ኣይኮኑን። ካብ ጎረባብትና ዝሰገሩ ሕማማት ኢዮም ዝብሉ'ውን ኣይሳኣኑን ግን ከም ሰገን ርእስና ሓቢእና ንኸደኦም ዝጸናሕና፣ ኣብ በጺሕናዮ ዘሎና መድረኽ ድማ ዕሽሽ ዘይበሃሉ፣ ንቐጻልነትን ህላውየን ሃገር ቐንዲ ረቛሕቲ ይኾኑ ስለ ዘለዉ ኢዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ንጌጋኡ ዓወት ዝቆጽሮ፣ ንድንቁርኑኡ ጅግንነት ዝሓስብ፣ ኣብ ግዜ ፋሺዝም ኢዩ፣ ድሕሪኡ እዚ ድኽመት ክረኤ የብሉን ክሕከም ኣለዎ።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ነዚ ርእቶና ብትሕና ናብ ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን ክንቕርብ ከሎና ከም'ቲ ባህሊ ሃገርና ዝሓቶ ብትሕትናን ብኣኽብሮትን እዩ። ንኽትርድኡና ንድሕሪት ተመሊስና፣ ካብ ኣርባዓታት ጀሚርና ተሞኩሮ ፖሎቲካና ክሳብ ክንደይ ከም ዝጎድኣና ንተዓዘብ። ኣብ ኣርባዓታትን ሓምሳታትን ዝነበረ ፖሎቲካ ብማሕበር ኣንድነት ዝተዓብለለ እዩ ዝነበረ። እዚ ፖሎቲካዊ ማሕበር እዚ ድማ ብ ኢትዮጵያ ዝነቐለን ዝምወልን ስለ ዝነበረ፣ ንኣድነት ዘይቅበል 'ክቅበርን ክጥመቕን የብሉን' ኢሉ ዝኣወጀ፣ ብዙሕ ሂወትን ንብረትን ኣጥፊኡ። ብዘይድልየትና ድማ ተደፊእና "ፈደራላዊ ምሕደራ" ምስ ኢትዮጵያ ኣቲና። ድሕሪ እዚ ኹሉ ጸገም፣ ንሕና ንውንኖ ፖሎቲካን ውደባን ከም ዘድልየና ኣሚና፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድማ ኣቁምና። እዚ ውድብ እዚ እውን ካብ ኣፍንጭኡ እንዊሑ ዘይርኢ ኮይኑ። ህግሓኤ ክትውለድ ከላ ቀዳማይ ግርጭት ብብረት፣ ካልኣይ ግርጭት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ክፍታሕ ኣለዎ ትብል ዝነበረት፣ ስልጣን ናብኣ ክዝንብል ምስ ጀመረ ብወግዒ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ኣቲያ፣ ንተሓኤ ደምሲሳ። ብ1991ዓም ነጻነት ምስ ረኺብና፣ ኣደ ንኽልተ ደቓ ክትርእን ክትስዕምን ኣይተፈቕደን ምስ ንብዓተንን ምስ ጓሂኤንን ኣዴታትና ሓሊፈን። ክሳብ 20ሺሕ ሂወት መንእሰይና ከፊልና ክሳብ 200ሺሕ ዝግመት ድማ ንስደት ኣምሪሑ ኣሎ።

ነዚ ወንጀልን በድልን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ካብ ቐድም ኣትሒዘን ክመጽእ ይኽእል እዩ ዝበላ ፖሎቲካውያን ውድባትናን ውልቓሰባትን ድሕሪ ነጻነት'ውን ቓልሲ ቐጺሎም ሃገር ተሓሪራ መሬት ኣቦኦም ከይረገጹ ኣብ ቓልሲ ዘለዉ ብዙሓት ኢዮም። ድሕሪ ነጻነትን ብፍላይ

ድማ ድሕሪ እቲ ደብ ኣሳቢቡ ደማዊ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ ዝገበሮ፣ መራሕትን፣ ተጋደልትን፣ ኣካለስንኩላን፣ ሓፋሽ ውድባትን ደሞክራስያዊ ሕቶታት ዘልዓሉ ምስ ተጨፍለቑ እቲ ግንባር ጸረ ጨቓኒ ስርዓት ብቁጽርን ብውድባትን ሰፊሑ ግን ኣብ ዓይነት ፖሎቲካ ሓንቲ ለውጢ ስለ ዘየምጽኤ ዳግም ግዜ ብረታዊ ቓልሲ ዝነበረ ሃዋህው መጺኡ፣ ንጸላኢ ዘሕይል ንዓወት ህዝብና ድማ ዘደናጉ ኣገባብ ቓልሲ ሒዝና ኣሎና።

ኣብ ሃገርና፣ ብስንኪ እምነት ወይ ኣውራጃ ወይ ብሄር ዝተገብረ ኩናት ሓድሕድ የሎን። እዚ ማለት ግን ዓመጽ የሎን ማለትና ኣይኮነን። ብሰንኪ ፍልልይ ኣረእእያ ኣሎና፣ እናበልካ፣ ንመትከላት ውድብን ንስልጣን ውልቐ ሰብን ንምሕላው ዝጠፍኡ መንእሰይና ግን ቆጺርካ ኣይውዳእን። “ዓጸ ዓጸ ንማዕጸ” ኮይኑ ጸረ ባህልናን እምነታትናን ከም ንዕጠቕ ገሮምና፣ ነቲ ባህርያዊ ኣመባዓባላ ሕብረተሰብና ዓንቒፎሞ። ንፍልልያትና ድማ መርገም ገይሮም ኣረዲኦምና። ንህግሓኤ ኮነ ንተሓኤ ኩሉ ሂብናዮም። ሂወት ገንዘብ ግዜ እንታይ ዘይተዋህቦም? ነቲ ዝተረፈ ዝበልዎ’ውን ብሓይሊ ወሲዶም። ህግሓኤን ተሓኤን ንነጻነት ካብ ዝተቓለስዎ፣ ነቲ መን ዓብለለ ዘውጽእዎ ሓይሊ ይዓቢ። መንግስቲ ኤርትራ’ውን ንስልጣኑ ክሕሉ፣ ንበይኑ ዓብላሊ ኮይኑ ክነብር ዘይፈጸሞ በደልን ዘይራሰዮ ንብረትን ዘሎ ኣይመስለናን።

ኣቦታትና ነዚ ፖሎቲካና ኣብ በረኻ ከሎና ኮኒኖሞ ኢዮም። እዚ ፖሎቲካ ብዓቅሚ ባህልናን ቁጠባናን ዘይከይድ ናይ ሕልሚ እንጀራ ኢዩ ኢሎም፣ ከም ዝነጸግዎ ኩሉ ተጋዳላይ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ሓቆም ድማ ኢዮም ኮፍ ኢልና ዝሰቐልናዮ ደው ምስ በልና ዝነውሓና ኮይኑ። እዚ ፖሎቲካ እዚ ኣብ ሕብረተሰብና ዘይቲ ኣብ ልዕሊ ማይ እዩ። መሳርሒን ሕልምን ናይ ሒደት ሰባትን እዩ። ክሕጎሱ ንሕጎስ፣ ክሓዝኑ ንሓዝን፣ ክበእሱ ንበኣስ፣ ክፋቐሩ ንፋቐር፣ ተባኣሱ ክብሉና ንበኣስ። ኣጣቒዕና፣ ኣብ ስልጣን ንሰቕሎም ክንቆጻጸሮምን ዓቅሚ ስለ ዝጎድለና ድማ ኣብ ተባላዕቲ እንስሳ ይቅየሩ። ትጋገዩ ኣሎኹም ዝበሎ ድማ “ወገናዊ” “ብልሹው” ከምእዛ ምሳና ዘይነበሩ ተገምጢሎም “ፖሎቲካ ኣይትፈልጡ ኢኹም” “ሓንቒቕኩም”ብብዓቕሞም እንታይ “እንታይ ትፈልጡ” ክብሉና ንርኢ ኣሎና።

ንሕና እዚ ሕጂ ውድባትና ሒዘንኦ ዘለዋ ፖሎቲካ ምንጪ ስቓይና ስለ ዝኾነ ካብ ሱሩ ክንቕይሮ ንደሊ። ንውድባት ክነፍርስን ክንድምስስን ኣይኮናን ንደሊ ንኣተሓሳስብኤን ክቕይራ ሰላማዊ ቓልሲ ክንካይድ ኢና። ኩለን ሃገራት ኣፍሪቓ በዚ ፖሎቲካ ናይ መግዛእትታት ተሳቅየን ኢየን። ኮንኮ፣ ሩዋንዳ፣ ሶማልያ እቲ ዝለዓለ ጥርዙ ስነሓሳብ ገዛእቲ ኢዩ። ሙሁራቶምን ለባማት ሃገርን ፍታሕ ክረኽቡ ኣሕዋትና እፍሪቓውያን ይጽዕሩ ኣለዉ።

ንባህልናን ንእምነትናን ንቂያታትናን፣ ንረብሓና፣ ከይነውዕሎም ተኸልኺልና ንነብር ኣሎና። ከም ቐልቐል ምስ ወጸእካ ንድሕሪት ተመሊስካ ዘይትርእዮ፣ ከምኡ ንባህልታትናን ንፖሎቲካን ንእምነታትናን ንረብሓና ከይነውዕሎም፣ ድሑርን ፈለላይን ገይሮም ስለ ዘረድኡና፣ ባህላዊ ኣስማትና ኣጽሊእና ህዝቢ ሂብሩ ዝረስዮም እስማት ንደቕና ካብ ወንጌል ቐዲሕና ስግንጥር ዝኾኑ ንህቦም ኣሎና። ንኡሳን ሃገራትና ወይ ኣውራጃታትና ናይ ኣስማት ምርጫ ገዲፍካ እቲ ጆግራፊካዊ ዶብን፣ ኣብ ባህልና ዘይነበራ፣ ጣልያን ትማሊ ዝፈጠረን ኣይኾናን። ንግደ ሓቂ ሃገርና ኤርትራ ኢያ፣ ሓዳስን ጣልያን ዝቐረጻን ዝሰመያን። ከም’ቲ ንነጻነትና ርፈረንዱም ዝገበርናሉ፣ ንኤርትራ፣ ነቲ ጣልያን ዘጠመቓ ስማ ረፈረንዱም ክንገብረሉ ኔይሩና።

ስልጣን ሓይሊ፣ መግቢ፣ እዩ። እዚ ኹሉ ሽግር ድማ ህዝብና ንስልጣን ፖሎቲካ ኣብ ኢዱ ስለ ዘይጨበጠ ኣብ ከርተት ይነብር ኣሎ። ኣብ ግዜ ፈደረሽን፣ ሃጸይ ኢትዮጵያ ንስራሕ መንግስቲ ጸረ ሓድነትናን ነጻነትና ተጠቂሙሉ እዩ። ኩሉ ዚጋ ኣብ ስላሳይ ክፍሊ ዓለም፣ ንስራሕ መንግስቲ ምንጪ ናይ እቶት ስለ ዝኾነ ኩሉ ይሃርፎ እዩ። መንግስቲ ኣብ ስላሳይ ዓለም እንኮ ፋብሪካ እዩ። ኩሉ ኣብኡ ስራሕ ይቀዳደም። ሓወይ ወዲ ዓደይ ወዲ ኣውራጃይ ወዲ እምነተይ ወዲ ብሄረይ ወዲ ውድበይ እናበለ ድማ ንልሽውና መንገዲ ዝኸፍት ይኸውን። እዚ ዲክታቶር ሃገርና’ውን ድሕሪ ነጻነት፣ ንሰራሕተኛ መንግስቲ ጸልጺሉ፣ ን“ተጋዳላይ” ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ስራሕ መንግስቲ ኣትሒዝዎ፣ መሳርሒኡ ከም ዝኸውን ድማ ገይርዎ ኣሎ። ሕጂ’ውን ንበትሪ መንግስቲ መን ጨበጠ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ብዘይንሕስያ ክቕዳደሙ ንርኢ። እዚ ድማ ንቡር እዩ። ንኣይ

ዘይል ኣይወለድ፣ ግን ንናትካን ሒዝካ ንናይ ሓውኻን ብኢሰብኣውነት ፕሎቲካ ክትምጥሎ ኣይግባእን።

ሰብ ካብ'ቲ ካልኣይ ፍጥረቱ ዝምንጩ ሱሱዕ ኢዩ። ኣቦታትና ነዚ ካልኣይ ፍጥረት ሰብ ብሕግን ብእምነትን ብባህልን ይቅይድዎ ጸኒሖም። እቲ ኹሉ ሽግርና ድማ ካብ ፕሎቲካ ኣቦታትና ስለ ዘልገስና፣ መሰረት ዘይብሉ ፖሎቲካ ስለ ንኸተል፣ ንቅድሚትን ንድሕሪትን ዝትኩስ ብረት ዓጢቅና ንነፍስናንን ንቕድሜና ዘሎን ክነድሚ ንነብር ኣሎና። ደቅና ኣብ ዓዲ ኣቡኦም ተስፋ ሲኢኖም፣ ንባርነትን ንጥፍኣትን ክስደዱ ንርኢ ኣሎና። እቲ ኣብ ሃገርና ዝገዝእ ዘሎ ፋሺሽታዊ መንግስቲ፣ ውጺኢት ፖሎቲካና ምኻኑ ዘንጊዕና፣ ንሱ ጥራይ ኪኸደልና ንምህለል ኣሎና።

ንፖሎቲካውያን ውድባትና ይኹና ንመርሕነተን፣ ኣብ ልዕሊ ባህልናን ልዕሊ ብሄርናን፣ ልዕሊ እምነትናን፣ ልዕሊ ንኡስ ሃገርናን፣ ስልጣን ስለ ንህብ ኣብ ሸንኮለል ንነብር ኣሎና። ሳላ ብሄራትናን፣ ኣውራጃታትናን፣ እምነታትናን፣ ዘጽናሓልና ርእሰ ተኣማምነት፣ ንኤርትራ ካብ ኣፍ ሓርገጽ ኣውጺኢናያ። ነጻነት ከይሓዝናያ፣ ነጻ ምኻና ኣሚና ተሰዊእናላ። ካብ ውድባት ዝነግሳ ኣብ መሬት ኣቦና፣ ፈርሓት፣ ርእሰተኣማነት ዝጎደለና፣ ክብርን ሂወትን እምነትን ዘይብልና ኮና ንነብር ኣሎና። ንሕና ፍርያት ናይ ብዘበናት ዝተነድቐ ማሕበራዊ ሂወትን ባህልን እምነትን ፖሎቲኳና ዘንጊዕና ብሓንቲ ጽሕፍትን ኣዋጅን ንርእስናን ንፖሎትካናን ክንቕይር ፈቲና፣ ፈሺልና ድማ። ስምና ክርስቲያን ወይ ኣስላማይ ምኻና ይሕብር። ኣከይዳናናን፣ ኣመጋግባናን፣ ኣካድናናን መንነት ብሄርና ይሕብር። ባይቶናን ገዛናን ክዳናን መግብናን ኣመሻሽጣናን ሃብትና እዩ። እዚ ከኹርዓና ነበሮ ባህሊ ኒዒቕናዮ ኣብ ወጠጥ ፈጠጥ ክንወድቕ፣ ነቲ ናይ ገዛእትና ትምህርትን ብዳዔን ሓቂ ገርናዮ ንጎዓዝ ስለ ዘሎና ኢዩ።

ሓምላይ ምንቕስቓስ፣ ውዳባ ብዓዲ ብወረዳ ብንኡስ ሃገር /ኣውራጃን/ ክጅምር ቀንዲ ዕላማና እዩ። ስልጣን ፕሎቲካ ኣብ ኣውራጃታት /ካንቶና፣ ካብኡ ናብ ወረዳታት/ኮሙና/ ካብኡ ናብ ዓዲ /መሪ/ ፋሕ ክብል ንቓለስ። ውልቐ ሰብ ቅድሚ ኣብ ስልጣን ምምጽኡ ኣብ ቅድሚ ደቂ ዓዱ ብባህልናን ብእነትናን ብያታታትናን፣ ተመዚኑ ንዓዱን ንወረዳኡን ንኣውራጃኡን ይመርሕ። ውርዘይነትን፣ ፍቅርን፣ ሕውነትን፣ ልግስን፣ ሓልዮትን፣ ክብሪ ንኻልኡት ዘለዎን፣ ተባዕ፣ ብቅዓት፣ ቀንዲ መዓቐንቲታና እዮም። ብዓዱን ብወረዳኡን ብኣውራጃኡን ኣኽብሮት ንባህሉ ንእምነቱን ንሃገሩን ተገምጊሙ ይመረጽን ይምራሕን። መድረኻዊ ፖሎቲካ ውድባትና'ውን ነዚ ዕልማ ተረዲኤን ኣባላተን ብዓድን ብወረዳን ብኣውራጃን ክስርዑ ከተባብዓ፣ ብመሰረታት ዓዲ፣ ክመርሑን ክምርሑን መደባት ከተኣታትዋ ንጽውዔን። ሕብረተሰብና እዚ ዓይነት ውደባ ናይ ሹመትን ናይ ውድድርን ዝየኮነ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ሃገርና፣ ካብ'ዚ ዘላቶ ሕማቕ ኩነታት ክትወጽእ፣ ድማ ውድድርን ዘይምትእምማንን ክጠፍእ፣ ሃገርና ካብ ሓደጋ ምብታን ክትድሕን እዚ ሰረት ናይ ዓዲ ክነተኣታቱ ይግባኣና። እዚ ኣገባብ ኣውዳድባ እዚ ንነዊሕ ሰላምን ምዕባሌን ዘማዕደወት ሃገር ክንሃንጽ ከም ዘብቓዓና ደጋጊምና ነረጋግጽ።

እዚ ነቶም ኣብ ከተማታት ዝውለዱን ዝዓብዩን ብኣቦን ኣደን ዜጋታት ኤርትራ ንዘይኮኑን “ዝውስን »፣ ነቶም ንቁሓት ውድባት ድማ “ናይ ወገን”፣ ነቶም ምስ ገዛእቲ ስርዓታት ተማሕዝዮምን መሳርሒ ኮይኖምን መሬት እንዳማቶም ራስዮም ዘልዉ ድማ “ሕቶ” ኣምሲሎም ህዝብና ከም ሽግር መሬት ዘለዎ ገይሮ ከርድኡ፣ ነቶም ናይ ስላጣን ህርፋን ዘለዎም ድማ ፋሕ ብትን ዘእቱ ራኢ እዩ ክብሉናንከጸልሙናን ግዜ ዝወስደሎም ኣይኮናን። ከምኡ ግን ኣይኮነን ንኹልና ብሰላምን ብምኽብባርን ንኽነብር፣ባህሊ ሃገርን ፖሎቲካ ኣቦታትናን ከም ማይ መግብን ንኹልና ዘድሊ እዩ። ንኹሉ ዜጋ ድማ መሰልን ርእሰ ተኣማማንነትን ዝህብ እዩ። ኣብ ኣወዳድባና፣ ኣብ ከተማ ነባሪ፣ እቲ ዞባታትን ቀበልየን ወይ ከንቲባን፣ ዓድን ንኡስ ወረዳን ወይ ወረዳን ኢየን።እቲ ዞባታት ድማ ከም ዓዲ ይሰርሕ። ኣብ ከተማ ኣስመራ ዕዳጋ ዓርቢ፣ ዕዳጋ ሓሙስ ...ወዘተ ኣብ ከተማ ከረን ገዛባንዳ፣ ከረን ላዕላይ፣ ገዛ ወርቕት ወዘተ፣ ዓድታት ወይ ኮሙን እየን ኩሉ ነባሪ እዚ ቦታ ድማ ብዓሌትን ብእምነትን ብኣውራጃን ብፖሎቲካን መሰሉ ከይተግፎ ሕጊ ፌደራላዊ ብዘፍቅዶ ኣገባብ ክምርጽን ክምረጽን መሰል እህልዎ። ኣብ ደገ'ውን ንኣብነት ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ፣ ዚጋታት ናይ ንኡሳን ሃገራት (ኣውራጃታት) ካብ ሎሚ ብዓድን ብወረዳን ብደርጃ ንኡስ ሃገር፣ ብደርጃ ሃገር ድማ ፌደራላዊ ባይቶ እንተቖሙ፣ ንድቅና

ኣብ ባህሊ ኤውሮጳ ጠሊቆም ከይጠፍኡ፣ ባህልናን እምነትናን ባይቶናን ነሲጋግር፣ ነካይዶ ቓልሲ ከድምፅን ንጽባሕ ዋሕስ ዘለዎ ደሞክራስን ይኸውን፣ ሰላምን ኣብ መሬት ምስ ነገሰ ንምስጋም፣ ብባህልን ብቑጠባን ቁሩባትን ንጸንሕ፣ መዓልታዊ ሕብረተሰባዊ ሽግራት ሕቶ ኣረጋውያንን፣ ንሕሙማትን፣ ትምህርቲ ህጽናትን፣ መውግፅ ባታትን፣ ንሓደስቲ ስደተኛታትን ንምሕጋዝን፣ ሓላፍነት ንወስድ፣ ኣብ ቅድሚ ዘኤንገዱና ህዝቢ ድማ ኾርዕና ክንከይድ ሎሚ ክንብገሰሉ ኢና።

ኣብ ወጻኢ፣ ፖሎቲካ ውድባትና ናይ ቐደም ይኹን ናይ ሎሚ፣ ዝገደደ ናይ እዚ ጨቛኒ መንግስቲ፣ ንሕቶ ማሕበራዊ ይኹን መንፈሳዊ ሂወትና ዘይግድሶም፣ ወርሓዊ ውጽኢት እንተህባካ "ሃገራዊ" እንትዘይሃብካ ግን  ዜግነትካ ዝሓኩ ኢዮም። ባህልና ግን ከምኡ ኣይኮነን ኣብ ሞትን ኣብ መርዓን እሞ ንርኤ ቁሩብ ከይተተንከፈ ዝተረፈ ባህልና ኢዩ፣ ዜጋ ዓዲ ቅድሚ ማሃቡን ምውዳቡን ወዲ ዓዲ እዩ። ኣብ ዓዱ ድማ ክቡር፣ ቅቡል፣ እዩ። ኩሉ ድማ ተኸባቢሩ ይኸይድ ምኽንያቱ፣ ኣብ ዓዱ ጤሳ፣ ናይ እምነት ቦታ መስጊድ ቤተ መቅደስ፣ ናይ ስድራ መቐመጢ፣ ቤት ትምህርቲ፣ መምህር ቁርዓን ሸኽ፣ መምህር ወንጌል ቐሺ፣ ኣለዎ፣ እንተ ሞተ መቓብር፣ ንመሰሉ ዝሕሉ ባይቶ ዓዲ፣ ስለ ዘልዎ ካብ ዝፈላልዮ ዝቐራርቦ ይብዝሕ እሞ ንኽረዳዳእ ግዜ ኣይወስደሉን። ኣርባዓ ዓመት ኣብ ስደት ኣብ ትሕቲ ውድባት ተሰሪዕና ሰሪሕና፣ ኣብ በቦታና እሞ ንገምግም፣ እንታይ ዓወታት ቑጠባ፣ ባህሊ፣ ፖሎቲካ፣ ንቅሓት ሕረተሰብ ከሲብና?

ንዜግነት ዝምልከት ብኣዋጃት ዲክታቶር ዝጸደቐ፣ ከም ዘሎ ክንወስዶ ንግደድ። ነዚ ውሳኔታት ብኢደወነኑ ዝነጽግን ኣብ ጎደናታት ኮይኑ መስላት ካልኦት ዝግህስን ንግስጸ፣ ካብኡ እንተሓለፈ ድማ ክኽሰንን ክፍረድን ምኳኑ ነጠንቐቕ። ድሕሪ ሕጂ ሃዲስ መንነት ዝዕደል ግን ፌደራላዊ ባይቶ ንኡስ ሃገርን (ኣውራጃን)፣ ክልቲኡ ፌድራላዊ ባኡቶታት ሃገርን ዝወስንዎ ክኸውን ንሱ'ውን ሕቅን ፍትሕን ዕርቕን ክግበረሉ ክንሓትት ኢና።

ባዶ ኣነንትነት ፋሺሽቲ ሓንጎልና ክወስዶ የብሉን፣ ክንረግእን ቅድሚ ምዝራብና ክልለተ ግዜ ክንሓስብ ኣሎና። ንኤርትራ፣ ኤርትራውያንን፣ የመናውያንን፣ ሱዳውያንን፣ ኢትዮጵያውያንን፣ ጣልያንን፣ ሶማልያውያንን፣ ካልኦት ፈተውትን ዝተሰዉኡላ ሃገር ኢያ። ከም'ቲ ግዜ ንጉስ ሓበሻ ምድሪ ሰላምን ንኻልኦት ተዕቑብን ከባቢ ዝነበረ ሎሚ ድማ ኣብ ሃገርና ዝነግስ ፍትሒ ብደም ናይ እዚኦም ሱዉኣትን ዝበቆለን ዝተነድቐን ስለ ዝኾነ መለሌይና ፍትሒ ይኹን። ንናቱ ናተይ ዘይብልን፣ ንመሰሉ ከይሓትት ዝሓንኽን፣ ኣብ ባህልና ብደም ክጠፍእ ይምህለሉ። ምኽንያቱ ንሱ ስለ ዝፈርሔ ንደቑ ኣርዑት ባርነትን ድኽነትን ስለ ዘውርሶም ንሕናኸ ንድቅና እንታ ነውርሶም?

## 4.3 ራኢና፣ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ክሳብ ምንጻል ዝምልከት፣

"ብፍቕሪ ይመርዓዓዉ እንተኾነ ኢሎም ድማ ዋሕስ ይሕዙ" ከም ዝበሃል ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ዋሕስ እንተዘይብሉ መሃዝነት የጥፍእ፣ ርእሰ ተኣማንነት ይጎድሎ፣ ንሓዉ (ንወዲ ሃገሩ)፣ ብዓይኒ ሃይማኖትን ብሄርን ኣውራጃን ክጠማመትን እሞ ነንሕድሕዱ ክሓምን ከማርርን ይነብር። ሰሪሑ ከይበልፅ ብድኽነት ይምህምን፣ ተማሂሩ ከይምዕብል ብድንቁርና ጠጢሱ ይነብር። ኩሉ ግዜ ኣብ ዕግርግርን ኣብ ሰንፈላልን ይነብር። ብሕመቐቱን ብዓቅሙን ንክበጽሖ ዘይከኣለ ድማ ንኻልኦት ክጥቕንን ይነብር። ጸልማት ተኸዲኑ መርዛም ፖሎቲካ የሳውር። "ደቂ ዓደይ ኣበይሎኹም" "ደቂ ንኡስ ሃገረይ (ኣውራጃይ) ኣይትጥለሙኒ እባ" "ስመሩ" "ተላዓሉ" "ደቂ እምነተይ" እናበለ ናይ ተንኮል ስርሓት ይካየድ። ኣብ መጠረሽታ ድማ ሽፋን ሃገር ጌርካ ደቂ ሓንቲ ወረዳን ደቂ ሓንቲ እንዳን ውድብ ኣቑምና ኢልካ ሃገር ልኽ ውድብን ፖሎቲካን ኣሎኒ እናበለ መሩቑለይ ይብል። እዚ ክሕባእ ዘይግባእ እናሓብእናንን እናተንኮልንን፣ መድሃኒት ሽግርና ክንዲ ዝኸውን ቀንዲ ሕማም ሕብረተሰብና ኮይኑ ይርከብ። ንጡፍ ውደባን ስራሕን ክነካይድ ኣይከኣልናን። ልብና ተንኩሉ። ተጎጃጂልና። ነዚ ዝስሕቶ ዘሎ ኣይመስለናን።

ወዲ ሰብ፣ ዝያዳ ኣፍራዱ ክኸውን ባህሉን መበቆሉን ርእይቱኡን እምነቱን ብጋሕዲ ክዛረበሉን ክዓቑብን ከሎ ኢዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ካብ'ዚ ድሕረት ክንላቐቅ፣ ንምዕባሌን ንስራሕን ክንብገስ፣ መትከል፣ መሰል ርእሰ ውሳኔ ክሳብ ምንጻል ይኣምን። ዝወሃብን ዝኽላእን'ውን ኣይኮነን። ንኹልና ዘድልየና መስረታዊ መስል እዩ። እዚ መሰል እዚ ኣብ ኩሉ

መዓልታዊ ስራሓትናን ንብረትናን ርእይቶ ዓለምናን ከም መግቢ ንምገቦ ኢዩ። እዚ ስልማት እዚ ንውልቐሰብ ንዓዲ ንሃገራትና/ኣዉራጃታት/ ንብሄራት፣ ንጾታ፣ ንእምነት ዘማዕርግን ኢዩ። ንሃገር ድማ ብፈትልን መርፍእን ዘራኽብ ንደቂ ሰብ ብድለየትን ብዕግበትን ተወሃሂዶም ክነብሩ ዕድል ዝኸፍት በማዕጾ ኢዩ። መግዛእቲ ጣልያን ጨፍጪፉ ከም'ቲ ንሕና ደልዮ ዘይኮነ ከም'ቲ ንሱ ደስ ዝበሎ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ሃገር ወዲብና። ንሕና'ውን ብዕግበት ተቀቢልናዮ፣ መስዋእቲ ከፊልና ካብ ኣፍ ኣራዊት ኣውጺእናያ። ሓቢርና ተዋዲቕና። ኣብ ሓደ ጋህሲ ደቂ ትሽዓተ ብሄራትናን እምነታትን ንኡስ ሃገራትን (ኣውራጆታት) ብዘይመስቐልን ወርሕን ቐቢርና። ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ፣ ንኤርትራ ዘልዎም ፍቅርን ክብርን ብሂወት ገሊጾሞ። ድሕሪ ነጻነት ግን ኩሉ ከም እቲ ንሕና ዝኣቶናዮ ምብጻዓ ኣይከደን። ድሕሪ ሕጂ'ውን በዚ ሕዝናዮ ዘሎና ኣገባብ ፖሎቲካ ከም ዝመደብናዮ ክኸይድ እዩ ዝብል እምነት የብልናን። ደሞክራሲ ዋሕስ የድልዮ እዩ። ዋሕስና ድማ ዓዳዊ፣ ወረዳዊ፣ ንኡስ ሃገራዊ (ኣውራጃዊ) ብሄራዊ ባይቶታት ኢዩ። እዚ መሰል እዚ ናይ ገለ ብሄራት ሕቶ ጥራይ ኣይኮነንን ናይ ኩለን ብሄራት ሕቶ እዩ። መታን ነዚ መሰል፣ ከይንምልስን ከይንቅበልን ከይነጽድቕን፣ ብታሕቲ ታሕቲ “ዓፋር ይኹኑ ኩናማ ወያኔ ዘንቐሎም” ኢዮም፣ እናበልና ጸረ መሰል ወዲ ሰብ ደው ክንብል ብዙሕ ዘፍርሕን ዘርዕድን ወረታት ይነዛሕ ኣሎ። ኣብ ናይ ሓምሳታት ፖሎቲካዊ ታሪኽና፣ ማሕበር ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ፣ ንሃይማኖት ክርስትናን ንመሳፍንቲ ብሄር ትግሪኛን ትግሬን ተጎዝጒዙ ከም ዝኣተወ ናይ ትማሊ ተሞኩሮና ኢዩ። ካብ'ዚ ባዕልና ሲሕብና ዘእቶናዮ ምንጋጋ ገበል ክንወጽእ ሰብዓ ሺሕ ሰዊእና፣ ብቑጠባ ንሓደ ክፍለ ዘመን ዲሕርና፣ እዚ ሕሱም ተምኩሮ ክድገም ዝደልዮ የሎን። ሎሚ'ውን ኣብ ስልጣን ኩድጭ ኢሉ ክሳብ 20ሺሕ ብምኽንያት ትምክሕቱን ኮንቱ ጃህራኡን፣ መንእሰይና ዘጥፍኤን ተስፉ ሃገር ዘማህምን ዘሎን መብዛሕትኡ ብሄር ትግርኛ እዩ። እዚ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ክድገም ንደልዮ እንተሎና ተሓጺብካ ኣብ ጭቓ ኮይኑ። ናይ ኤርትራ ሉእላውነት፣ ባልግነት ዝሓዘ ብሄር የብልናን። እዚ ብሓደ ዘየሕድር፣ እግርኻ እናተቆርጠምካ ሱቕ በሉ ባህሊ ኣየዋጽኣናን እዩ። ብሄር ትግርኛ ብብዝሒ ህዝብን ትምህርትን ዝዓረነ ብሄር የሎን፣ ጽቡቕን ሕማቕን ናይ እዛ ሃገር ካብኡ ይብገስን ብኡ ይድምደምን። ታሪኽ ክንብል ከሎና ድማ ብኡ ይጅመር ብኡ ይውዳእ። እንተኽዕነ እዚ ብሄር ብመግዛእትታት ይኹን በዚ ፋሺሽታዊ ስርዓት፣ እቲ ጽቡቕን ምዕቡልን ባህሉ ፈሪሱ ኢዩ። ምኽንያቱ ነዚ ብሄር እዚ ክይሓዝካ ኤርትራ ክገዝእ ኢይ ኢልካ ምሕላም ማይ ምሕቛን ኢዩ። እንበኣር ነዚ ብሄር እዚ ከይረዳዳእ ብዓድታትን፣ ብእምነት፣ ብንኡሳን ሃገራትን (ኣውራጃታትን) ከንቑትዎ ብዙሕ ፈቲኖም። ኢሳያሲዝም'ውን ነዚ ክፍኣት እዚ ጽቡቕ ገይሩ ንስልጣኑ መሰረትን፣ መናዊሕን፣ ተጠቒሙሉን ይጥቀመሉን ኣሎ። ኣብ ቓልሲ ጸሚድና ዘሎና ድማ ብሰንኪ ትምኪሕትን ነጻልን ባህሪ መራሒ ህግደፍ ኢዩ። ንቅሓት ናይ እዚ ብሄር ንመጻኢ ዕድልና ቁልፊ ስለ ዝኾነ ንኣሽቱ ብሄራት ጸገመን ብኣገባብን ብኽብር ኣብ ቅድሚ ኩሉ ብሄራት ክወርድ ኣለዎ።

ንሕና፣ ውድባት ኩናማን ዓፋርን ንሙሉእ ህዝቢ ኩናማን ዓፋርን ይውክላ ኢየን፣ ወይ መራሕቶም ደሞክራስያውያን እዮም ኢልና ኣይንሙጉትን ዘሎና፣ እንታይ ድኣ ኤርትራ ናይ ኩልና እያ፣ ብድልየትና ንነብረላ፣ እተዘይጠዓመና ድማ ብድልየትና ንገድፋ፣ እዚ መሰል ግን ከም መርዓ ዘርፋ ኣብ መንገዲ ዝኸውን ኣይኮነን፣ ሕግን ታሪኽን ያታን ተኸቲልካ ዝግበር መሰል እዩ። ነዚ ሕቶ ኣየነይቲ ብሄር ወይ ሰብ የልዕሎ ኣሎ ብዝየገድስ፣ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ፣ ደው ክንብል ንኹልና ዘድልየና ኢዩ። ንህዝብና ድማ እዚ መሰል እዚ ዝብትኖ ዘይኮነ ዝተሓቛቑፎ፣ ንሓድነቱ ዘድክም ዘይኮነ ዘትርር፣ ምኽኒኡ ክነምህሮን ክነረጋግጸሉን ኣሎና። ንሰላሳ ዓመት ምስ ኢትዮጵያ ዝተዋጋእና፣ ህርፋን ናይ ደም ምፍሳስ ስለ ዝነበረና ኣይኮነን፣ መሰልና ስለ ዝተኸላእና እዩ። ካብ ማእከልና ተውጺዕና ዝብል ኣህዛብ እንተመጽኤ፣ ኣይተወጻዕኩምን፣ እንተበልና ካብ መግዛእታት ዝፈልየና እንታይ ኣሎ? ስርዓት ፋሺሽቲ ኢስያስ ንኹልና ሓመድና የስሕነና ከም ዘሎ ንኣምን ኢና። እንተኾነ ኢሳያስ ስሙ ኢስያስ እዩ፣ ናይ መን ወገን ምኻኑንን ነየና ወገን ተጸጊዑ፣ ጉልበትን ፍልጠትን ሰብን መዝሚዙ ስልጣኑ የናዊሕ ከም ዘሎ ዓይንና ንዘንቑሩና ኣይፋልኩም ንበሎም። ከተማ ባርንቱ ወይ ንንኡስ ሃገር ጋሽ ሰቲት ምስ ንኡሳን ሃገራት ሓምሴንን ሰራየን ከተኣሳስረን ከሎ፣ ዕላማ ኢሳያስ ዘይቅኑዕ እኳ ይኹን እንበር ካብ እዚ ዘይቅኑዕ ዕላማ መን ከም ዝጥቀም ብሩህ ኢዩ። ዓቅሚ ህዝቢ ኩናማን ናራን ካልኦት ብሄራትናን፣ ካብ ሰሜን ምስ ዝወርድ ህዝቢ፣ እሞ ጸግዒ መንግስቲ ዘለዎ ክወዳደር ኣይክእልን ኢዩ። ኣሰብኡት ሓለውቲ ካንሸሎ፣ ደቂ ኣንስትዮኦም ድማ ከደምቲ ገዝኦም ኮይኖም ክነብሩ ዝደልዩ እንተለዉ

ግን እዚ ግፍዕን ምጽናት ዓሌትን ምኽኑ ክነቕሑሉ ይግባእ። እዚ ድማ ወላ ብደሞክራስያዊ ኣሃዱእዊ መንግስቲ ወይ ዝይምእኩል መንግስቲ ዝበሃል እንተ ተግበረ'ውን ኣይንቅበሎና ኢና። ምኽንያቱ ብቐዳምነት እዚ ህዝቢ እዚ መሬቱን ባህሉን እምነቱን ባዕሉ ከማሓድር ክንኣምነሉ ኣሎና። ፈደራላዊ ንኡስ ሃገራዊ ባይቶ ኣቑሙ ንመሬቱ ይኹን ንኻልእ ብሕግታቱ ዝፈቅዶ ምስ ካልኦት ደቂ ሃገር ብዓይነት ድዩ ብገንዘብ ክሾጦን ክልውጦን ይግባእ። ካብ ኣስመራ ዝንቕል ኣውጃት ግን ወላ ጽባሕ ናይ ዝነኣሰት ብሄር መራሒ መንግስቲ ይኹን ዝቕበሎ የሎን።

እዚ ፋሺሽቲ ንመን የሕድግ ንመን ይህብ ብመን ይጅምር ብመን ይጥርሽ ስልቲ ናይ ፋሺሽቲ ብሩህ እኳ ይኹን እንበር ንህዝብና ነሎቲክ ካብ ግዜ መግዛእቲ ብዝሓስም ጭቆና ዝገርፎም ከም ዘሎ ንኣምን ኢና። ህዝቢ ብሌን፣ ህዝቢ ናራ፣ ህዝቢ ሕዳረብ፣ ህዝቢ ሳሆ፣ ካልኦት ብሄራትናን ዓው ኢልካ ዘይብከ ሞት ሕጹይ ኮይንወን ኣሎ። እቲ ሓቂ ግን "እዚኦም" ምባል ኣይገደፎን። ሓቁ ድማ እዩ። ብመደብን ብዓው ኢልካ ጭርሖታት እንደገምካ ዝግበር ወጽዓታት የሎን እንተብልና እቲ ፖዝቲፍ ዲስክሪሚነሽን Positive discrimination ዝበሃል ናይ ቋንቋን፣ ሞያን፣ መጎዓዓዝያን፣ ናይ ትምህርትን፣ ናይ ስራሕን ናይ ገዛ ወዘተ ኣሎ። ኣብ እባይቲ ናይ ሰንበል መንግስቲህግደፍ ብዶላር ዝሸጠ ክንደይ ካብ ሚእቲ ኩናማን ዓፋርን ሃረድዋን ካልኦት ብሄራትን ኣለዉ? ኣብ ከተማ ዓሰብን ከተማ ባርቱን ድማ መሬት ብመንግስቲ ምስ ተዓደለ ክንደይ ሓደስቲ ተቐማጦ ብሄር ትግሪኛን ብሄር ትግሬን ኣትዮም? እዚ ሕቶ ብኣነንትነትን ብትምክሕትን ክተሓዝ የብሉን። ብሕቶ መሬትን ካልእ ናይ ድኹማት መግለጺታትና ድማ ክትንክፎ ኣይግባእን። ናይ ብሄራት ሕቶ ካብ ናይ መሰል ምሕታት፣ ሓሊፉ፣ ብምፍላጥን ዘይምፍላጥን ንኻልእ ጠንቅታት ክወልድ ዝደፋፍኡ ጸላእቲ ህዝብና ኣለዉ። ሓደ ካብ ጸላእትና ድማ ህግደፍ እዩ። ህግደፍ ንስልጣኑ ከደልድል፣ ዓይንና ክዕምተና፣ ኣብ ልዕሌና ሓይሊ መታን ክጥቐም፣ ብሓድነት የህተፍትፍ፣ ልኡላውነት እናበለ ሕቶ ደሞክራሲ ይጭፍልቕ፣ ወገናውያን እናበለ ሓርበኛታት ይኣስር ኣሎ። በዚ ክንደሃል የብልናን ኣብ ነንሕድሕድና እምነት ነንብር። ንመስመር ወጹዓት ደው ኢልና ኣሎና ክንብል፣ እዚኣ መሰል እዚኣ ኢያ። 'መሰል ካልኦት ዘይሕሉ መሰል ወገኑ'ውን ክሕሉ ኣይክእልን' ቶጎርባ ኮም።

### 4.4 ራኢና፣ ንፈደራላዊ ምሕደራ ዝምልከት፣

ንነፍስኻ ባዕልካ ምምሕዳር መሰረታዊ መሰል ኢዩ። ሕዝብና ኣብ ከበሳ ይኹን ኣብ መታሕት ዝነብር መሰል ንብሄሩን፣ ንንኡስ ሃገሩን (ኣውራጃኡን፣) ንሃይማኖቱን፣ ንመሬቱን፣ ንዓዱን፣ ንውልቐ ሓዳሩን፣ ባዕሉ ከማሓድር ይሓትት ኣሎ። ከም ሰገን ርእስና ሓቢእና፣ ካብ ሓቂ ክንሃድም ኣይግባእን። ብትዕቢት ተነፊሕና፣ ጉድለት ንቅሓት እዩ እናበልካ ምሽክዕላል ክተርፍ ኣለዎ። ኤረ ገለስ ካብ ጎረባብቲ ዝመሓላለፈና ቫይርስ እዩ ይብሉ። ኣስላማይ ክስታናይ፣ ኩናማን ትግረን... ወዘተ፣ ሓማሴን ኣኮሎጉዛይ...ወዘተ ኣብ ማእከልና ምትእምማን ጎዲሉ ኣሎ። እዚ ዘይምትእምማን ወይ ምጥርጣር ከኣ ሕማቕ ዕድል ኣይኮነን። ምልክት ንቅሓት ኢዩ። ኣብ ኩሉ ዓለማት ዝርከብ ጽቡቕ ባህሪ ኣህዛብ እዩ። ኣፍራይነትን መሃዝነትን ካብ እዚ ቅንኢ ኢዩ ዝውለድን ዝምዕብልን። ነዚ ንቅሓት መሰል እንተሃብናዮ ንረብሓ ምልእቲ ሃገር ከም ዝውዕል ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተጨፍሊቕናዮ ግን ደይ ሕጅስ ንጭፍልቕ ዘሎና። ስልጣን ኣብ ኣስመራ ከይተኾመረ፣ ናብ ካልኦት ከተማታትና ወይ ንኡሳን ሃገራትና ክዝርጋሕ፣ መሰል ስራሕ እተን ካልኦት ንኡሳን ሃገራት'ውን ክረኽባ፣ ብቐረጽን ብኻልእ ምኽንያታትን ልዕሊ ዓቕመን ወጻኢ ከይሕተታ ስልጣን የድልየን ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ስልጣን እንጀራ ምኻኑ ኣብሪህናዮ ኣሎና። ካብ ኣስመራ ብጭልፋታት ዝዕደል ስልጣንን ትካቦ ቁጠባን ክተርፍ ኣለዎ፣ ናይ ምዕባሌ ኣፍ ደገ ይዓጹ ስለ ዝኾነ ስልጣን ናብ ኩለን ንኡሳት ሃገራት ወይ ኣውራጃታትና ፋሕ ክብል ኣለዎ።

'ኣሃዱኣዊ መንግስቲ፣' ሕጂ መታሓፍስቲ ተወሲኹሉ 'ዘይምእኩል መንግስቲ' ዝበሃል ኩሉ ጨፍላቒ ኢዩ። ከም'ቲ ግዜ ቓልሲ ዝጀምርናዮ ውድድር ውድባት ሕጂ'ውን ይቕጽል ኣሎ። እቲ ሕማቕ ግን ንረብሓ ውድባዊ ቃልሲ፣ ኣብ ደምና ኣትዩና፣ እዚ ድማ ንኣባላት ሕንቲ ውድብ መራሒኹም ስጋ ሰብ ምብላዕ ለሚዱ ዝብል ብጭብጢ እንተተርእዮም ሓደ እኳ ዝኣምነካ ኣይምረኸብካን። ኩለን ውድባት እንበኣር ክሳብ ስልጣን ዝሕዛ ኢየን መሰል ወዲ ሰብ ዝጣበቓ፣ ኣብ ስልጣን ምስ መጻ ግን ከም መራሒኤን ዝሓደሮ ክንሓር ኢና። ህግሓኤ ብግዜ ደርጊ ጣልያን

ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኑክሌር ሓተላ ክትኩዑ ዲክታቶር መንግስቱ ኣፍቂድላ ኣሎ ኢሎም ይቓወሙ ኔይሮም፣ ሎሚ ኢሱ ዝገበሮ ኩሉ ወላ ሓተላ ኒክሌር መዓር እዩ። ንወያኔ ኣብ ግዜ መራሒ ህግደፍ ኣዲስ ኣባባ ክመላለስ ከሎን ክሳብ ልዕሊ ደብ ክንሓስብ ኣሎና ክብል ከሎን ፈተዊ ህዝብና ኔሮም፣ ምስ መራሒ ውድቦም ምስ ወያኔ ምስ ተባእሰ ግን ኩሉ ኤርትራዊ ክበኣስ ይዕድሙ። እዚ ኢዩ ፖሎቲካና። ብኸንደይ ዘመናትን ብኸንደይ ረሃጽን፣ ደምን፣ ኩናትን፣ ኢውሮጳውያን ዝበጽሕዎ ስነ ፖሎቲካ ፓሪስ፣ ኣብ ዝባን ሕብረተሰብና ክነውርዶ ከሎና ከም ኣድጊ ንጽዕኖ ኣሎና። ፕሎቲካ ውድባትና ጸቢብ ዝኸውን ዘሎ'ውን ካብ እዚ ዝየላዕለ እዩ።

እንበኣር ዝገደደ መህሰይቲ ከየምጻኣልና ከሎ ውድባትና ንህዝብና ክንመርሓካ ዘይኮነ ባዕሉ ክምራሕን ከመሓድርን ዕድል ዝኸፍት ምሕደራ ፌደራላዊ መንግስቲ ካብ ሎሚ ዕድል ንኽፈትሉ። ከም መዓልታዊ መግቡ፣ ጌይሩ ንፖሎቲካ ዓዱን ወረድኡን ንኡስ ሃገሩን ክሰርሖ፣ ንግደፎ። ኣዚ ድማ ንሓደ ዘርብሕ ንሓደ ድማ ዝኽስር፣ ኣይኮነን። ንሓደ ዝሕጉስ ንሓደ ዘጉሂ፣ ድማ ክኸውን የብሉን። ንሓደ ንድሕሪት ዘትርፍ ንሓደ ንቅድሚት ዘወስድ ምንገዲ እውን ኣይኮነን ንኹልና ዘማዕብል እዩ። ንሕቶ መሬትን ንሕቶ ስልጣንን ዝምልከት ጥራይ ገርካ ክትንተን የብሉን እዚ ባህርያዊ መስል ናይ ወዲ ሰብ ኢዩ። ዜጋታት ብሰላም ክነብሩ ንገዝኦም ባዕሎም ከመሓድሩ መሰል ኣለዎም። እዚ መሰል ኢዚ ፍርቒ ዜጋን ምሉእ ዜጋን ዝስሚዕ ሕማቕ ባህሊ ናይ ወጻኢ ኣጥፊኡ ንኹላትና ማዕረ ዝሰርዕ ምሓደራ ኢዩ። ንመሃዝነትን፣ ንሓድነትን፣ ድማ ቀንዲ ረቛሒ እዩ።

ማእከላይ ፍታሕ ንብሎ <u>ፌደራላዊ ምሕደራ</u> ኣብ ትሽዓተ ንኡሳን ሃገራት ወይ ኣውራጃታትና እዩ። እዚ ናይ ኣውራጃታት ስምን ምሕንጻጽ ዶብን ደጊምካ ኣብ ፌደራላዊ ባይቶ ናይ ንኡስ ሃገርን (ኣውራጃን)፣ ሃገርን ክርኤ ንድግፍ። እንተኾነ ነቲ ኣምር ፌደራላዊ ውደባን፣ ፌደራላዊ መርሕነትን፣ ፌደራላዊ ኣተሓሕዛ ግርጭታትን ደው ንበል። ንሃገርና ስምርትን ድልድልትን ምዕብልትን ከም ዝገብራ ኣይንጠራጠርን ስለ ዝኾና ህዝብና ምሳን ደው ኢሉ ንፌደራላዊ ምሕደራ ክጠልብ ንጽዊዕ።

## 4.5 ራኢና፣ ንጸላኢትናን ንፈተውትናን ዝምልከት፣

ቀዳሞት ጸላእትና ክኾኑ ዝግብኦም ዝነበረ፣ ጥሜት፣ ድንቁርና፣ ሕማም፣ ካልእ ናይ ባህርን ናይ ሕብረተሰብና ድኻማትን ክኾኑ ምተመኔና፣ ግን ምስ "ወልደጋብር ዓዲ ኣየጋብር" ዝተባህለ ግዜ ውቤ ትዝ ይብለና። ኣጽፋሩ ተኺልልና ዘሎ ጸላኢ ሓውናንን ወዲ ሃገርናን እዩ። እዚ መትከል እዚ ግን ብምፍላጥ ድዩ ብዘይምፍላጥ ወይ ድማ ንሃለኽ ድፕሎማሲ ኢልካ ዘንቢዑ ኣሎ። ምብላዕ ብምብልዑ ዝብኢ ዓደይ ይብላዓኒ፣ ንክብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ ንዝባንካ ወዲ ኣቦ ኣይርኣዮ ዝብል ባህሊ'ውን ይገዝኣና ይህሉ። ዝሓመቐ ድማ ንመስረታዊ ሕቶታትና፣ ብኣሜሪካን ብኢትዮጵያን ተድፊእና፣ ንሓትት ከም ዘሎናን፣ ንሰርሕን ዘሎናን ለይትን መዓልትን ብመስመራት ፕሮፓጋንድኦም ክዛረበሉ ይውዕሉን ይሓድሩን ኣለዉ። እዚ ኣብ ኤርትራ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ሃገራዊ ሰራዊትን ወኒኑ ዘሎ ጉጅሌ፣ ኣመጻጽኡኡን ኣገባብ ኣተሓሕዛ ሰራዊትን ህዝብን ካባና ንላዕሊ ዝትንትኑ ዓበይቲ ሰባት ሃገርናን ውድባትን ኢድና በጥ ኣቢልና ንሰላም ንጽበየካ ኣሎና ማለት ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ጽድቂ ኢዩ። እዚ መርገጺ እዚ ካልእይ ግዜ ክርኤ ኣለዎ። ብብረት ምቕላስ፣ ንኽእልዶ ኣይንኽእልን መሰልና ኢዩ ካብ ክልቲኡ ወይ ሳልሳይ ምርጫ እንተሎ'ውን ክንመርጽ፣ እንተ ብጥራሽ ብረት ኣይተስሙዑና ግን ንጸላኢና ዘገልግል መርገጽ ይኸውን ኣሎ። እፈላልየና ድማ ኣሎ። ምኽንያቱ ወላ እቶም ዝተማህሩ ዓበይቲ ደቂ ሃገር ብብረት ዝመጽኤ ደሞክራሲ የሎን፣ ክብሉ ከለዉ፣ "ይገርመና ኣሎ"።

ምስ ጻላኢና ክንወስዶ ዝግባእና ኣገባብ ፍቅርናን ጽልእናን፣ ነቲ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ጸጥታዊ፣ ሓይሊ ተቆጻጺሩ ዘሎ ሓይሊ ጸላኢ ኢዩ ዝውስኖ እዩ። ዓይነት መንግስቲ፣ ዓይነት ጭቆና፣ ፕሮፓጋንዳውን ነጻንት ጽሕፈትን ኣብ ግምት ኤቲኻ ኣገባብ ኣማሓድራ ወሳኒ እዩ። ሎሚ ኩሉ ሃገራዊ ጉልበትን ሃብትን ትሕቲ ኢሳያስ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ ንስልጣንን ንክልስሓሳብ ኢሳያስን ዘገልግል ባርያኡ ኢዩ። ኣብ ዉሽጥን ኣብ ደገን ዝነብር ሙሉእ ህዝብና ኣብ ባርነትን ኣብ ራዕድን ይነብር ኣሎ። ኣብ ቅድሚ ኢሳያስ ሂወትን መሰልን፣ ኤርትራዊ፣ ካብ ናይ ከልብን

ኣድጊ ገዛን ዘይፍለ እዩ። ካብ ሞት ንላዕሊ መቕጻዕቲ ከም ዘሎ፣ ንምምሕዳር ኢስያስ ዘይቅበል "ሞት ትንእሶ" ዝብል ጭርሖ፣ ይኽተል። ከም'ቲ ናዚዝም ጀርመን ንኣይሁድን ንተቓወምቱን ብጭኻኔ ክሳብ ኣብ ፎርኖ ናይ ጋዝ ዘእተዎም እዚ ስርዓት ድማ ንህዝብና ብጥሜትንብሕማምን ኣማሲኑ ንእንቢ ዝበሉ ድማ ኣብ ኮንተይነርን፣ ኣብ ፎርኖ ሰሃራን፣ ኣብ ምኽንያት ዘይብሉ ኲናትን፣ ይጠብሶም ኣሎ። 1. ኣብ ስደት ንነብር ንደቅናን ንርእስናን ሒዝና ቅድሚ ኣርባዓታት ወይ ዓሰርተታት ዓመታት ካብ ሃገርና ዝረሓቕና ኢና። ሽግር ጸሓፍትናን ሙሁራናን ምናልባት እዚ ኸኸውን ይኽእል? 2. ብየዋህነት ወይ ብኣነንትነት ምስ እዚ ስርዓት፣ ብበሄርን፣ ብሃይማኖትን፣ ብወገንን፣ ብጸልማት ዘይቅኑዕ ኪድናን ንኣስር እሞ ብኽያትን ስቓይን ህዝብና ኣይግድሰናን? 3. ናይ መድረኽ ጸገማት ሓደስቲ እምነታት ኢየን። ንሰን ኣብ ክርስትናንን ኣብ እስልምናን ሲኣኤን ተምሳሎምን ብነዊሕ ዘንጊ ዘንቐሳቕሰወን ኢየን። ምሓውር ዉጹዓት ኣሲረን ኣሕሊፈን ዝህባ ንረብሓ ሓያላት ዘገልጋ። 4. እዚ ፕረፌሶርሲ ጎንጺ ይኣምን? ከይንበሃል ኣብ ቅድሚ ኤውሮጳውያን ሻንፕዮን ሰላም ክንከውን ናይ በለጽ መርገጽ'ውን ኣሎ። እንበር ኣብ ኤውሮጳ ተማሂርካን እናነበርካን ንመሰሉ ንዝለዓል ናይ ዉጹዓት ጎነጽ ይኹኑዋ ኣሎኹ ምባል ነዚ ዝገድድ ሃዋህው ፖሎቲካ ሃገርና ይኹን ኤውሮጳዊ ፖሎቲካ የሎን። ፋሺዝም ኤውሮጳ ብሰላማዊ ብብረት ዶ ኣይኮነን ኣፍንጭኡ ተዘቢጡ ዝተሳዕረ። እቲ ናይ ኮሙኒዝም ደንበ'ውን ብሓዲስ ብልሓትን ቅዲ ኲናት እዩ ወዲቑ። ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ዘሎ ደሞክራሲ ካብ ኣፍ ጠበንጃ ዝተወልደ ኢዩ። ከም ነጥቢ መፈላለዪ'ውን መይኮነን ግን ከም ወንጌል ንኻልኦት ክተእምንን ንርእስኻ ጫለዳ ክትከውን ፕራፓጋንዳዊ መሓውር ክትዝርግሕ ምስ ጀመርካ፣ ንሓውኻ ኣብ እንስሳነትን ፈታው ደምን ትገብሮ ስለ ዘሎኻን፣ ንዝሓለፈ ታሪኽ ቓልስና ከይተረፈ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ስለ ዘእቱን ጸገም እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፣ እንበር ጸገም ሙሁርና እዩ ኢልና ምሰግርናዮ፣ ግን መጠኑ ንጸላኢ ዘዕወትን ዘቐስንን ኣርእስቲ ይኸውን ስለ ዘሎ ግደፉ ክንብሎም ንደፍር።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ካብ'ቲ ቐንዲ ዕላማታቱ ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ኢዩ። ግን ምስ መን እዩ እቲ ሕቶ። ኣብ ማእከል እቲ ንኻልኣይ ግርጭታት፣ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፈትሕ ዝኣምንን ንሰላም ዝነቐለ ሓይልታትን እወ ምስ ኣብ ሃገርና ዝገዝእ ዘሎ ፋሺዝም ግን ጸሎሎ ጽልኢ ኣሎና። እቲ "ሃገራዊ ሰራዊት" ንብሎ'ውን ናቱ መሓውር ናይ ጭቆና ኢዩ። ከም'ቲ ናይ ጣልያን ፋሺሽታዊ ሰራዊት ንህዝብናን ንቐርኒ ኣፍሪቓን ክገዝእ ብክልስ ሓሳብ ፋሺዝም ተደፋፊኡ ዝነቐለ፣ ናይ ኤርትራ ሰራዊት ድማ መስርሒ ፋሺሽታዊ ሕልምታት ኢሳያስ ክትርጉም ዝተዓለመን ዝቆመን ኢዩ። ፋሺሽቲ ሰራውዊት እዩ። ናብ ኣካለ ስንኩላት ዝተኮሰ፣ ሃዲምኩም ኢሉ ንህጻናት ኣብ ዶብ ኣድብዩ ጸኒሑ ዝቐሽምድ፣ ንኣዴታቱ ዝኣሰር፣ ኣሓቱ ብዓበይቲ ሰብ ስልጣን ክዕመጻ ከለዋ ሱቕ ዝብል፣ ብዘይ ደሞዝ ንሃገር ዘይኮነ ንመናበሪ ገዛ መራሕቱ ዝሃንጽ፣ ምስ ጎረባብትና ኣብ ዝተፈላለየ ኲናት ዝጥበስ፣ ጸረ መሰሉን፣ ጸረ ደሞክራስን፣ ዝተመልመለ ኣጽፋር ፋሺሽቲ ኢዩ። ንቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮን፣ ዊዓን፣ ዳህላክን ክሊማን መን ይሕልወን ኣሎ? "እካእሎን "ዋርሳይን" እናበለ ዝዋጥየሎም፣ ዶ ኣይኮኑንን ካብ ሂንዲ መማህራን ከም ዝጠልብ ንፈልጥ እተ ሰራዊት ግን ኣይሰማዕናን። ኣብ ሳዋ ፍልስፍና ፋሺዝም፣ ጽልእን፣ ኣነንትነትን፣ "መን ፈጣሪኹም? ኢስያስ" ኣምሂርዎም። ኣብ ቅድሚ ዓይኖም፣ ኢሳያስ ዝበሎ ኩሉ ሓቂ፣ ንኢሳያስ ዝቋወም ኩሉ "ወያኔ" "ጀብሃ" እዩ። ንኽቐትሉን ንኽኣስሩን ዝተመልመሉ ማሺን ኢዮም። ቐዳማይን ካልኣይን ወያኔ ህዝቢ ትግራይ ታሪኻዊ ቃልሲ፣ ናይ ዉጹዓት ኢዩ። ወላ እቶም ኣብ ጎቦታት ሳሕል ምስ ወያናይን ዝወዓሉን ዝቆሰሉን ዝተሰዉኡን መሳርሒ ፋሺዝም ኮይኖም ጽልኢ ከሳውሩ ንርኢዮም ኣሎና፣ ጸረ ጅብሃ፣ ወያኔ ጽልኢ እንታይ ኣምጽኡ። እዚ ፋሺዝም ኣይኮነን ዝብለና እንተሎ ናይ ዱቸን ናይ ሂትለርን ወተሃደር ከመይ ኮይኖም ብህጻውንቶ ከም ዝዕልሙዎ ዝነበሩ ታሪኽ ንወከስ ንብሎም። ሕጋዊ ፍርዲ ይኹን፣ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ እሱራት ዘይፈልጡ፣ ንውላዱን ንኣቡኡን ዝቀትል ሰራዊት ኢዩ። ፋሺዝም ድማ ብጎነጽ ጥራይ እዩ ዝወድቕ። ነተን ብረታዊ ቓልሲ ዝካይዳ ዘለዋ ውድባት ድማ ጉልበታውን፣ ሞራልውን፣ ቁጠባውን፣ ሓገዛት፣ ክወሃበን ኣጥቢቕና ንኣባላትናን፣ ንህዝብናን ነተን ካልኦት ውድባትን ኣባላተንን ንጽዊዕ።

ፋሺዝም ዓቕሚ እንተዘይጎደሎ ግደፍ ንጎረባብቲ፣ ባሕርን ዊቕያኖስን ሰጊሩ ሃገራት ክወርር ዓይኑ ኣይሕስን። ከም'ቲ ኣብ ፊልም ቻርሊ ቻፕሊን፣ ሂትለር ንግሎፕ ሓቑፉ ኣብ ትሕቲ ጫማይ ክረግጸኪ እየ ዝበለ፣ ኢሳዪዝም፣ ክሳብ ኮንጎን ሶማልን ኮለል ዘብሎ እኳ ሕልሚ ፋሺሽዝም እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ኣብ ሓደ ሃገር ዝነግስ ፋሺዝም ጸላኢ ናይታ ሃገር ጥራይ ኣይኮነን፣ ጸላኢ ናይ

ኩሉ ሕብረተሰብ ዓለም እዩ። ኩሉ ደሞክራስያዊ ድማ ጸረ እዚ ፋሺዝም ደው ክብል ይግብኦ። ጸረ እዚ ፋሺዝም ምምካት ንህዝቢ ኤርትራ ደንጊጽካን ወይ ድማ ሓይል ስለ ኮንካ ቅልጽምካ ክተርእዮ ዝግበር ቃልሲ ኣይኮነን። ኣብ ዓለምና፣ ሕጊ ክኽብርን ፍትሓውነት ክነግስን ዝግበር ቓልሲ፣ ናይ ሓላፍነታውያንን ፍትሓውያንን ተበግሶ ኢዩ።

ብሰንዓ ዝፍለጥ ጸረ እዚ ስርዓት ዝነቐለ ኪዳን ፈታዊና ኢዩ። እንተኾነ ንቅሓትና ኣይበቕዖን ኣብ ታሪኽ ድማ ብኽመይ ይዝከር ክነርክበሉ ኢና። እንተ እተን ሃገራት ግን ኣብ ታሪኽናን ታሪኽ ኣፍሪቓናንን ክምስገናን፣ ክኽራን፣ ክዝከራን፣ ክነብራ ኢየን። ሕጂ'ውን ነተን ተሪፈን ዘለዋ፣ ከይንኽስረን፣ ምትዕጽጻፍን፣ ክሓትት ኢዩ። ንረብሓ ግዝያዊ ቤት ጽሕፈታትናን ተጋደልትናን ዝተወሰነ ዝምድና ዘይኮነ ውዕል ኣብ ሞንጎ ክልተኣዊ ሃገራት ናይ እስትራተጂካዊ ምሕዝነት ክምስረት ክንቓለስ ኣሎና። ካልኦት ደሞክራስያውያን ካብ ሓምሽተ ክፍለ ዓለማት፣ ጸረ ፋሺዝም ኤርትራ ሓባራዊ ግንባር ፖሎቲካን ቁጠባን ሰራዊትን ክነቑዉም ክሕግዙናን ግዴታ ኣለዎም። ኣብ ዓለምና፣ ሕጊ ክኽብርን ፍትሓውነት ክነግስን ዝግበር ቓልሲ፣ ናይ ሓላፍነታውያንን ፍትሓውያንን ኢዩ። ብዙሕ ኪዳን ጸረ ፋሺዝም ኔይሩን ኣሎን። ንደቅና ክንዲ ኣብ ዑና ኣቦኦም ንመልሶም ንዳግማይ ባርነት፣ ማዕጾ ገዝኦም ክኽፍቱ፣ ኣብ ሃገሮም ኩኾርዑን ንሕግዞም ንኣሜሪካን ንኣውስተራልያን እንተ ኣሳጋገርዎም እንታይ ኸሲብና። እቲ ድሕሪ ኩናት ሓድሕድ ኣብ ጸዊዕና ዘይነስምየም ዝኣተዉ፣ ኣውርቕን ሓርበኛታትን ዜጋታት ንሃገርና መኣስ ተመሊሶማ። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ይኹን ንካልኦት ጎረባብትና ነዚ ሽግር ክነረድእ ይግባኣና።

ኣብ ኩሉ ታሪኻት ከም እተራእየ፣ ፋሺዝም ጸረ ሂወትን ጸረ ከባብን እዩ። ብከላ ማያትን፣ ንፋስን፣ ሂወት ወዲ ሰብን፣ ኣይግድሶምን እዩ። ካብ ኩሉ ድማ ናይ ሳልሳይ ክፍለ ዓለም ዲክታቶርያታት ንስልጣኖም ክብሉ ንሃገሮም ጎድፍ ናይ ሓተላ ኑክሌር ገይሮመን ኣለዉ። ሃገርና ድማ ካብ'ዚ ሓደጋ ኣይወጽኣትን። ኣብ ቅድሚ ፈደራላዊ መንግስቲ ኤርትራ፣ እንኮ ምንጭን እቶታት ሃገርና፣ ብቐሊል ድማ ክትግበርን ዝኽእልን እንዳስትሪ ቱሪዝም ኢዩ። እዚ ስርዓት ግን ንባሕርና ይብክል ከም ዘሎ ካብ ዜጋታት ዝተኸወለ ምስጢር ኣይኮነን።

ነዚ ስርዓት እዚ ካብ ሱሩ ቐልጢፍና ክንምንቑሶ፣ ተቓወምቲ ደንበ ንጹር ኣፍልጦ ጸላኢና ክንውንን ኣብ'ዚ ሕቶ ክንፈላለን ኣይግባእን። እቲ ሕቶ መን ይትኩስ መን ኣይትኩስን ኣይኮነንን፣ እቲ ሕቶ እዚ ፋሺሽቲ ስርዓት ስለ ዝኾነ ኣብ ሓይሊ ይኣምን ብሓይሊ ድማ ክጠፍእ ኣለዎ ዝበሎ ቓል ፕራይም ሚኒስታአር ቸርቺር ንሂትለር ዝበሎ ኣብ ሃገርና ድማ ሓቅነት ኣለዎ። ባህሪ ኢሰያስ ኣብ ኩሉ ናቱ ሰዓብን ኣምላኽን ኣሎ። 11ሚኒስተራት ጥይት ኣይተኮሱን፣ ጋዜጠኛታት ኮበሮ ኩናት ኣይወቅዑን፣ ካብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣብ ኢዶም፣ ወረቐትን፣ ፒሮን፣ መጽሓፍ ቅዱስን፣ሒዞም ከለዉ፣ ካብ ገዝኦምን፣ ጽርግያን፣ ቤተ መቕደስን፣ ዝተገፈፉ፣ ኣይተመልሱን። ቤት ፍርዲ ዘቕርቦም እንተዝኸውን ከይነኽፋኣሎም ምበልና፣ ህላውየና ፈሊጡ፣ ክንዘራረብ ንዑ ኮፍ ንበል ዝብል እንተዝኸውን ክይነኮርዮ ምበልና፣ "ርኹናት" "ከሓድቲ" ክብለና ከሎን ህዝብና ድማ ከጽንት ከሎን ግን ንጸላኢና ዘይናቱ ምሃብና ታሪኽ ክወቕሰና ኢዩ።

### 4.6 ራኢና፣ ንሃገራዊ ዋዕላን፣ መንግስቲ ኣብ ወጻእን ዝምልከት፣

እዚ መደብ ሃገራዊ ዋዕላ ካብ ዝሕሰብ ነዊሕ ግዜ ወሲዱ። ድሕሪ ሕጂ'ውን ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ክወስድ ኢዩ። እንተተግብረ ድማ ውድባት ተስፋ ምስ ቆረጻ ንምድሓኒ ነፍስን ኢለን ባዕለን ክዕድማን ክገብራን ክምረጸን ኢየን። ንሂወትን ንፖሎቲካ ኤርትራ ግን ሓንቲ ለውጢ ከምጻኣሉ ኣይኮነን። ብዙሓት ውልቐ ሰባት በዚ ጉዳይ ለይትን መዓልትን ሰሪሖም ተኣምራታዊ ዝኾነ ጹሑፋት ቀሪቦም ግን ንሱ'ውን ከም'ቲ ቁዋም ኣብ ከብሒ ክበሊ እዩ። ስለምታይ እንተበልና? ዝሓለፈ ተሞኩሮ ናይ ህዝቢ ሽማግሌ ትበሃል ኣብ 1975ዓም ይዝከረኩምዶ? ነዚኣ ሽምግሌ ካብ ውድባት ከንቅልዋ ወይ ክድግፉዋ ከለዉ፣ እቶም ሓደ ወገን ኣይቅበሉናን ወይ ንግዜ መዓደጊ ክኾነና ተባሂሉ ንህዝብና ተንኩልናሉ። ክሰርሑ ምስ ተፈቕደ ድማ 'ተጠንቐቕ ሓረስታይ ንኣይ እንተዘይፈርድካ ግራትካ ኣብ ወሰን ኢያ ዘላ' በለ ሓሪሽ ከም ዝበሃል መጠረሽታኡ ብኽመይ ከም ዝተደምደመ ንዝክር ኢና። እቶም ሓረስቶት ካብ ኢትዮጵያ ዘይፈርሑ ካብ ድቆም ፈሪሖም ጸግዒ ውድብ ክሕዙ ወይ ድማ ንስደት ከምርሑ ተገዲዶም። ናይ 22 የካቲት 1977ዓም ምርኻብ

ክልተ ውድባት'ውን ናቱ ታሪኽ ኣለዎ። ህዝቢ ከረንን ከባቢኡን፣ ኣብ ከረን ንህግሓኤ፣ ሓድነት ደቅና ንደሊ፣ እዚ ዓወትና ሙሉእ ክኸውን ስመሩ፣ እናበለ ኣይውደብን ኣይሰርሕን ኢሉ ምስ ኣቐበጻ ኣብ ዉሽጢ ናይ ሓደ ሶሙን ዋና ጽሓፊ ክሳብ ሓዋሻይት ከይዱ ውዕል ከረን ተፈሪሙ። ድሕሪ ነጻነት ህዝቢ ይኹን ተጋዳላይ ናይ ኩሉ ሃገራዊ ዋዕላ ከይሓትት፣ ተቐዳዲሙ 'ሓሸውየ ውድባት የሎን' ክብል ከሎ ወላ ንህግሓኤ ኣብቂዓ ኢያ፣ ድሕሪ ሕጂ ብሰልፍታትን ብሲቪካዊ ማሕበራትን ኢና ንስርሕ ዝብል ጎስጓስ ይኸይድ ኔይሩ፣ ህዝቢ ድማ ሓቂ መሲልዎ፣ ጽቡቕ ገይሩ ኣብ በረኻ ከለዉ ዘይተሰማሙዑዶ፣ ኣብ ከተማታት ኣቲዮም ክሰማምዑ፣ በለ። ግን እቲ ተንኮል ምስ ተረድኦ፣ እሞ "ደቅና ዝተረፉ ኣለዉ ስለምታይ ንሶም ክኣትዉ መንገዲ ዝይግበረሎም" ክብሉ ጀመሩ። እዚ ነቲ ስልጣን ምስ ጨበጠ ዕም ዝበለ ይተሓጎም ኢሉ፣ ንኣካለ ስንኩላን ከይተረፍ ብጥይቶምን ብብረቶም ኮማንዶስ ሰዲዱ ቀተሎም።

ነዚ ግፍዒ ካብ ነዊሕ ግዜ ዝቓለሳ ዝነበራ ውድባትን ውልቐሰባትን ብዝለዓለ ጥርነፌ ክውደቡን ሓደ ጽላልል ክግብሩን ጠለብ ህዝቢ እናበዝሐ መጺኡ። ድሕሪ ክልተ ሺሕ ድማ ካብ ኣካላት መንግስቲ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ክቕልቐሉ ስለ ዝጀመሩ ህዝብና ሎምስ ተዕዊትና ክብል ይጅምር። እንተኾነ "ድሙ ነይሓድግ ግብሪ እሙ" ኮይኑ ህዝቢ ክንድር ከሎ ሰሚርና ይብላ። ስራሕ ክጅመር ከሎ ድማ ይፈላለያ። ካብ ሓደ ናብ ክልተ ምምቓልን ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስ ተዳኸማ ድማ ሓቢርና ክብላን እቲ ተርእዮ ብረታዊ ቓልሲ ይደጋገም ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ዘተኣማምን ጽላል ናይ ኩለን ተቓወምቲ ውድባት ክነቑውም ኣይበቓዕናንን ኣሎና። ከም እዚ ሃዋህው ሒዝካ ሃገራዊ ዋዕላ ምእታው ገመድ ኣብ ክሳድካ ጌርካ ምንጥልጣል እዩ።

ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ሕጂ'ውን ዋዕላ ናይ ኣቦታትና ናይ ዓድታትና ናይ ወረዳታትና ናይ ኣውራጃታትና ንኽግበር ጥጡሕ ባይታ ከም ዘሎ ንኣምን። ነዚ እምነት እዚ ድማ ንኣባላት ውድባትን መራሕተንን ከይተርፈ ሓደራ ሓንሳብ ንድሕሪት ቁልሕ ኢልኩም ገምጋም ቃልስና ግበሩ ንብሎም።

ሓደ ሰብ ኣብ ባህልና፣ እምነቱን ዓሌቱን ትምህርቱን ኣብ ማሕበራዊ ሂወትን ዘልዎ ቦታ ብዘየገድስን፣ ኣብ ዓዱ ክቡርን ፍቱውን መተካእታ ዘይብሉ'ውን እዩ። ኣብ ፖሎቲካ ኤርትራ ግን ሓደ ሰበ መዓቐኒኡ "እሺ" ባሃላይ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ዜጋ ኣብ ዓዱን ዓውዱን መንነቱ ኩሉ ወዲ ዓዲ ይፈልጦ፣ ኣብ ስደት ግን ኤርትራውያን ኢና ስለ ዝበልና መንነት ኤርትራ ንረክብ። እዚ ንጸላኢ ምስላኹ ምሹእ ኢዩ። ኮፍ ምስ በልና ድማ ንሕብረተሰብና ብበትርን ብሓይልን ጥራይ ክተሓዝ ከም ዝኽእል ስለ ዝተማሃርና 'ሓይሊ' ክህልወና ንብህግ። ኣብ ባይቶ ዓዲ ግን ፖሊስን ቤት ማእሰርትን ዘይብሎም ክመሓደሩ ኣርኪብና። ፍልል ናይ ባህልን ቋንቋን እምነትን ክውሰኾ ከሎ ድማ ኣይንረዳዳእን። ከም ናይ ባቢሎንያንስ ድማ ኣብ ኣኼባ ምስ ተራኸብና ንሓደ ዕላማ ተብጊስና ከሎና በበይናን ንዛረብ።

ውጽእ ምስ በልና ድማ እቲ ሓደ ከይቀደመና ከሎ ምኽኒታትና ምስ ዘለፋኡ ንጽሕፍ። ኣቦታትና ወልፊ ፖሎቲካ ሕማቕ እዩ ይብሉና ነይሮም። ነዚ ፖሎቲካ እዚ እዩ እንበር ነቲ መዓልታዊ ንሶም ኣብ ባይቶ እንዳባ ንዘካይድዎ ፖሎቲካ ገይሮም ኣይቆጽርውን ኢዮም። ናቶም መንፈስን ባህልን ሓላፍነትን ኣኽብሮትን ዝሓዘለ ቐጽሊ ዘውደቑሉ ዝመርሖም፣ እሞ ብትዕግስትን ብምጽውዋርን ዝስራሕ ከም ዝነበረ ኩል ዝፈልጦ ብሉጽ ፖሎቲካ እዩ ዝነበረ። ንሕና ቀልጢፍና ንፈርድ፣ ኤረ መን ፍቃድን ልቾንሳን ምስ ሃባካ ኢኻ ንኻልኦት ትፈርድ ምስ ትብሎ 'እዚ እኳ ርእይቶይ እዩ' ይብል። ተፋቂርና ከሎና ንብኣስ ኣይመስለናን፣ ምስ ተባእስና ድማ ንዕረቕ ኣይመስልናንን፣ እዚ ኹሉ ካብ ባህላዊ ፖሎቲካ ስለ ዝረሓቕና ንገብሮ ጌጋ ድማ ቅኑዕን መትከልውን እዩ እናበልና ንግዕር፣ ንጽባሕቱ ክንዕረቕ ከሎና ድማ ኣብ ፖሎቲካ ዘልኣለም ባእስን ዘለኣለም ፍቅርን የሎን ጥቅሚ እዩ ወሳኒ ንብል።

ተባኢስና ሽምግሌ ኣብ ማእከልና ክኣቱ ኣይንደልን፣ እንተትገብረ ድማ ንሽማግሌ ካብ ምስማዕ እቲ ባሺ ክቅጽል ንመርጽ፣ ድሕሪ ሳልስቲ ድማ ርክብ ጀሚርና ኣሎና ንብል፣ ጽኒሕ ኢልና ድማ ተዕሪቕና ንብል። መባኣሲና ከማን ንታሪኽ ክተርፍ ኣብ ጽሑፍ ኣይርከብን ኢዩ። ዝገደደ እቶም ንጥቀሞም ቓላት 'ኣድሓርሓርቲ፣ ወገናውያን፣ ተበለጽቲ፣ ድሞክራሲ ዘይርድኦም፣

ስልጣን ዝሃርፉ፣ ወዘተ' ንበሃሃል። ንሰብዓ ዓመት ድማ ኣብ እዚ ፖሎቲካ ባህሊ ፓሪስ ስድሪ ከይከድና ከም ባህላዊ ጸወታና፣ ኣብ ክቢ ኣቲና፣ ኩዳ ንግበር ኣሎና።

ሃይማኖታውያን ከምኡ ናይ ብሄራት ውድባት ከም ስመን፣ እተን ዝቐርባ ናብ ህዝብና እየን። እቲ ነሰን ዘልዕልኦ ዘለዋ ሕቶታት ድማ ንድግፎ። ምኽንያቱ ህዝብና ብሰላም ክነርብር ጠለቡ ከይሓብኤ ኣብ ባይቶ ሃገር ከውርድ፣ ክድገፍ ኣለዎ። ከሎ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ዝብኢ እግርኻ እንቆርጠመካ ሰቐ ንኽትብል ኣብ ከብድና ዝኣተወ ፍርሒ መጠረሽታኡ በጺሑ እዩ። ንናትካ ናተይ ምባል ኣብ ባህልና ጅግንነት እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ ግን ንውላድካ እኳ ውላደይ ከይንብል ተማሂርና። ንዋዕላ ሃገር ክንጽዋዕ ከሎ እተን ብግልጺ መንነተን ዝገለጻ ውድባት ጸገም ኣይኮናን ኢየን። ጸገምና ሕብረበሄራውያን ወረዳውያን ውድባት ብደረጃ ሃገር ኣሎና ክብላ ከለዋ ኢዩ። እዚ ኣብ ጭቡጥ ሃገራዊ ዋዕላ ክትኣቱ ከሎኻ፣ ስም መራሕቲ ፣ ስም ኣባላት ምስ ምሉእ ዝርዝር ክሕተት ኢዩ። ይከኣልዶ? ንስኽን ውድባትከ ነዚ ክትቅርባ ትኽእላዶ? እወ ገሊኤ ክህባ እየን ካልኦት ግን ኣባላትና ኣብ መሬትናን ኣብ ግንባርን ስለ ዘሎ ንጸዋታ የስግኣና እዩ፣ ብገምጋም ግን ዓሰርተ ሺሕ ኣባላት ኣለዉና፣ በዚ ምሰረት ድማ ካብ 75 ሃገራዊ መርሕነት ንውድብና 35 ሴድያ ይግባኣና ኢዩ፣ እንተበሉ መን የጻርዮ? ሓቅነቱ ንምጽራይከ ሕጋዊ ፖሊስ ኣሎ ዲዩ ከረጋግጾ? ነዚ ጸገም እዚ ንምፍታሕ ኢና ድማ ብዓዲ ብወረዳ ብኣውራጃ/ንኡስ ሃገር/ እናበልና ውደባ ንጀምር ንብል። እቲ ባይቶታት ብብኸተማኡ ናብ ሃገራዊ ፌደራላዊ ደርጃ ነብጻሓዮ። እቲ ሃገራዊ ባይቶ ድማ ናብ ክፍለ ዓለም ባይቶ ይመርሕ፣ ካብ ኩሉ ክፍለዓለማት ድማ ሓደ ህዝባዊ ሃገራዊ ፌደራላዊ ባይቶ ጸረ ፋሺዚም ክነቁዉምን እሞ ብሓላፍነትን ብእምነትን ብሓድነትን ንኹልና ኣብ ወጻኢ ንዘሎና ወኪሉ ይሰርሕ። እዚ ድማ ምስ እቲ ባይቶ ናይ ውድባት ብኪዳን ዝፍለጥ ሓደ ሓባርዊ ስርሓት ክግበር ይጽዕር። ንህዝብን ንፈተውትን ሓዊሱ ድማ ኮንፈረንስ ንመንግስቲ ምትካል ኣብ ወጽኢ ይመያየጥ። ዘዋጽእን ተቐባልነት ክረክብን ዝኽእል ኮይኑ እኻተተሰምዖ ድማ ግዝያዊ መንግስቲ ኣብ ስደት ይእውጅ።

እዚ ዘዛርባና ዘሎ ዋዕላ፣ ዋዕላ ኣብ ወጻኢ ዝንብር ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ብንጹር ድማ ነቲ ጸረ ፋሺዝም ዝቓለስ ዉጹዕ ህዝቢ ዝጥርንፍን ዝሕብሕብን ኢዩ። ብድልየትን ብስሚዒትን ከይከውን ብመጀመርታ እተን ዓድታትን ወረዳታትን ንእሳን ሃገራትን ብደረጃ ሃገር ከም ዝጥርነፋ ንግበር። ኣብ እዚ እተን ግዳይ ናይ እዚ ፋሺስቲ ኮይነን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዝኾና ከጽድቆኦን ኽዕጠቓሉን ኣባላት ባይቶ ድማ ብብዝሒ ንኽኾና ጻዕርታት ንግበር። ምኽንያቱ ኣዴታት ሓረግ ናይ ሓድነትናን መቐጸልታ ባህልናን ኢየን። ድሕሪ ኣዚ እቲ መንገዲ ንሃገራዊ ዋዕላን ካልእ ኣገዳሲ መደባት ሃገርን ክንሰርሕ ክቀለና ኢዩ።

ክቡራት ኣሓት ኣሕዋትን ነታ ስርጌላ ኣብ ቅድሚ ፈርስዶ? ዝዓይነቱ ፐሎቲካ ከዕውተና ኣይኮነን። ካብ ኩሉ ሙሁራትና ነዚ ራኢ እዚ ሓደራ ሕሰቡሉ። ካብ ሙሁሮ ኤእምሮ ስለ ዝኾነ ድማ እቶም ገዳይም ተጋደልትን ሽምግሌታት ዓድን ነዚ ባህላዊ ሰውራ ክንተኣታትዎ ሓግዙና። በዚ ሒዝናዮ ዘሎና ምነገዲ እዚ ፋሺሽቲ ስርዓት ክነውድቖ ኣይኮናን፣ ከም ናይ ሶርያን ሰሜን ኮሪያን መዛሙር ኲናት እናዘመረ፣ ክነብር እዩ ዝሕስብ። ወላ ንሱ ብቓልሲ ህዝብና ወይ ባማላርያ እንተኣወደቐ ፖሎቲካና ብሱልን ኣይኮንን ዘሎ። ካብ ሎሚ ኣብ ፈደራልዊት ሃገር ደው ኢልና ንጽናሕ። ሽማሌታትን ቐደም ተኣማርት ይፍጽሙ ጸኒሖም ሕጂ እውን ንኣኦም ነቐድም። ሰላምና ኣብ ኢድና ንሓዛ።

ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝብና፣ ነዚ ስርዓት ፋሺሽቲ ጸሊኢዎ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ልቡ'ውን ኣውጺእዎ እዩ። እቲ ጽልኢ ክሳብ ክንደይ ከም ዝዓሞቀ መርኣያ፣ ድማ እከኣሎን ዋርሳይን ብረቶም ሓንጊጦም ንስደት ይወጽኡ ኣለዉ። እንተኾነ "ክዳን ሓዲስ ክገዝእ እየ ኢልካ ነቲ ኣረጊት ኣይድርበን እዩ" ዝብል ብሂል ወለድና ሒዙ ህዝብና ባህላውን ነባርን ጥርነፌና ብጸሎትን ብተስፋን ይጽበ ኣሎ።

## 5.0 ራኢና፣ ንጽህና ከባቢና፣ /Ecological wisdom/፣ዝምልከት፣

ኤርትራ ኣብ ዝለዓለ መስመር ናይ ትራንስፖት ዓለም ዝመሓላለፈሉን፣ ብዙሕ ኲናት ዝተኻየዶ

ከባብን፣ ብዓቢኡ ድማ ደመና ናይ ኤውሮጳ እንዳስትሪ ዝዓልበሉ ቦታ ስለ እትርከብን፣ ጎረቤት ሳሃራ ምኳናን፣ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ቀልጢፍና ሓምላይ ጻዕሪ እንተዘይገብርና ንድራር ዕለትና ኮነ እቲ ፍቱው ኣየር ሃገርና ነበረ ክኸውን እዩ። እዚ ንቅሓት ኣብ ህዝብናን ኣን ፖሎቲካዊ ራኢ መንግስትናን ክዓሙቕ ኣለዎ። ባህልናን ኣገባብ መነባብሮናን ቀልጢፍና ክንቅይር ንግደድ ኣሎና።እዚ ንጽባሕ ነርክበሉ ዝበሃል ዕዮ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ  ከም ሓደ ኣካል ክሓስብን ክሰርሕን ክነብር ዝገብሮ ድማ ንቅሓት ከባቢ እዩ። ንቕሓት ከባቢ ዝጎደሎ ሕብረተሰብ ኣንዊሑ ክሓስብ ስለ ዘይክእል ኩሉ ይዕንቅፎ ፣ ንዝኾነ ሽግር ድማ በይናዊ ዝኾነ ፍትሕ የናዲ። እዚ ግን ኮፍ ኢሉ ስለ ዘይሓሰበ ኢዩ። ንኣብነት ካብ ከበሳታት ኤርትራ ዝውሕዙ ወሓይዝ ብሓንቲ ንግሆ ናብ ወይኒ ደጋን፣ ደጋን ዊሒዙ ወይ ድራር ወይ ሞት ወይ ጾጋ ወይ ሕማም ይህብ። ስለ እዚ ናይ ኢንዳስትሪ ርስሓትን ካልእ ንባህሪ ዝጎድኡ ትንስፖርትን መድሃኒትን ምስ ከባቢና ዝሰማምዑ ክኾኑ ክንቓለስ ኣሎና። ድሕሪ ሕጂ ኣገባብ መንባብሮ ህዝቢ ኤርትራ ብምጽናዕቲ ክውሰንን ህዝቢ ድማ ኣብ እቲ ውሳኔ ክካፈልን ኣለዎ። ናይ ሕርሻ መሬትና ብባህሪ ይጥቓዕ ስለ ዘሎ፣ ሓረስታይና፣ ኣብ ከበሳ ይኹን ኣብ መታሕት ንስደድ ይትረፍ ንድራር ዕለቱ እኳ ዝኸውን ከእቱ ይኽእል የሎን። ካብ'ዚ ድኽነት ክናገፍ፣ ንባሕርናን ንሉስሉስ ኣየር ሃገርናን፣ ካብ እንስሳታት ዘቤት ድማ ሓሪና፣ ነዚ መንጸፍ ጌርና ሓዲስ ኣገባብ ማእቶት፣ ክነኣታቱ ንግደድ። እዚ ሜላ ቁጠባ እዚ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ክሕዝ ዝኽእል ስለ ዝኾነ ህዝብና ስራሕ ኣልቦነት ቖልጢፉ ክላቐቕን ካብ ባርነት ኣብ ስደት ድማ ንሃገሩ ክምለስን ኣብ ሃገሩ ክነብርን ዘኽእለና እዩ።

ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ናይ ኤሮጳውያንን ካልኦት ኢንዳስትሪ ሃገራትን ንኣፍሪቓ ሓንቲ ናይ ጎሓፍ ክፍሊ ዓለም ገይሮማ ኣለዉ። ኣብ ጸግዒ ሃርጋፋት መራሕቲ ኮይኖም ንሃብቲ ይዘርፉ፣ ንዝድርበ መግብን፣ መድሃኒትን፣ መጻወቲ ቆልዑን ክዳውንትን፣ ካልእን፣ ንገለን ብሕቡእ ንገለን ብጋህዲ ንኣፍሪቓ ይጉሕፍዎ ኣለዉ። ሓምላይ ኤርትራ ንሓምላይ ምንቕስቓስ ጥራይ ዝርኢ ሕቶን ሕማምን ኣይኮነን። ኩለን ፖሎቲካዊ ውድባት ነዚ ከም ሽግር ምህላዉ እኳ ኣይዛረባሉን ኢየን። እዚ ግን ሓላፍነት ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾነ ኩሉ ክሓስበሉን ክቓለሶን ሓ.ም.ኤ ጻዕርታት ከካይድን ትምህርቲ ክህብን፣ ሓዲስ ቁዋም ኤርትራ ድማ ነዚ ዝምልከት ዓምቐጻት ከስፍር ክንቓለስ ኢና። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንሰብ ጥራይ ይብድል የሎን ንኹሉ ፍጡር ኣብ ኤርትራ ዝነብር የሳቕን የጽንትን ኣሎ። ብውልቐ ሰባት ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ናይ ሓምላይ እናመጎስና፣ ብመንግስቲ ዝግበር ዘሎ ዕንወት ከባቢና ግን ደው ክብል ንቓለስ። ምስ እቲ መሰል ወዲ ሰብ ንሓቶ መሰል ንጽህና ከባቢ እውን ክንሓትት ይግባኣና። ባሕርና ናይ ኑክሌራዊ ሓተላ ብከላ ከም ዘሎ ይዝረብ ኣሎ። ዝኾኑ ነዚ ፍልጠት ዘለዎም ጋዜጠኛታትን ፈላጣትን ንባሕሪ ኤርትራ ከይከዱ ብምኽንያት ወተሃደራዊ እስትራተጂ እንበልካ ብጥብቂ ይሕሎ እዩ። ኤርትራ ናይ ጽባሕ መግባ ካብ ባሕሪ ዝርከብ ባህራያዊ ሃብቲ ክትምርኮስ እንተኾይና ሎሚ ብከላ ደው ክብል ኩሉ ሕብረተሰብና ብንቕሓት ክከላኸለሉ ክንጽዕር ኢና።

ንበልዖ መግብን፣ ነስተንፍሶ ኣየር፣ ነብረሉ ቤትን፣ ንኽደኖ ኪዳንን ቐንዲ ናይ ጥዕናና ወሰንቲ ኢዮም። ብዛዕባ እዚኦም እዚ ዲክታቶር ምስ ወደቐ ነርክበሎም ዝብሉ ብዙሓት ኣለዉ። እዚ ግን ብዓይኒ ሕክምና ተመርሚሩ ህዝብና፣ ብሰንኪ ብከላ ባህሪ፣ ክሳብ ክንደይ ይሳቐ ከም ዘሎ መጽናዕትታት ኣይተገብረን፣ እንበር ብባህሪ ዝቕዘፍ ዘሎ ብዙሕ ኢዩ። ብሰንኪ ዘይንቕሓትናን ስሳዔናን ንርእስናን ንህዝብናን ከይንጎድእ እዚ ዕላማታት ናይ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ኩሉ ዜጋ ኤርትራ ደው ክብለሉ ንመክር።

### 6.0 ራኢና፣ ምስ ኪዳንን ወጻኢ ኪዳን ምስ ዘለዉ ውድባት ክህልወና ዝግባእ ዝምድና ዝምልከት፣

ኣገባብ ምጥርናፍ ኪድን ክድገፍ ዘለዎ እዩ። ምኽንያቱ እታ ካልኣይቲ ባይቶ ኣብ ፌደራላዊ ኤርትራ ትትከል እዚ ኣገባብ ክሕዝ እዩ። ቻርተር ኪዳን ግን ክሰፍሕን ንመሰረታዊ መሰላት ወዲ ሰብ ክጣበቕን፣ ንቐዳማይ ባይቶ ናይ ፌደራላዊት ኤርትራ ከእንግድን ቓልሲ ሓድነት ቓልሲ ክነካይድ ኢና።

ንኪዳን ምኹናንን ካብ ህዝቢ ምንጻልን ክተርፍ ኣለዎ። ደሞክራሲ ጥዑም እዩ ዝበለ መን ኢዩ። መሪር ዕረ ኢዩ፣ ግን እንተሰቲኻዮ መድሃኒት ይኸውን። ዲክታቶርያዊ ኣምር ግን ከም ሽኮራዊ

መስተ ኢዩ፣ እንተሰቲኻዮ ይቐትለካ። ኣብ ማእከልና ምንጽጻልን፣ ምንእኣስን ክተርፍ እሞ ኣብ ክንድኡ ምጽውዋርን፣ ዘተን፣ ሽምግልናን፣ ክምዕብል ንኪዳን ንሓልዎ። ዝሰርሕ ክኸወን ድማ ራኢና ንህብ ኣሎና። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ኣብ ሃገርና መንግስቲ ናይ ባይቶ ወይ መንግስቲ ናይ ፓርላመንቲ ክትከል ከም ንቓለስ ኣብ ላዕሊ ሓቢርና ኣሎና።

ንኣብነት ክኾነና ኣብ ፈረንሳ፣ ፕረሲደንታዊ መንግስቲ ወይ ኣህዱኣዊ መንግስቲ ይበሃል ኣብ ስዊስ፣ ግን ቐጥታ ተኻፋልነት ህዝቢ ዘለዎ ፓርለምንታዊ ፈደራላዊ መንግስቲ፣ /Direct democracy Federal parliamentary republic/ ይበሃል። እዚ መነግስቲ ነቶም ዉሑዳት ዝጣብቕ፣ ነቶም ብዙሓት ድማ ዘሳኒ መንግስቲ ኢዩ። እዚ ክልተ መንግስታት እዚ ነናቱ ታሪኽን ምዕባሌን ኣለዎ። ኣብ ኤርትራ ቕድሚ ጣልያን ምእታዉ ምምሕዳራት ወይ መንግስትታት ብብሄር ገለን ብእንዳ ገለን ብዓሌት ክጽዋዕ ከሎ ገለ ግን ምዕቡል ኮይኑ ብንኡስ ሃገር ይጽዋዕ ኔይሩ። ንኣብነት ክኸውን መንግስቲ ኩናማ፣ መንግስቲ መንሳዕ፣ መንግስቲ ብሌን፣ መንግስቲ ባሕሪ ነጋሲ /ንሰለስተ ንኡሳን ሃገራት ብባይቶኣዊ ኣገባብ ዘመሓድር ዝነበረ፣/ መንግስቲ ባርካ፣ ..ወዘተ እዚ መንግስታት ከከም ዓቕሙ ይዓቢ ኔይሩ፣ መምስ ጎረቤቱ ድማ ማእከላይ ሕግታት ናይ መነባብሮ ይሕንጽጽ ነበሩ።እዚ መንግስታት ብደፋእታዊ ምዕባሌ ኣብ ሓደ ማእከላይ መንግስቲ ምበጽሔ

ኔይሩ፣ ግን ብመግዛእቲ ጣልያን ተጎቢጡ። ጣልያን ነቲ ዝመሳሰል መንግስታት ኣብ ሓደ እክብ ኣቢሉ፣ ከም'ቲ ኣብ ሃገሩ ዝነበረ ዓይነት ምሕደራ፣ ኣውራጃዊ ምምቕቃል ኣተኣታትዩ።'ነዚ ህዝቢ ኣገባብ ምሕደራ ክነምህሮ ኣይንበቕዕን ኢና' ክብል ድማ እቲ ናይ መጀመርታ ገዛኢ ኤርትራ ኮይኑ ዝተሸመ ኣልፐርቶ ፖለራ ኣብ መዘክሩ ኣስፊርዎ ይርከብ። ንሕና ንጣብቆን ክህሉ ንቓለሶን ድማ እዚ ብባልህና ቀሰ ብቀስ ዝምዕብል ዝነበረ ምሕደራ መንግስታት እዩ።

ደሞክራሲ ዝጭበጥ እዩ፣ ዘይጭበጥ ምስ ዝኸውን ግን ሃረርታን ሕልምን ኢዩ። ካብ'ዚ ሕልሚ እዚ ይስተረና። ሓደ መንግስቲ ደሞክራስያዊ እዩ ክንብሎ፣ 1. ልዕሊ ኩሉ ህዝቢ እዩ፣ ስልጣን ናይ ህዝቢ እዩ፣ ንሱ ድማ ብደምጺ ይረጋገጽ፣ 2. ኩሉ ዜጋ ብምርጨኡ ወይ ተውኪሉ ኣብ መንግስቲ ክኣቱ መሰሉ ሕሉው ይኸውን፣ 3. ብዘይጸቅጢ ነጻ ምርጫ፣ ምስ ዝኸይድ፣ 3. ነጻነት ውልቐሰብ ብቁዋም ዝተረጋገጸ፣ 4. ስለስተ ኣካላት መንግስቲ ሓራ ኮይኑ ምስ ዝሰርሕ፣ 5.ነጻነት ፕረስ፣ 6. ብዝሓ ምርጫ ምስ ዝኸብር፣ 7. ብረፈረንዱምን ብተበግሶ ዜጋታትን ዝተዓጀበ፣ ምስ ዝኸውን ብዓቅሚ ህዝቢ ዝተሓዝን ዝረኤን ዝኸይድን ዝወርድን ዝድይብን ኮይኑ ናይ መስረታት ደሞክራሲ ወይ ትኽ ዝበለ ደሞክራሲ ንብሎ። እዚ ብጭብጢ ኣብ ናይ ፓርለመንታዊ ወይ ፌድራልዊ መንግስቲ ይሰርሕ። ፈደራላዊ ምሕደራ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ንኡስ ሃገራት፣ እሞ ፍልልያት ምዕባሌ ፖሎቲካውን ብቁጠባውን ባህላውን ዘለወን ዝሓቑፍን ዝመሓድርን ባይቶኣዊ ምሕደራ እዩ። ኣብ ፈደራል ምሕደራ ክልተ መንግስታት ኣለዉ፣ ፈደራልዊ መንግስትን ንኡስ ሃገራዊ መንግስትን። ክልቲኡ ድማ ብምርጫ ህዝቢ ይመጽኡ። ኣብ ክልቲኡ መንግስታት ዝሰርሑ ምልሻ ወይ ድማ ፍርቂ ምልሻ ወይ ቁሩብ ሞያውያን /ፕሮፈሽናል/ ክኾኑ ይኽእሉ።

ህዝቢ ካብ ማእከሉ ብነጻ ምርጫ ንወከልቲ ሃገራዊ ባይቶን national council /poll proportional/፣ንወከልቲ መንግስታት ባይቶን council of the states / majority poll/ ብቐጥታ ይመርጽ። ነቲ ሓደ ዝበሎ እቲ ካልኣይ ክነጽጎ ወይ ንረፈረንዱም ክመርሖን ይኽእል። ክልቲኡ ባይቶታት ሚዛን ስልጣንን፣ መሰላት ህዝብን፣ ምሕደራ መንግስትን ይቆጻጸሩ። እዚ ክልተ ባይቶታት ድማ ንፈድራላዊ ባይቶ የቐሙ። ፈደራላዊ ባይቶ ድማ ንመራሕቲ ፈደራል ይመረጹ።እቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ሰለስተ ስልጣን ዘለዎ ምሕደራ ይኽተል። ሓጋጊ ኣካል /legislative power/ ፣ ፈጻሚ ኣካል /executive power/፣ ፈራዲ ኣካል /judicial power/ መራሕቲ ፈደራል፣ ንብሎም። ብጸቕጥን ብብዝሒ ድምጽን ነተን ንኣሽቱ ንኡሳን ሃገራት እተን ዓበይቲ ከይዕብልልኤን ንኡስ ሃገር ሽቶ ኣለዎ። ዘይምርድዳእ ብሽምግልናን ጥራይ ይዓርፍ።

ናይ ኪዳን ባይቶ፣ እቲ ናይ ጽባሕ ሃገራዊ ባይቶ national council /poll proportional/ኢዩ። እዚ ባይቶ እዚ ውድባት ንወከልተንን ንፕሮግራመንን ኣብ ህዝቢ ኣውሪደን፣ ህዝቢ ዝሓረዮም ወከልቲ ፓርትታት ዘቆሙኦ ባይቶ ኢዩ። እዚ ባይቶ እዚ ዝያዳ ናይ ፖሎቲካ መስመራት

ዝሕቁፍ ስለ ዝኾነ ኣብ ግዜ ቓልሲ ቆይሙ ፍርያት ዝህብ ኣይኮነንን። ኤረ ሽንኮለል ኢዩ። ዝፍጸም'ውን ኣይኮነን። ብቐሊልል እውን ናይ ጸላኢ ኢድ ክሰልኮ ስለ ዝኽእል ዝእመንን ዝትግበርን ኣይኮነንን። ስሜንን ደቡብን ናይ ማግኔት ምልጋብ ኢዩ። ፕሎቲካውያን ውድባት ከም'ዚ ህላዌ እዚ ከለዋ ዓወት እንተመጽኤ ድማ ንኹልና ዘርብሕ ኣይክኸውንን እዩ። ካልእ ቓልስን ካልእ ደምን ክሓተና እዩ።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ብቐዳምነት ክመጽእ ዘለዎ ትብሎ እቲ ናይ ንኡሳን ሃገራት ፌደራላዊ ባይቶ ኢዩ። (ኣስማት ናይ ንኡሳት ሃገራት ኣብ'ዚ ግዜ እቲ ናይ ርእሲ ከተማ ናይ ንኡስ ሃገር ክትካእ ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ኣስማት ንኡሳት ሃገራት ከም መኻቲዒ ኣይንውሰዶ።) ናይ ንኡሳን ሃገራት ወይ ናይ ኣውራጃታት ወይ ካንቶናት cionseil of the States ቁጽሪ ወከልቲ ምስ ብዝሕን ዋሕድን ንኡስ ሃገር ከየረኤካ ንኣብነት ንኡሳን ሃገራትና ሰሰለስተ ንወክል እተኢለን ዕስራን ሾብዓተን ሰባት ዘጋብእ ባይቶ እዩ። እዚ ባይቶ፣ እዚ ጸላኢ ክስትኮ ኣጸጋሚ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝመረጸን ባይቶ ንኡስ ሃገር ካብ ብባይቶ ዓዲ፣ ብባይቶ ወረዳ፣ ጌይሩ ስለ ዝሓልፍ ንወዲ ዓዲ ዝኽወሎ የሎን። እቲ ጉዳይ ስራሕ ድማ ንሹመትን ንምውድዳርን ዘይኮነ ንሓላፍነትን ንግሉጽነትን ዝዕድም ክኾነና እዩ። ካብ ኩሉ ድማ እቲ ምብሓት ናይ ስልጣንን ዝየድሊ ምጥምማትን ደው እብል። ኣብ'ዚ ባይቶ'ዚ ንኡሳን ሃገራት ከይዕብለላ፣ ቬቶ ክጥቐማ የፍቕድ እዚ ድማ እዩ ርእሰ ምትእምማን ፈጢሩ ሓድነትና ዝሕሉ።

ህዝብና ዝያዳ ዝፋቐርን ተኸባቢሩ ዝነብርን ብንኡስ ሃገሩ ( ኣውራጃኡ) ትጠርኒፉ ክነብር ከሎ ኢዩ። እዚ ሜላ እዚ ጥጡሕ ባይታ ናይ መቓለሲ ድማ እዩ። ጸላኢና ዝጸልእ ሜላ ኢያ። ንንኡሳን ሃገራት ከፍርስ ከሎ እዚ ባህላዊ ክተት ከይመጽኡ ፈላልዩ ክውቅዓን ስለ ዝደለየ እዩ። ብፍርሕን ብራዕድን ንኹሉ ገዲፉ ክሃድም ዝገድዶ ሜላ እዩ። ኣብ ናይ ቅድም ስደተኛታት ሎሚ ድማ መሳቱ ደቅና ብመደብ ካብ ሃገሮም የባርሮም ኣሎ። እዚኦም ንሃገሮም ክምለሱ ባህሊ ሃገሮምን እምነትን ከይጥፍኡ ኣርኪብና ክነምህሮምን ክንውድቦም ብባህሎምክንዛረቦም ኣሎና። ጽባሕ ንሃገሮም ክቓለሱን ክሳግሙን ዕድል ዝኸፍት ውደባ ኢዩ። ካብ ጥቅምቲ ካብ ጥንቲ፣ ዝነበራ ባህላውያን ንኡሳን ሃገራትና፣ተድምሲሰን ኣብ ልዕልኤን ጸላኢና ይስዕስዕ ኣሎ። ኣብ ንቡር ክንመልሰን ዝኽእለና ሜላ ድማ እዚ እዩ። ነተን ብብሄርን ብእምነትን ብኣውራጃን ወይ ንኡስ ሃገርን ንመሰል ዝቓለሳን ዝሰዋኣን ዘለዋ ውድባትና ድማ ዝሓቁፍ ሜላ እዩ። ሓድነትና ድማ ይተርር። ኣብ ሃገርና ድማ ብቐሊሉ ሓዲስ ማዕበል ክወልድን ክምዕብልን ይኽእል።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኣብ ኪዳን ዘየለዋን ዘየለዋን ውድባት፣ ካልእዊ ጎንጸን ብሰላምን ብሽምግልናንን ፈቲሔን ናይ ምንቕቓፍን ናይ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን ዝምድና ክምስርታ ይምነ። ስልጣን ካብ ሎሚ ናብ ዓድታትን፣ ወረዳታትን፣ ንኡስ ሃገራትን (ኣውራጃታትን) ክነውርዶ፣ ህዝብና ብነጻ ምርጫ፣ ዓድታቱ፣ ወረዳድታቱ፣ ንኡስ ሃገራቱ ክገብር ንቓለስ። ነፍሲ ወከፍ ውድብ ነናቱ ፖሎቲካው መስመር ሒዙ፣ ክሳብ ሙሉእ ሓርነትን ፌደራላዊ ቑዋም ዝምራሕ መንግስቲ ዝትከል፣ ውድባዊ ንጥፈታትን መትከላትን ደው ኣቢልና ነዚ ፖሎቲካን እቲ ስሬገላ ቅድሚ ፈረስ ገርናዮ ዘሎና ኣብ ቦታኡ ንምለሶ። ህዝብና ክሰምዓናን ክኣምነናን ስልጣን ናብ ንኡሳን ሃገራት ኣውሪድና ከም ልምዲ ኣቦታትና ብብዓድናን፣ ኣውራጃናን ክተት ንበል። ንሕና መተካእታ ኣይኮናን መመላእታ ኢና። ንህቦ ዘሎና ራኢ ድማ ምስ ሙሉእ ኣኽብሮት እዩ። ሃገር ሓንቲ ጃልባ ኢያ፣ ኩልና ድማ ተጻዒናያ ከም ዘሎና ስለ ንኣምን ኣብ ዉሽጢ ተቓውሞ መን ካብ መን ይሓይሽ ዝብል ግዜኡ ዘይኮነ ውድድር፣ ክሳብ እታ ጃልባ ኣብ ምድሪ ትጸጋዕ፣ ደው ክብል ንጽውዕ ኣሎና። ከም ምንቕስቓስ ቐንዲ ስራሕና ነዚ ዕላማታት ሓምኤ ንህዝብና ምርዳእን ምንቓሕን ኢዩ። ኹሉ ሃገራዊ ነዚ መደባትና ይድግፎ ከም ዝኾነ ንርዳእ ኢና። እንተኾነ ከይበሃል፣ ካብ ውድባት ጸፍን ሳንን ኣውራጃዊ፣ ሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ክይመጽኦ፣ ሓኒኹን ፈሪሑን ዝኽይድ ዘሎ ህዝብና ቃልሲ ጸሊኡ ኣይኮነን። እዚ ክስገር፣ ተሓቢእካ ለይቲ ለይቲ ኣውራጃዊ ቀትርን ሃገራዊ ክተርፍ ቓልሲ ክነካይድ ኢና።

ነዚ ክንበቕዕ፣ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ እቲ ናይ ንኡሳን ሃገራት ባይቶ ክቕድም ንጽውዕን ኣሎና። ካብ ኩሉ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና፣ ምኽንያታትት ጸጥታን ካልእን ከም ኣፍ ዕንቑ ጸቢብዎ ዘሎ ልምዳዊ ኣባታዊ ኣወዳድባና ምስ ረኤን ሰምኤን ንፋሺቲ ባዕሉ ክብድሆ ኢዩ።

ሎሚ ኩሉ ዜጋ ርእሰ ተኣማማንነት ኣጉዲሉ ዘሎ ብሰንኪ ፖሎቲካና ምኽኑ ኩልና በሪሂና ኣሎ። ኣሕዋት ኣብ ዘይጠቅምን ዝጠቅምን ዝባእሱን ዝመንናጨቱን ዘለዉ ባይቶ ስድርኦምን ባይቶ ዓዶምን ሲኢኖም እዮም። እንበኣር ኣባላት ኪዳን ይኹኑ ኣብ ኪዳን ዘየለዉ፣ ንህዝብና ናብ መስኖ ድሕነት፣ ናብ ሱር ጉንዱ፣ ናብ ዋሕስ ዓወት ዝኾነ ውደኣባ ኣቦታትና ክንመልሶ ሎሚ ግዜኡ እዩ። ንኹልና ድማ ዝሓሸን ዝተመርጸን መንገዲ እዩ። ነቦናንን (ንኣዴናን) ንኽብርታቱን ንሓሉ፣ ኪዳን ዝያዳ ባህላውን፣ ሃገራዊ ፈደራልዊ ባይቶ ኮይኑ ህዝብና ካብ ሎሚ ንስልጣኑ ባዕሉ ክዓትሮ ቓልስታት ከካይድ ኩልና ንሓግዞ ንብል።

## 7.0 ብዕጥቒ ብረት ንዝቓለሳ ዘለኣዋ ውድባት፣

ወተሃደራዊ ስርሒታት፣ ሳዕቤናት እዮም ፣ ጠንቂ ግን ዲክታቶርያዊ  ጭቆና እዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ እዚ ስርዓት ንሰላም ዝተሓስመ ስለ ዝኾነ ኩሉ ሳዕቤናቱ ንሱ ንበይኑ ከም ዝሕተቶ ንኣምን። ምስ እዚ ኹሉ ግን ተሞኩሮ ኣፈታትሓ ግርጭት፣ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቓልሲ፣ ኣብ ሞንጎ ብረት ዝዓጠቓ ውድባት ከመይ ከም ዝነበረ ስለ ንዝክር፣ ሎሚ ድማ ካብ ክልተ ንላዕሊ ውድባት ነፍሲ ወከፈን ብናተን መትከላትን እምነታትን ዝሰልጠነ ወተሃደር ጽባሕ ጸረ ረብሓኡን መሰሉን ከይሰርሕ የፍርሓና እዩ። እዚ ስክፍታ እዚ ድማ ናይ ኩሉ ህዝብና ስክፍታ እዩ። እዚ ስክፍታ ውድባትን ርእይቶታትን ምብዛሕ'ውን ኣይኮነን። ብኣውራጃን ብብሄርን ብእምነትን ውድባት ሙቛም እውን ኣይኮነን። ውድብን፣ ወተሃደርን፣ ንሓጺር ግዜ ንመሰልና ክነረጋግጽ ንጥቀመሉ መሳርሒ እዩ። ህዝብን ሃገርን ግን ነበርቲ እዮም። ሓቂ እዩ ኩሉ ብሓንቲ ፊስካ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝተበገሰ ውድባት የብልናን፣ ኩለን ነናተን ርእይቶን ሕቶን ኣለወን። ነናቱ ታሪኽን ኣመጻጽኣ'ውን ኣለወን። ድሕሪ ሓደ ቻርተር ምሕንጻጽን ምጽዳቕን ምፍራምን ግን ቅድሚ ወተሃደርዊ ስርሒታት ምጽዓቑን ምንሃሩን፣ ማእከላይ ሕጊ፣ ናይ ምውህሃድን ምርድዳእን ክቅድም ኔይርዎ። ጎነጽ ዝመረጽና ወላ ነቶም ናትና ንብሎም፣ ንመስለና ክሳብ ክንደይ ዝቆረጽና ምኻና ንምርድእን ተጽዕኖ ንምግባርን ኢዩ። ቻርተር ድማ ሙሉእን ኣዕጋብን እዩ እኳ እንተዘይበልና ንግዜኡ ከወሃህደና ምተገብኤ። ጸረ ፋሺዝም ንቓለስ ዘሎና ብሕጊ ምቓይድ ስለ ዝኣበየናን መሰላትና ስለ ዝገፈፉናንን እዩ። ንሕና ድማ ብቐዳምነት ነቲ ብረትና፣ ብማእከላይ ፈደራላዊ ሕጊ ክመርሕ ክንፍቕድን ንሕጊ ክነቕድምን ከሎና ኣብ ቅድሚ ህዝብናንን ዓለምን ንመንነትና የድምቕ። እንበኣር ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ  ክሕግዝ ይኽእል ንብሎ ርእይቶና፣ እነሆ። ንሱ ድማ ሓደ ስታፍ፣ ወይ ስርሒት፣ ካብ ኩሉ ውድባት ዝተዋጽኤ ወይ ድማ ዓቕሚ ንዘልዎም ሃገራውያን ጸዊዕካ፣ ሓንቲ ሃገራዊት ፈደራላዊት ወተሃደራዊ ሽማግሌ ምቛም። እዚኣ ሃ.ፈ.ወ.ሽ. ብቐዳምነት ነቲ ሰፊሕ ሃገራዊ ፈደራላዊ ሓርነታዊ ግንባር ከም ዘለዎ ኣብ ውድባቱ ዝሓንጸጸሉ ቦታት ከም'ዚ ናይ ሕጂ ክንቐሳቐስ መሰሉ ምኻኑ ኣሚና ትብገስ። እንተኾነ ንክፍሊ ታዕሊምን፣ ኮነ ንውዳባ ህዝቢ ኮነ ጸቢብን ውድባውን ምምልማል ከይግበር ካሪኩሉም ትምህርቲ ትቕርብን ትከታተልን። ካብ ሎሚ ንጽባሕ ነቲ ፈደራላዊ ሃገራዊ ሰራዊት ዝወልድ ሰራዊት ክምልመል ድማ መደባት ትስርዕ። ተሞኩሮታትን ሓበሬታትን ተሰጋግር፣ ኣብ ኲናት ምትሕግጋዝን ሓበሬታን ክህሉ ትጽዕር፣ ሕቶ ዜናን ስለላን ካልእ ውድባት ብፍቓደን ዝሓስብዎን ዝህብኦን ሒዙ፣ ዋሕስነት ንናይ ጽባሕ ፈደራላዊትን ፍትሓውትን ሎሚ ኣማዕዲና ክንርእያ ምበቓዕና፣ ስክፍታታት ተኣሊዩ ድማ፣ ህዝብና ከም ቀደሙን ከም ባህሉን ጸረ ጨቛኒ ስርዓት ልቡ መሊኡ ይቓለስ፣ ነዚ ስክፍታ እዚ ድማ ከይሓባእናን ከይኣጋነናን ናብ ህዝቢ ክንቅርቦ ክትዕን ምርድዳእን ክግበረሉ ክንቓለሰሉ ኢና።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ ሕጂ'ውን ዝጸቐጠሉ ህዝቢ በብዓዱን፣ ወርድኡን፣ ንኡስ ሃገሩን(ኣውራጃኡን) ክውደብ፣ እሞ እቲ ንኡስ ሃገራዊ ፈደራላዊ ባይቶታት ክትከል፣ ኢዩ። ከም'ዚ ምስ ንገብር ኩሉ እቲ ናይ ጸላኢ ፕሮፓጋንዳታት መሬት ምዘበጠ። ህዝብና ድማ ንኹሉ ብሰላምን ብምክብባርብ ዘንብር ፈደራላዊ ቐዋም ብብንእሽቶ ማሃነጸ እሞ ነቲ ናይ ውድባት ምፍጣጥን ህልኽን ብቐሊልሉ ብባይቱኡ ኣማእኪሉ ምፍትሖ። ንመሰሉን ንግቡኡን ድማ ባዕሉ ምተቆጻጸሮ ምኽንያቱ ኩሉ ብኣፉ ደሞክራሲ ዝልፍልፍ ኣብ ዝለዓለ ስልጣን ምስ በጽሔ ሽፍታን ማፍያን ኮይኑ « እንታይ ትፈልጡ » ክብለና ዝእግሞ የሎን። ስለ እዚ ኣባላትን ብሄረሰባትን ናይ እዚኤን ውድባት ሎሚ ብስምኩምን ብሕቶ መሰልኩምን ዝድልድላን ዝነጥፋን ዘለኣዋ ጽባሕ ናይ ሸፋቱን ማፍያን መኸወሊ ከይኮና፣ ካብ ሎሚ ባህላዊ ኣመሓዳድራ ከተኣታትዋ፣ ተቓለስወን። ከም መድሃኒት ንፍትሒ ከም ድላየን ብማንካን ብጭልፋን ክዕድላና ኣይትጸበዩ። ስልጣን ንኹሉ ዘባዕልግ እዩ። ዋሕስ ክትገብሩሉ

ኣብ ባህልኹም ተመለሱ። ኩሉ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ ትሕቲ ውድባት ብድልየተን ዝመርጽኦ ሽማግሌን፣ሕግን፣ ተጠየቕቲ ዝግበረን ማእከላይ ሽማግሌ ክፍጸም ንጽዉዕ ኣሎና።

## 7.0 *መጻኢ ፕሮግራምና ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣*

- *ፖሎቲካዊ ብዝሕነትን፣ ነጻ ናይ ቁጠባ ዕድጋ፣ ናጻ ጽሑፍ፣ ነጻ ውደባ፣ ነጻ እምነት፣ ነጻ ምርጫ ውልቖ ሰብ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ፍትሒን፣ ፕሎቲካን ክሰፍን ንቓለስ፣*

- *ሓድነት ሕዝብና፣ ዘይንቕነቕን፣ ዘይፈርስን መታን ክኸውን፣ ካብ ሎሚ ኣብ ሙሉእ መሰልን ማዕርነት ደቂ ሰብ፣ ክንሃንጾ፣ ርእሰ ውሳኔ ኣብ ሃገራዊ ቁዋምና ክሰፍር ክንቓለስ፣*

- *ሕድገታትን፣ ምጽውዋርን፣ ምክብባርን፣ ንጎነጻታት ብሽምግልና ምፍታሕን ዝኣመሰሉ ክቡራት ውርሻታትና ብትምህርትን ሙዚቓን ትያትርን ካልእ መንገድን ክንዝርግሖም ምቕላስ።፣*

- *ኩሎም ዜጋታት ኣብ ውሳኔ መንግስቲ ተራ ክህልዎ፣ ተጸበይቲ ደሞክራሲ ዘይኮነ ባዕሎም ፈጸምቱ ክኾኑ ንምሕደራ ባይቶ ኣሕዋት ማለት ፈድራሊዝም፣ ኣብተን ነባራት ዓድታትናን፣ወረዳታትናን፣ኣውራጃታትናን፣ ቁዋማዊ ክኸውን ምቅላስ።*

- *መሬትን ማያትን ኣየርን፣ ብሕፈሻ ካባቢና ከይብከል እሞ ነስተንፍሶን ንበልዖን ንሰትዮን ከይስምም ምክልኻል፣ እንስሳታት ዘቤትን እንስሳታት ዘገዳምን፣ ዓሳታት ባሕርን፣ ኣግራብን ሳዕርን ከይጠፍኡ ምሕላው።*

- *እምነትን፣ ሕግታት ኣበዋትን ኣብ ምህናጽ ሞራል ዓቢ እጃም ስለ ዝጻወቱ ኣብ መንግስትን ኣብ ትምህርትን ቦታ ናይ ስራሕን ምምዓድን ክዋሃቦም ንቃለስ፣*

- *ንታሪኽና ዝይዳ ዋሕስ ዝኾኑን ንሓድነትና ዘድልድሉን ንቱሪዝም ዝሕግዙን ናይ ግዜ ቃልስን ጥንታውያን ቦታታት ምሕላዎምን ንመጽናዕቲ ምኽፋቶምን።*

- *ኣብ ዝቕደመን ዝድሓረን ቓልስና፣ ዝተሰዉኡ ክዝከሩን ክኽብሩን ምቕላስ፣ ንስድራ ቤታቶም ብዘይኣድልዎ ምጻር፣ ከምኡ’ውን ንስንኩላትና ብኽብርን ብቅብጥሮትን ምልዓል፣ ንተጋደልቲ ነበር ጥሮታን ክብርን ምሃብ፣ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቓልሲ ይኹን ኣብ ናይ ዶብ ግጭት ዝተሃስያ ዓድታት ቐዳምነት ሂብካ ምህናጸን፣ ቀዳማይ ምርጫ ፕሎቲካና ውሕስነት መግቢን ሕክምናን ትምህርትን እዩ። ንኩናት ዝተባቡዑ ትካላት፣ ምውጋድ። ቅድሚ ሕጂ ዝፈጠርዎ ሳዕቤናቶም ክፍወሱ ምቅላስ፣*

- *ሃገርና፣ምስ ጎረባብታን ምስ ኩለን ሃገራት ዓለምን ኣብ ምክብባርን ኣብ ምትሕግጋዝን ዝተመርኮሰ ጽቡቕ ዝምድና ክትገብርን፣ ኣብ ኢጋድን ብክፍለ ዓለምናን ዝግበር ቁጠባውን ባህላውን ቱሪዝምን መደባት ክምዕብል ክንቓለስ ኢና።*

- *ውልቐ መላኺ መመኽነይታት “ሃገርን” “ልኡላውነትን” ኢሉ ፋሺሽታዊ ባህርዩ ክሓብእ ዝተኮሶ ኵናት ናቱ እንበር ናይ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘይኮነ፣ ናይ ማያትን መሬትን ክርክር ምስ ጎረባብትና ዝተገብረ ከም ምንቕስቓስ ብዙሕ የጉህየና፣ ብሕግን ብሰላማዊ ኣገባብን ክፍታሕ ድማ ደው ንብል፣*

## 8.0 ኣገባብ ኣወዳድባ፣ *ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣*

*ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣብ ሜዳ ተቃውሞ ቅድሚ ምእታዉ፣ ሃገርና ኣብ ከመይ ዝበለ ጭቆና፣ፖሎቲካን ቁጠባን ባህልን፣ ተጸሚዳ ትርከብ፣ ዓሚቑን ጽኡይን መጽናዕቲ ኣካይዱ። እዚ ካልኣይ ሰውራ፣ ከም’ቲ ቐዳማይ ሰውራ ክዕወት፣ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዝንበር ህዝብና ክኣምኖን፣*

ክመርሑን፣ ክስዉኡሉን፣ ኣለዎ ኢልና ንኣምን። ናይ ደገ ሓይልና ደገፍን መቓልሕን እዩ። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ነዚ ናይ ዉሽጢ ህዝብና ዘላዕልን ተስፋ ዝህብን ቃልሲ ኣብ ደገ ከላዕል እዩ ዝደሊ። እቲ ልሙዳዊ ናይ ሱሳታት ኣገባብ ቓልሲ ንፋሺዝም ኤርትራ ከውድቆ ዘይሕሰብ እዩ። ዶክትሪን ናይ ፋሺዝም Doctrine of Fascism ብሰክቲዝም Sectism ይሰርሕ። ካብ ኩሉ ሃይማኖታትን ኣውራጃታትን፣ ገበነኛታት፣ ጫካናት፣ ተበለጽቲ፣ ርእሰ ተኣማንነት ዝጎድሎም ሰባት ይሓሪ እሞ ጉጅለታት ይፈጥር። እታ ሓንቲ ጉጅሌ ነታ ሓንቲ ትሕሉ። እዚኤን ጉጅሌታት ምሸት የቁመን ንግሆ ክፍንጥሓ ስለምታይ ዝብሎ የሎን።

ኩሎም መራሕቲ እዘን ጉጅሌታት ድማ ብደም ወይ ብስርቂ ኢዶም ከም ዝጽየቕ ይገብር። ብደገ ወረ ከይልሕኹ ማዓጹ ርጊጡ ሒዝዎ ኣሎ። ኩሉ ናይ ምእካብን ናይ ትምህርቲ ምሸታትን ዜናን ብዓይኒ ጥርጣሬ ከም ዝረኤ ስለ ዝገበረ፣ ንሓቲ ስራሕ ሓምሽተ ሰብ ከም ዝፍሩሙላ ይገር ኣሎ። ምስ እዚ ኹሉ ግን መሰለይ ዝበለ ህዝቢ መንደቕ ኣይክልክሎ ሰንሰለት ኣይኣስሮ ፈኸራን ታህዲድን ኣየፍርሖ ኢዩ። ጥራይ ራኢ ዘለዎ ፕሎቲካ ነቲ እዋናውን መጻእን ሽግራትና ድማ ዝፈትሕ ምንቕስቕስ ክንፈጥር እሎና። ስለ እዚ ሰልኺ ኣብ ዉሽጢ ጻላኢ ክንገብር ኣሎና። ነዚ ስርዓት ልብኻ ከፊትካ ምቕላስ ንርብሑ ከም ዝውዕል ስለ ዝገምገምና፣ ምስጢራዊ ቓልስን ውደባን እቲ ብ1958ዓም ብማሕበር ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፣ ብሓረካን ወይ ማሕበር ሾብዓተ ዝልለ ሜላ ቃልሲ ኣብ ዉሽጥን ኣብ ደገን ክነካይድ መሪጽና ኣሎና።

እዚ ድማ ኣባል ክኸውን እየ ዝበለ ኣይንውድብን ኢና፣ ኣባል ኮይኑ እንታይ ክሰርሕ ይኽእል ምስ ንፈልጥ ጥራይ ኢና ንውድብ፣ እንበኣር ኣብ ስራሕ ንውደብ ኣብ ስራሕ ንውድብ ብስራሕ ንዓብን ንዕወትን።

እዚ ቓልሲ ክነውሕ እዩ። ግን ዘየጣዕስ ዓወት ክኸውን፣ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ሓምላይ ምቕስቓስ ኤርትራ ተማሓላልፎ ሕድሪ ካብ ሓምሽተ ዘይበዝሑ ኣብ መትከላት ናይ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ይጽንበሩ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ናይ ርእሱ ነጻነት ሓልዩ፣ ንመትከላት ሓምላይ ምንቕስቓስ እሙንን ተግባራውን ክኸውን ብሃገራዊ ወይ ባህላዊ ወይ ድማ እምነታዊ ማሕላ ኣብ ቅድሚ መቓልስቱ ማሕላይ ይፍጽም። ምትእስሳር ምስ መርሕነት ብኸመይ ይኸውን ነቶም ዝምልከቶም ዝምልከት እዩ።

ሓምላይ ምንቕስቓስ ኣብ ደገ ክልተ ዓይነት ውደባ ከካይድ ኢዩ። ምስጢርውን ግህዶን ድማ እዩ። እቲ ግህዶ ክሳብ ፌደራላዊ ንኡስ ሃገር፣ ኣብ ስደት ዝነብረሉ ሃገር፣ ከቁዉም መሰል ኣለዎ። እዚ ግን ቅጥዕታት ከማልኦ ዘለዎ ኣለዎ። ብማእከልነት ፌደራላዊ መርሕነት ናይ ደገ ኸሓልፍ ኣለዎ።

እዚ ምስጢራዊ ውደባ ንብሎ ነቶም ገና  ኣብ ዉሽጢ ጻላኢ ዘለዉ፣ ብዝተፈላለየ ማሕበራዊ ሽግራቶም ብግህዶ ምውዳብን ምስራሕን ንዘይክእሉ ንምብጻሕን ንምውዳብን እዩ። ኩሉ ኣባል ምንቕስቓስ ግን በቲ ነሱ ዝመረጾ ኣገባብ ምስ ኣወሃሃዲት ሽማግሌ ክራኸብን ጸብጻብ ስራሕን ክህብን ሓዲስ ዕማም ስራሕ ክወስድን ይግደድ።

ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን፣ማእከላይ ምብራቕን፣ኣውስትራልያን፣ ኤሮጳን፣ ላዕላይ ታሕታይ ኣሜሪካ ኮይኖም ክሳብ ጉባኤ፣ ብግህዶ ትሰርሕ ኣብ ኣኼባታትን ኣብ ሜድያን ኣብ ሰሚናርን ተኻፊላ፣ ዕላማታት ምንቅስቓስ ተረድእን፣ ተተግብርን ግዝያዊት ሽማግሌ ማሕበር ኣብ ምህናጽ ኣሎና። ብቐዳምነት እቶም ሽማግለታትን ዓበይቲ ዓድን ተሞኩሮታት ዝሓቆፍኩም፣ ካብ ምህሮ ኣእምሮ፣ ትሽዓተ ብሄራትናን፣ ካብ ትሽዓተ ንኡሳን ሃገራትን (ኣውራጃታትን)፣ ካብ እምነታትናን፣ ሕሰምን ሽግርን ህዝብና ክተርህዉ፣ ንግሆ ዝተበገስኩሙሉ፣ ብዘየጣዕስ ክድምደም ግደ ክትጻወቱ ንጽዉዕ። ድሕሪ እዚ ዕላማታትና ኣብ መርበብ ምስ ወጽኤ ኣብ እዚ እምነታትና ክጽንበሩ ዝደልዩ ክንቅበል ምኺና ብትሕትና ነዥኻኽርን።

ብጾታ፣ ብሞያ፣ ብእምነት፣ ብዓዲ፣ ብብሄርን፣ ብንኡስ ሃገርን ተወዲቦም ዘለዉ፣ እሞ ምስ እዚ እምነታትና ዝሰምሩን ዝፈላልየና የሎን። ብፍላይ፣ ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዘሎኹም፣ ተበጊስኩም

ዘሎኹም፣ ንዕላማታት ናይ ሓምላይ ምንቕስቓስ ማእከላይ መዛመዲናን ናይ መጠረሽታ ዕላማናን፣ ትምህርትን፣ መነቓቕሕን ህዝቢ ክጥቀሙሉ፣ ናይ መሰልን ግቡእን ዓንቐጻትኩም መበገሲ ክትወስድዎ ንላቦ።

እዚ ዕላማታት'ዚ ክውሰኾን ክንከዮን ዝኽእል እዩ። እንተኾነ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ክቀርብ ካብ ሎሚ ርእቶታትና ነስፍሕን ንቀርብን። ክሳብ ውድባዊ ጉባኤና ግን እዚኦም ራእታት ክቅዩዱና እዮም። ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ ሓደስቲ ርእይቶታት ሒዛ ኣብ ሜዳ ፖሎቲካ ኤርትራ ትኣቱ ኣላ። ኣብ መድረኽ ምምስራትን ምህናጽን ስለ ዘላ ኩሉ ዜጋ ኣብ'ዚ ምንቅስቓስ ክጽንበር ብትሕትና ንጽዊዕ።

9.0 መን ኢና ?

ዝተጠለምና፣ ኣካለ ስንኩላት ብጥይት ሓውና ዝተደገምና፣ ኣብ ገዛእ ሃገርና ካልኣይ ዜጋ ዝተቖጸርና፣ሪሂጽና ከይንበልዕ ዝተሓረመና፣ ተመርዒና ዘይተሓጸና፣ ወሊድና ውላድና ዘይሰዓምና፣ ሞንኩስና ንነፍሳት ከይነድሕን ዝተኣገድና፣ ብኩቦን ብመቁነንን ንምገብ፣ ብዘይ መንቐሳቐሲ ወረቐት ኣብ መሬትና ዘይንነቓንቕ፣ ባራዩ ዲክታቶር ኮና ብስም ሃገር ንእስነትና ዝበሊ ዘሎ፣ ዝዓበና እካኣሎ፣ ዝነኣስና ዋርሳይን ዝብሉና፣ መሬትና፣ ገዛና፣ ትካልና፣ ዝተሃገረ፣ ደቅና፣ ኣብ ዶብ ረሺኖሞም ከለዉ 50ሺሕ ክፈሉ ንበሃል፣ እምነትና ዝተደፍረ፣ መራሕቲ ነፍሳትና ብዘይ ሕጊ ዝተረሸኑ፣ ዝተኣስሩ፣ ካብ ስልጣን ዝወረዱ፣ ካብ ስራሕ መንግስትን፣ ካብ ህዝባውን ሓርነታውን ሰራዊት ብዘይ መሰል ዝተጸልጸልና፣ ሕድሪ ሰዉኣትና ይተግበር፣ ቁዋማዊ መንግስቲ ይተኸል፣ ኢልና ብሰላማዊ መንገዲ ስለ ዝመጎትና ኣብ ኢሰብኣዊ ቤት ማእሰርትታቱ፣ ንሓቐቕ ዘሎና። ኣብ ስደት ዝኣረግና፣ ካብ 1959ዓ.ም ጀሚርና ገንዘብናን ሕወትናን ሕወት ደቅናን ዘይበቐቕና፣ ኣብ ኩለን ውድባት ዝነጠፍና፣ ንሰላምን ንፍትሕን ንሓልም ንነብር፣ ንስደት ሀ ሁ ኢልና ንጅምር ዘሎና፣ ብዘይኣፈላላይ፣ ደቂ ትሽዓተ ብሄር፣ ትሽዓተ ኣውራጃ፣ ንሓደ ኣምላኽን፣ ኣበዋታውን ንኣምን፣ ኣብ ዉሽጢ ሃገርን ኣብ ውጻእን፣ ንነብር፣ ብስራሕን ብጸሎትን፣ ሰላምን ፍትሕን ኣብ ሃገርና ክነግስ ንቓለስ ዜጋታት ኤርትራ ኢና። ዕላማታትና ድማ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝነበብኩሞ እዩ።

10.0 መደምደምታ፣

ክሳብ ሕጂ ብሞራልን ብምኽርን ብርእቶን ዝተሓባበሩኩምና ነመስግነኩም። ምስ ከም ናትና ርእይቶ ዘለዎም ሓቢርና ክንሰርሕን ክንወሃሃድን ቁርብነትና ንገልጽ።

ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ኣብ ግፍዔኛ ቤት ማእሰርትን፣ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ባርነት ንዘለዉ ሰራዊትን ኣብ ስደት ዝበልዩን ዝሳቐዩ ዘለዉ ደቂ ሃገርና ኣብ ጎንኹም ኣሎና ንብሎም። ሕዝብና እዚ ኹሉ ታህዲድን ማእሰርትን ቅትለትን ኣደራዕ ተሰኪሙ፣ ከይወተዳህለን ከይተንበርከኸን፣ መኣዝኑ ከይሰሓተን ጸኒዑን ብቆራጽነት ንዝቓለስ ዘሎ ንምጉሶ።

**"ሕቶ እንጌራን ሕቶ ሰላምን እቶ ቅሳነትን ጎደና ጽቡቕ ትንቢትን ራህዋን ስለ ዝኾኑ ይጽኑሑለይ ዘይበሃሉን ዘየላብውን ኢዮም"። ቃል ናይ ወጽኢ ሚንስተር ኤርትራ ሃይለ ወ.ትንሳኤ።**

ኣምላኽ፣ ንሰዉኣትና ዘለኣላማዊ ዕርፍቲ ይሃቦም ! ንኣና ድማ ሕድሮም ክንፍጽም ክሕግዘና ንልምኖ !
ነዚ ባና ክተልዕሉ፣ ሓገዝ፣ ምኽሪ፣ ነቐፈታ፣ ክትህቡ፣ ትደልዩ፣ በዚ ኣድራሻና ክትረኽቡና ንምሕጸነኩም።

Greeneritreans@gmail.com
ግዝያዊት ኣወሃሃዲት ሽማግሌ
ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራን ማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባብን
30-01-2009